ሰብ እንታይ እዩ፤

ብዘላለም መንግስቱ

ትርጉም የሴፍ ደስታ
Vancouver BC- Canada
2021

ሰው ምንድር ነው?

'ሰው መንፈስ ነው፤ ነፍስ ኅክው፤ በሥጋ ውስጥ ያድራል፤' ከሚለው ኑፋቁ መጽሐፍ ቅዱሳዊ ምካ

ዘካለም መንግሥቱ (© ፪ሺህ፤ ፫ ዓመተ ምኡረት)

ዓህን መጽሐፍ ባለቤትነቱን ላዓወለዱና ለሸያጭ ላያወኩ ጸሐፊውን በማላወቅ ማባዛትም ማሰራጨትም ዓፈቀዳል
የመጽሐፍ ቅዱስ ጥቅሶች በመኩ የተወሰዱት ነፐ፤፱፫፶፩ ዓ. ም. የኪትዮጵያ መጽሐፍ ቅዱስ ማኅበር
ነባላተመው የኅማርኛ መጽሐፍ ቅዱስ ነው።
የስፋን ገጽ ቅንብር፤ ዘመን ግሪፊነስ።

* * * * * *

What is Man?
A Biblical Response to the 'Man is Spirit Body' Heresy Zelalem Mengistu (© 2021)
This work can be reproduced and disseminated by only notifying the author, without claiming ownership and so long as it is not for profit.



መድረክ ዕዝራ
ለጌታ ቃል እና ለቃሉ ጌታ ታማኝ በመሆን
ezra forum
being true to the Word of God and the God of the Word

ትሕዝቶ

መእተዊ----------4
1).ሰብ እንታይ እዩ፧----------6
2).መንፈስ እንታይ እዩ፧----------13
3).ናይ'ቲ ስሕተት ምንጪ----------17
4).'ሰብ መንፈስ እዩ' ኣብ ሃገር ክጅመር ከሎን ሎምን----------20
5).ሃዋርያዊ ተሓድሶን እቶም ሓሙሽተ ቤት ጽሕፈትን----------25
6).ናይ 'ሰብ መንፈስ እዩ' ዓበይቲ ሓደጋታት----------27
*ሓደጋ ሓደ፡ መንፈስ ስለ ዝኾና ኣይንረክስን ኢና----------27
*ሓደጋ ክልተ፡ ንሕና ንኣሽቱ ኣማልኽቲ ኢና----------33
7).ቀዳሕቲ----------47
8).ስም ምጽዋዕ----------51
9).'ኣማልኽቲ ኢኹም'----------58
10).ናይ መለኮት ተኻፋሊ ምኻን መለኮት ይገብረና ድዩ፧---------67
ሀ.መለኮት----------68
ለ.ባህሪ----------70
ሐ.ተማቓልነት----------75
11).ካብ መንፈስ ዝተወለድካ ምኻን መናፍስቲ ይገብረና ድዩ፧----79
12).ካብ መንፈስ ክትዉለድ ዳግም ልደትን መንፈሳውነት እዩ-----90
13).ሰብ ምስሊ ኣምላኽ፡ መልክዕ ኣምላኽ----------101
14).ሰብ ብስእላዊ ሞዴል ክርኤ ከሎ----------103
15).ሰብ ኩለንትናኡ ነፍሲ ወይውም ኩለንትናኡ
መንፈስ ክብሃል ከሎ እንታይ ማለት እዩ፧----------107
16).መስሓትያን ንስሓ ክኣትዉ የብሎምን ድዩ፧----------116
17).መደምደሚ፡ ሰብ ሰብ እዩ፡ሎሚውን፡ ጽባሕ፡ ንዘልኣለም------122
*መግናዘቢ----------126
ብዛዕባ ጽሓፈ----------130

መእተዊ

ናይ'ዛ መጽሓፍ መበግሲ ኣብ 2017 ወርሒ ግንቦት ዝጽሓፍክዎ ኣብ እዝራ ናይ ኢንተርኔት መጽሄት ዝዘርጋሕክዎ፧ 'ሰብ መንፈስ ድዩ፧ ወይስ ሰብ እዩ፧' ዝብል ጽሑፍ እዩ።ነዚ ጽሑፍ ኣብ ዝጽሓፍኩሉ ግዜ እዚ ትምህርቲ እናተነገሐ ነበረ፧ ካብ ሓያለ ሰባት በዚ ጉዳይ ተሓቲተ፧ ሓደ ዝተጽሓፈ ነገር ኣብ ኢዶም ምእንቲ ክህልዎም ብምሕሳብ እዩ።ናይ መጀመርያ ጽሑፍ ድሕሪ ምጽሓፈይ ብርክት ዝበሉ ሕቶታት ኣበየ ግዚኡ እናተሓተትኩ ሓጺር ምላሽ ክህብ ዘኪሔ ኣለኹ።ናይ መጀመርያ ጽሑፍ ዝበጽሖም ሰባት



ሒደት ሸሕ ሰባት ጥራይ ስለ ዝነበሩ፧ ኣብ ማሕበራዊ ገጻት ምክፋል ኣድላይ ስለ ዝመስለኒ ብቪድዮ ኣብ ሸዉዓተ ተኸታታሊ ክፍልታት ኣዳሌ ኣቕረብክዎ።ብቪድዮ ዝቕረበሎም ገጻት ምንጪታት ኣብዚ መጽሓፍ ኣብ መጨረሻ መገናዘቢ ኣብ ዝብል ገጽ ይርከቡ።

ነቲ ቪድዮ ትምህርቲ መዘከሪ ጽሑፋት ከዳሉ ከለኹ ኣቑዲሙ ዝነበረ ጽሑፍ ብብዙሕ ወሲኽሉ ስለ ዝነበረ፧ ድማ ዝመለሰክዎም ሕቶታውን እናተወሰኾም እቲ ናይ መጀመርያ ጽሑፍ ስለ ዓበየ ብመጽሓፍ መልክዕ እንተ ቐሪቡ ንኻልኡት ክጠቕም ከም ዝኽእል ብምእማን በዚ መልክዑ እንደ ገና ቀሪቡ ኣሎ።እዚ ስራሕ ካብቲ ቪድዮ ቃል ብቓል ተወሲዱ ብመጠን ኣርትዖት ተገይርሉ እንደ ገና ዝተዳለወ እዩ።

ሓድ ሓድ ሕቶታት መልሶም ግሁድ ስለ ዝኾነ ዓሻ ሕቶታት ይመስሉ እዮም። 'ሰብ ሰብ ድዩ፧ ወይስ መንፈስ እዩ፧ ሰብ ሰብ ድዩ፧ ወይስ ሰብ

ወይስ እግዚሄር እዩ፧' ኢልካ ምሕታት ዕሸነት ይመስል።ምኽንያቱውን፧ ነገሩ ጉሁድ እዩ ያ! ይኹን እምበር፧ እዚ ሕቶ ምእንቲ ክሕተት ዘገድዱ ነገራት ክፍጠሩ ከለው፧ ሰብ ሰብ ኣይኮነን ዝብሉ ስሕተታት ክዝርግሑ፧ 'ሰብ መንፈስ እዩ፧ ሰብ እግዚሄር እዩ፧ ኣነን 'ኣብን' ሓደ ኢና፧ ኣነ እግዚኣብሄር ዓይነት እዩ' ዝብሉ ስሕተታት ክንገሩ ከለው፧ ሓቂ እናመሰሉ ክመጹ ከለው፧ ሻቡ ዓሻ ዘኾነ ሕቶ ምሕታት ግድን ይኸውን። 'ሰብ መንፈስ እዩ፧ ነፍሲ ኣለዎ ኣብ ውሽጢ ስጋ ይሓድር' ክብሃል ከሎ ምስማዕ ኣብ ወንጌላውያን ኣመንቲ ኣከባቢ ሓድሽ ኣይኮነን።

እዚ ናይ ኩሉ ዘመናውያን ስሕተት ምህሮታት ኣደ ዝኾነት ኣብ ውሽጢ ኣሜሪካ ዝተወለደ፧ ኣብኡ ኣብ ኣሜሪካ ጥብ ጠብዩ ዝዓበየን ኣብ ዓለም ዙርያ ዝተወንጨፈ፧ ሒደት ዘይኮኑ ሰባት ናይ ርእሶም ናይ ሓዳራ ውሉድ ብፍልጠትውን፧ ብዘይ ፍልጠትውን፧ ብስሕተትውን፧ ተታሊሎም ዝተቐበልዎ፧ ዘዕበይዎ ናይ ስሕተት ትምህርቲ እዩ።እዚ 'ሰብ መንፈስ እዩ፧ ነፍሲ ኣለዎ፧ ኣብ ውሽጢ ስጋ ይሓድር' ዝብሃል ነገር ናይ ቃል እምነት ስሕተት ዝተቓወሰ ሰነ ሰብእ እዩ።

ከምዚ ዝበለ መስሓትን ኣስሓትን ነገር ብምህላዉ፧ 'ሰብ እንታይ እዩ፧' ተባሂሉ ክሕተትን መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ሰብ መንነት ትምህርቲ ክገለጽ ኣለዎ።ኣብ ሃገርና እዚ ስሕተት ኣብ ምንዛሕ ዝተኣሳሰሩ ሒደት ሰባት እንተ ሃለው ውን ምንጩ ግን ንሶም ኣይኮኑን።ካብ መን ተቐዲሑ፧ ነዚ ክንርኢ ኢና።

እዚ መጽሓፍ ኣብ ቤት ማሕተም ኣይተሓተመን።ብፒ.ዲ.ኤፍ ብነጻ ክዕደል ዝተዳለወ እዩ።ብቪድዮ ዝተመሓላለፈ ተኸታታሊ ትምህርቲ ድምጺ ናብ ጽሑፍ ምስ ተቐየረ ምስ'ቲ ጽሑፍ ሓቢሩ ዝዝርጋሕ ብድምጺ (ኣውድዮ) ኣብ ምንባብ ዝተሳተፉ ሓያለ (ምሳይ ካልኡት 10 ኣሕዋት ኣሓትን ይርከቡ። ንሶም ድማ፧ ነቢይ መንገሻ፧ ተመስገን

ሳህሌ፡ ኮነ ፍሰሓ፧ ፈሸን መኮንን፧ ስንታየሁ ኣሰፋው፡ ሙሉቀን መለሰ፡ ስንታየሁ በቀለ፡ ርብቃ ላቀው፡ ራሄል ኣሰፋን ነቢየልዑል ኣፈወርቂ ፍሰሃ እዮም።።ንኹሎም ካብ ልቢ የመስግኖም፧ ጎይታ ብብዙሕ ይባር-ኽኩም።።

ስናይ ንባብ፧ ስናይ ምስማዕ

ዘላለም መንግሰቱ

ምዕራፍ 1
ሰብ እንታይ እዩ፧

‘ሰብ መንፈስ እዩ፥ ነፍሲ ኣለዎ፡ ኣብ ስጋ ይሓድር’ ናብ ዝብል ስሕተትን መምህራን ሓሶትን ብዛዕባ ዘቕርብዎ መስሓቲ ኣጠቓቕሳ ቅድሚ ምእታወይ እቲ ስሕተት ቅድሚ ምግላጸይ ግን ቀዳምነት፥ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትምህርቲ ብሓጺሩ ንመልከት። እዚ ዚጅምረሉ ትምህርቲ መደምደሚውን ክገብሮ እየ።

ሰብ እንታይ እዩ፧ ብሓጺሩ፥ ሰብ ሰብ እዩ።ሰብ ክፍጠር ከሎ ሰብ፥ ክነበር ከሎ ሰብ፥ ክመውት ከሎ ሰብ፥ ድሕሪ ምሟቱውን ሰብ፥ ኣብ ትንሳኤውን ሰብ ሰብ እዩ።እንተ ዘይፈሊጥና ንፍለጥ፥ ሰብ ሰብ እዩ። ሰብ ካብ ካልኡት ኣካላውያን ፍጡራት ካብ ኩሉ ዝልዓለ ናይ ፍጡራን ርእሲ ዝኾነ ፍጡር እዩ።ናይ ፈጣሪና ናይ እግዚኣብሄር መልክዕን ምስልን ምኻና ጥራይ ክንደይ ዝኸበረ ነገር እዩ! እዚ ሰብ ኮይና ብመልክዑ ከም ምስሉ ዝተፈጠርና ምኻና ልክዕና እዩ፥ ዘይነውሔ ዘይበዝሔ፡ ዘይንኣሰ፡ ዘይጎደለ ልክዕና።ሰብ ምኻና ብልክዕና ዝተሰርሐ መንነትና እዩ።ሰብ ክፍጠር ከሎ ሰብ፥ ኣብ ምድሪ ክመላለስ ከሎውን ሰብ እዩ።ቅድሚ ውድቀትን ድሕሪ ውድቀትን ናይ እግዚኣብሄር መልክዕን ምስልን ዝኾነ ሰብ እዩ፥ ዘፍ.1፡26-27፥ 2፡7፥ 9፡6።ድሕሪ ውድቀትውን ስርሓቱ ኣይቀየረን። ናይ ሰብ ሰብነት ወይውን መንነት ዘልኣለማዊ እዩ።ሰብ ንዘመን ጥራይ ዘይኮነ ንዘልኣለም ውን ሰብ እዩ።

ሰብ መንፈስ እዩ ዝብሉ ሰባት ዝተጋገዩ ምኻኖም ናይ ጅማረ ዝኾነ መጽሓፍ የረጋግጸልና።ሰብ ኣብ ውሽጡ መንፈስ ዘለዎ እምበር መንፈስ ኣይኮነን።ሰብ መንፈስ እንተ ዝኸውን ነይሩ፥ ገና ክፍጠር ከሎ እግዚኣብሄር፥ ንመንፈስ ብመልክዕና ከም ምስልና ንፍጠር ምስ በለ ነይሩ።ቃሉ ግን፥ ኣብ ዘፍ.1:26 እግዚኣብሄርውን በለ፥ “ኣምላኽ ክኣ፥

ብመልክዕና ሽም ምስልና <u>ሰብ</u> ንግበር፡ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኮሉ ለመምታን ይግዛኡ" (ንመንፈስ ኣይኮነን፧ ንሰብ እዩ)። ይብል። 'ንፍጠር' ዝበሎ ንመንፈስ ዘይኮነ ንሰብ እዩ።ጥቕሲ 27 ክኣ፧ *"ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ <u>ሰብ</u> ፈጠረ። ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ።ተባዕታይን ኣንስተይትን ገይሩ ፈጠሮም"* (ንመንፈስ ኣይኮነን፧ ንሰብ እዩ) ይብል። ብመልክዑ ዝተፈጠሩ ሰባት እዮም። ሰባት ሰባት እዮም፧ መናፍስቲ ወይውን መንፈሳት ኣይኮኑን።

ኣብ ዘፍ.2:7፧ *"እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ <u>ንሰብ</u> ካብ ሓመድ ምድሪ ገበሮ፡ ኣብ ኣፍንጫኡ ድማ ትንፋስ ህይወት ኡፍ በለሉ እሞ እቲ <u>ሰብ</u> ህያው ነፍሲ ኾነ"* (ንመንፈስ ኣይኮነን፧ ንሰብ እዩ) ።ይብል።እዚ ኣብዚ ዘፍ.2:7 ዝተገለጸ እቲ ኣብ ዘፍ.1:26-27 ዝተፈጠረ እዩ።ሰብ ኣብቲ ሸዱሸተ ምዓልታት ኩሉ ነገር ክፍጠር ከሎ ዝተፈጠረሉ፧ ዝተሰርሓሉ፧ መገዲ ምንጋሩ እምበር ካልእ ታሪኽ ኣይኮነን።ሓድ ሓደ መስሓትያን ነዚ ናይ ሰብ ኣፈጣጥራ ንባብ ከም ካልእ ፍጥረት፧ ከም ካልእ ስርሓት ገይሮም፧ ወይውን ድሕሪ ምፍጣሩ ካልእ ተወሳኺ ንጥረ ነገር ከም ዝተገጠመሉ ገይሮም ከቕርብዎ ይፍትኑ።ዘፍ.2:7 ናይ ዘፍ.1:26-27 ከሳትን መብርህን ጥራይ እዩ።ኣብቲ ሰብ ተፈጢሩ፧ ኣብዚ ድማ ሰብ እስትንፋስ ኡፍ ስለ ዝተባህለሉ ህያው ነፍሲ ኮነ ይብሉ።እዚ ስሕተት እዩ።እንተ ኾይኑ ውን፧ ሰብ ነፍሲ እዩ ማለት ነይርዎም እምበር፧ መንፈስ እዩ ማለት ክብሉ ኣይነበረሙን፧ እዚኦም መስሓትያን ነፍሲ ኣለዎ ኣብ ክንዲ ማለት "ሰብ ነፍሲ እዩ" ክብሉ ነይሩ ዝቐረቦም። ምኽንያቱውን፧ ሰብ ውን ህያው ነፍሲ ዘለዎ ኮነ። ስለ ዝብል።መንፈስ ሩኻ ወይውን ሩዋኽ እዩ ዝብሃል ብእብራይስጥ። ዘፍ.1:2 ዘሎ ናይ እግዚኣብር መንፈስ ዝብል םֹ֝לֱא חוּר ሩኻ ኤሎሂይም ወይውን ሩዋኽ ኤሎሂይም እዩ። ብኣምሓርኛውን ሩህ ንብል ኢና። ካብ'ዚ ዝመጸ እዩ። ህያው ነፍሲ ኮነ ዝብሎ ግን ኻያህ ኔፌሽ שֶׁפֶנ ה֫וּח እዩ። ብዕብራይስጥ ኔፌሽ ብኣምሓርኛ ነፍሲ እዩ።እዚውን ካብ'ዚ ዝመንጨወ

እዩ።ስለዚ ሰብ መንፈስ ኣይኮነን።ነፍሲ ውን ኣይኮነን።ሰብ ሰብ እዩ እምበር።

ካብ'ዚ ክፍሊ እንርድኦ ሰብ ወይውን ናይ ሰብ ኣፈጣጥራ ብመጀመርያ መንፈስ ተፈጢሩ እቲ መንፈስ ሲጋ ክጠብቖ ከሎ ኣይኮነን።ሰብ ካብ ሓመድ ተፈጢሩ ድሕሪዚውን ካብ እግዚኣብሄር ናይ ህይወት እስትንፋስ ኡፍ ክብሃለሉ ከሎ ህያው ነፍሲ ዘለዎ ክኸውን ከሎ እዩ። ነስተውዕል፧ ነፍሲ ውን ኣይተብሃለን፧ 'ህያው ነፍሲ ዘለዎ' ኮነ።ህያው ነፍሲ ዝበሎ እንታይ እዩ፧ ህያው ነብሲ ዘለዎ ሰብ።እቲ ዝተፈጠረ ሰብ እዩ'ሞ! ህያው ነብሲ ዘለዎ መንፈስ ኣይተብሃለን።ንሰብ ብዝምልከት 'መንፈስ' ዝብሎ ቃል በዚ ሰብ ዝተፈጠረሉ ታሪኽ ውሽጢ ጠቕላላ የለን።ስለዚ እቲ ናይ መጀመርያ ሰብ፧ ኣዳም እንታይ እዩ፧ እታ ናይ መጀመርያ ካብ ናይ ኣዳም ዓጽሚ ዝተሰርሐት ሰበይቲውን እንታይ እያ፧ ሰብ እያ።ሰበይቲ ሰብ፧ ብጾታ ሰበይቲ ዝኾነት ሰብ።

ዝምህሮ ዘለኹ ብዛዕባ ሰብ ሰብ-ነት፧ ወይውን ሰብ ሰብ ስለ ምኻኑ እዩ።ኣብ ላዕሊ ብዛዕባ ዓሻ ሕቶ ከም ዝበልክዎ ሓድ ሓደ ግዜ ክንገሩ ክሳብ ዘይግብኦም ግልጺ ዝኾኑ ነገራት ንኽንዛረብ ዝንብሩ ነቲ ግልጺ ዝስውሩ ሰባት እዮም።ሰብ ሰብ ምኻኑ ኣዚዩ ግልጺ ዝኾነ ሓቂ ኮይኑ ከሎ ንሰብ ሰብ ኣይኮነን፧ ሰብ መንፈስ እዩ ዝብሉ መስሓቲያን ኣቐዲሙውን ግልጺ ንዝኾነ ነገር እንደ ገና ንኽንዛረብ ይገብሩና። እዚኣም ሰባት ሰብ ሰብ ምኻኑ ግልጺ ኮይኑ ከሎ፧ 'ሰብ መንፈስ እዩ እምበር' ብማለት ጥቕሲ እናገመዱ እናሸናሸሩ ንሰብ የደናግሩ፧ የደንቁሩ። 'ሰብ መንፈስ እዩ' ክብሉ ከለው፧ ሰብ ሰብ ኣይኮነን ማለቶም እዩ።

ንሰብ መንፈስ ዘብልዎ ሰባት ካብ ኣፈጣጥርኡ ዝወሰድዎ ሓሳብ ብመልክዑን ምስሉን ዝተፈጠረ ምኻኑን እዩ።እዚውን፧ 'እግዚኣብሄር መንፈስ እዩ፧ሰብ ብመልክዑን ምስሉን ካብ ተፈጠረ ሰብውን መንፈስ

ክኸውን ኣለዎ' እዩ።መበገሲኡም መደምደምትኡምን ወይውን መዕረ-ፊኡም እዚ እዩ።ግን ብግልጺ ካብ ዝተጽሓፈ ሓቂ ንበገስ እሞ፧ እግዚኣብሄር ንሰብ እዩ ብመልክዕና ብምስልና ንፍጠር ዝበለ እምበር ንመንፈስ ኣይኮነን።ስለዚ እቲ ዝተፈጠረ ነገር፧ ማለትውን ሰብ፧ ናይ ፈጣሪኡ ምሳሌን መልክዕ ኣለዎ ማለት እዩ እምበር ንእሽተይ እግዚኣብሄር ኣይተፈጠረን፧ ሰብ እዩ ዝተፈጠረ።

መልክዕን ምስልን መንፈስነቱ እንተ ኾይኑ ድማ፧ እቲ ዝተፈጠረ ሰብ ኣካል ስለ ዘለዎ፧ ስጋ ስለ ዘለዎ፧ ቁስ ስለ ዝኾነ፧ ከምዚውን ኮይኑ ኣምሳል ስለ ዝኾነ፧ ናይ ኣምሳሉ፧ ናይ መልክዕን ምስልን ምንጪ ዝኾነ እግዚኣብሄርውን ኣካልን ቁስን እዩ ማለት እዩ፧ ወይውን ኣካልን ቁስን ክኸውን እዩ ማለት እዩ።ግናኸ እግዚኣብሄር ኣካል ኣይኮነን፧ ቁስውን ኣይኮነን።ስለዚ ናይ ሰብ መልክዕን ምስልን መንፈስነት ዘይኮነ ሰብ እና ሃለዎ ኣምላኹ ምምሳሉ እዩ።

ከመይ ኢሉ እዩ ዝመስለ፧ ብብዙሕ ዓውድታት እዩ፧ ሰብ ንፈጣሪኡ ዝመስል።ገዛኢ ምኽና፧ ፍልጠት ዝፈልጥ ምኽኑ፧ መንፈስ ስለ ዘለዎን፧ ምስ ኣምላኹ ርክብ ስለ ዝገብር፧ ወ.ዘ.ተ።ሰብ ክፍጠር ከሎ መንፈስ ዘይኮነ መንፈስ ዘለዎ ወይውን መንፈሳዊ ፍጡር እዩ። ሰብ ክፍጠር ከሎ ኣብ ውሽጢ ስጋ ዝሓድር መንፈስ ዘይኮነ፧ ኣብ ውሽጢ ስጋኡ፧ ኣብ ውሽጢ ሰብነቱ፧ ኣብ ውሽጢ ህያው ነፍስን መንፈስን ዘለዎ፧ ሰብ ዝተብሃለ፧ ሰብ ዝኾነ ፍጡር እዩ።ካብ ካልኡት ኣካል ካብ ዘለዎም ፍጥረታት ካብ ኩሉ ዝተፈለየ ምስ እግዚኣብሄር ርክብ ክገብር ዝኽእል፧ ምምላኽ፧ ንእግዚኣብሄር ምላሽ ክህብ ዝኽእል ፍጥረት ሰብ ጥራይ እዩ።ኣካል ካብ ዘለዎም ፍጥረታት ኩሉ ዝበልኩ መልኣኽቲ ካብዚ ውሽጢ እዚ ንምውጻእ እዩ። መልኣኽቲ መናፍስቲ ወይውን ኣካል ኣልቦ ፍጡራን እዮም።መንፈስ ማለት ብፍጥረቱን፧ ብትርጉምውን ረቂቕ፧ ኣካል ኣልቦ፧ ቁስ ወይውን ቁሳዊ ዘይኮነ ማለት እዩ።መንፈስ ቁሳዊ ኣይኮነን፧ ቁሳዊውን የብሉን።ሰብ መንፈስ እዩ ክብሃል ከሎ

ናይ'ዚ ትርጉም ተቓራኒ እዩ። ሰብ መንፈስ እዩ ማለት ቁስ የብሉን ኣካል የብሉን ማለት እዩ።እዚ ብርእሱ ተቓርኖ እዩ። ትምህርቱውን ስሕተት ዝገብሮ ሓደ ነጥቢውን እዚ እዩ።

ኣብ ላዕሊ ከም ዝርኣናዮ፧ እግዚኣብሄር ኣብ መጀመርያ መንፈስ ኣይፈጠረን፧ ኣዳም መንፈስ ኣይነበረን።ሄዋንከ፧ ሄዋንውን ዝተረኸበት ስጋ እምበር መንፈስ ኣይነበረትን። ናይ ሄዋን ኣፈጣጥራ ንመለከት፧ ዘፍ.2:23 ኣዳምውን በለ፧ *“እቲ ሰብኣይ ከኣ፧ እዚኣ ዓጽሚ ኻብ ኣዕጽምተይ፧ ስጋ ኸኣ ካብ ስጋይ እዩ፧ ካብ ሰብኣይ ተወሲዳ እያ እሞ፧ ሰበይቲ ትብሀል፧ በለ።”* እዩ ዝተብሃለ ።በቲ ቀዳማይ ጽሑፍ፧ *“ካብ ኢሸ ተረኺባ እያ እሞ ኢሻ ትብሃላ”*፧ እዩ ዝብል።ድማ፧ “እዚኣ ዓጽሚ ኻብ ኣዕጽምተይ፧ ስጋ ኸኣ ካብ ስጋይ እያ፧ እዩ ዝበለ እምበር መንፈስ ካብ መንፈሰይ እያ”ኣይበለን። እግዚኣብሄር ኣብ መጀመርያ መናፍስቲ ኣይፈጠረን። ሰባት እዩ ዝፈጠረ። ዓጽሚ ኻብ ኣዕጽምተይ፧ ስጋ ኸኣ ካብ ስጋይ ።

ሰብ ስጋን ዓጽምን ኣለዎ።ኣዳም ስጋን ዓጽምን እንተ ሃሊዎ፧ ሄዋን ስጋን ዓጽምን እንተ ሃሊዋ ኣዳምን ሄዋንን ሰባት እዮም እምበር መንፈሳት ኣይኮኑን።መንፈስ ስጋን ዓጽምን የብሉን።መንፈስ ስጋን ዓጽምን ከም ዘይብሉ ዝነገረና ጎይታ የሱስ ባዕሉ እዩ።ድሕሪ ትንሳኤ ነታ ዝተንስኣላ ምዓልቲ ናብ ኤማሁስ ዝኸዱ ዝነበሩ ምስ እኒ ቀለዮሳ ምስ ከደ፧ ናብ ገዝኡም ድሕሪ ምእታው፧ ድራር ሓቢሮም ክበልዑ ከለው፧ እንጀራ ቆሪሱ ክህቦም ከሎ፧ ኣዒንቶም ተኸፈታ፧ ፈለጥዎ ውን፧ ንሱውን ካብኣም ተሰወረ።(ሉቃስ.24:32)።እዚኣም ሰባት በታ ሰዓት ተንሲኡም ናብ ዮርሳሌም ተመለሱ፧ ምስ ተመለሱውን እቶም ዓሰርተ ሓደ ካልኡትውን ምስኡም ብሓባር ተኣኪቦም ከለው ብዛዕባ ምትንስኡ ከውርዩ ረኸብዎም እሞ እቲ ዝኾነ ኣዘንተውሉም።ካብ ጥቕሲ 36-39 ብቐጥታ ነንብቦ፦

“እዚ ኸዛራረቡ ኸለዉ ኸኣ፡ የሱሰ ባዕሉ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉ፡ ሰላም ናኣኻትኩም ይኹን፡ በሎም። 37 ንሳቶም ድማ መንፈስ ዘረኣዩ መሲልዎም፡ ፈሪሆም ሰምበዱ። 38 ንሱ ኸኣ፡ እንታይ ኼንኩም ኢኹም እትሰምብዱ፡ ከምዚ ዘበለ ሓሳብኽ ስለምንታይ ኣብ ልብኹም ይለዓል፧ 39 ኣነ ባዕለይ ምኳነይ ኣእዳወይን ኣእጋረይን ርኣዩ። ከምዚ ንኣይ ዘሎኒ እትርእይዎ ዘሎኹም፡ ንመንፈስሲ ሲጋን ዓጽምን የብሉን እሞ፡ ኣረምሲስኩም ርኣዩኒ፡ በሎም።”

መንፈስ ሲጋን ዓጽምን የብሉን እሞ፡ ኣረምሲስኩም ርኣዩኒ። ኣቐድም ኣቢልና ኣብ ዝርኣናዮ ኣብ ዘፍ.2:23 ኣዳም እንታይ በለ፧ ኣዳም ውን በለ፦ *“እቲ ሰብኣይ ከኣ፡ እዚኣ ዓጽሚ ኻብ ኣዕጽምተይ፡ ሲጋ ኸኣ ካብ ሲጋይ እዩ፡ ካብ ሰብኣይ ተወሲዳ እያ እሞ፡ ሰበይቲ ትብሀል፡ በለ” ሄዋን ዓጽም ሲጋን ነበራ፡ ዓጽምን ሲጋን ውን ዝተሰርሐ ካብ ኣዳም እዩ፡ ስለዚ ሄዋን ሲጋን ዓጽምን እንተ ነይርዋ ወይውን ስለ ዝነበራ መንፈስ ኣይኮነትን።ሲጋን ዓጽምን ድማ ዝተረኸበ ካብ ኣዳም እንተ ኾይኑ፡ ኣዳም ሲጋን ዓጽምን ኣለዋሞ ንሱውን መንፈስ ኣይኮነን።ሰብ መንፈስ እዩ ዝብሉ ሰባት ዝሓናኹሩ ዘባላሸው ገና ካብ መጀመርያ፡ ካብ ፍጥረት መጀመርታ እዩ ማለት እዩ።**

ካብ ናትና ካብ ርእስና መንነት ተላዒልና ናብ ድሕሪት ብምኻድ ንእኒ ብዓል ኣዳም ንፈትሽ እንተ ኢልና፡ እኒ ብዓል ኣዳም ክፍጠሩ ከለው ካብ ሓጢያትን ናይ ሓጢያት መዘዝ ዝኾነ ነገር ኩሉ እንትርፎ ልክዕ ከማና ዝበሉ እዮም።ንሕና ስጋ ኣለና ድዩ፧ እወ፡ ኣለና።ዓጽሚኽ ኣለና ድዩ፧ ብርግጽ ኣለና።እንትርፎ ዘይሕድናዮ። ንሕና መናፍስቲ ዘይኮና እኒ ኣዳምውን መናፍስቲ ስለ ዘይነበሩ እዩ።ስለዚ ሰብ እንታይ እዩ፧ ሰብ ሰብ እዩ። ሰብ፡ ሰብ እዩ።

ምዕራፍ 2
መንፈስ እንታይ እዩ፧

መንፈስ ዝብል ቃል ኣብ ብሉይ ኪዳን ብዙሕ ግዜ ተጠቒሱ ኣሎ።ናይ እግዚኣብሄር መንፈስ፧ ንመንፈስ ቅዱስ የርኢ። መልኣኽትን ኣጋንንትን ወይውን ርኹሳት መናፍስቲውን የመልክት።ናይ ሰብ መንፈስ ወይውን ኣብ ውሽጢ ሰብ ዘሎ መንፈስ የርኢ።ኣብ'ዚ እንካፈሎ ብዛዕባ ናይ ሰብ መንፈስ ስለ ዝኾነ ኣብ ልዕሊኡ ከነተኩር ኢና።

ሰብ መንፈስ ከም ዘለዋ እምበር ሰብ መንፈስ ምኻኑ ዝዛረብ ትምህርቲ ኣብ ውሽጢ ብሉይ ኪዳን ኣይርከብን።ናይ ሰብ መንፈስ ናይ ሰብ ውሽጣዊ መንነትውን የርኢ፧ መዝ.51:10፧ *"ዎ ኣምላኽ፣ ጽኑይ ልቢ ፍጠረለይ፣ ጽኑዕ መንፈስ ከኣ ኣብ ውሽጠይ ሓድሰ።"* ይብል።ኣብኡ ኣብ ጥቕሲ 17፧ *"መሰዋእቲ ኣምላኽ ሰቡር መንፈስ እዩ። ዎ ኣምላኽ፣ ንሰቡርን ቀጥቂጥን ልቢ ኣይትንዕቆን ኢኻ።"* ይብል።ክልቲኡም መንፈስን ልብን ብተመሳሳልነት ተጣሚሮም፧ ሓደ ነቲ ካልእ ብዘሃንጽ ኣጸሓሕፋ ቀሪቦም ኣለው።

ብሉይ ኪዳን ብዛዕባ ናይ ሰብ መንፈስ ይዛረብ፧ ክዛረብ ከሎ ግን ብዛዕባ ኣብ ውሽጢ ሰብ ዘሎ እምበር ሰብ ርእሱ መንፈስ ምኻኑ ኣይዛረብን እዩ።ዘይተዛረበ ድማ ቃላት ሓጺርዎ ወይውን ሓፊሩ ኣይኮነን።እቲ ሓቂ እዚ ስለ ዝኾነ እምበር፧ ምሳሌ 20:27፧ *"መብራህቲ እግዚኣብሄር መንፈስ ሰብ እዩ፧ ንሱ ንብዘሎ ውሻጠ ልቢ ይምርምሮ"* ክብል ከሎ፧ መንፈስ ሰብ ምኻኑን ወይውን ምስ ሰብ ማዕረ ነገር ምኻኑ ዘይኮነ ኣብ ዉሽጢ ሰብ ዝርከብ ምኻኑ ኣመላኻቲ እዩ።

ካልኡት ሓያለ ቦታታት ነዚ የርእዩ፧ መንፈስካ (ናትካ መንፈስ) ኣብ ልዕለይ ክልተ ዕጽፊ ክኸውን ይልምን ኣለኹ፧ ናይ ኤልያስ መንፈስ ኣብ ልዕሊ ኤልሳዕ ዓሪፉ እዩ፧ ናይ ኦሶር ንጉስ ናይ ፎሓን መንፈስ፧ ናይ ኦሶር ንጉስ ናይ ቴልጌልቴልፌልሶርን መንፈስ ኣተንሲኡ፧ ናይ ቂሮስ መንፈስ ኣተንሲኡ፧ እግዚኣብሄርውን ናይ ይሁዳ ሓለቓ ናይ ሰላትኤል ወዲ ናይ ዙሩባቤልን መንፈስ፧ ናይ ዓቢ ካህን ናይ ኢዮሴዬቅን ወዲ እያሱ መንፈስ፧ ናይ ዝተረፉ ኩሉ ህዝቢ መንፈስ ኣተንስኤ ወ.ዘ.ተ ክብል ከሎ፧ ኤልያስ፧ ፎሓ፧ ቂሮስ፧ ዘሩባቤል ወ.ዘ.ተ ሰባት እዮም፧ እቲ መንፈስ ናይ'ቲ ሰብ ወይውን ኣብ ውሽጢ እቲ ሰብ ዘሎ እዩ።ናይ እገለ ኣብ ዝብል ውሽጢ 'ናይ' ዝብል ኣመልካቲ ነቲ ብዓል ቤት ዘርኢ እዩ። እቲ ሰብ ርእሱ መንፈስ ምኻኑ ዘይኮነ እቲ መንፈስ ናይ'ቲ ሰብ ምኻኑ ኣመልካቲ እዩ።ሰብ መንፈስ ምኻኑ ብሉይ ኪዳን ኣይዛረብን እዩ።

ብሉይ ኪዳን ማለት እኮ ሰብ ዝተፈጠረሉ ታሪኽ ዘለዎ ናይ መጽሓፍ ቅዱስና ክፍሊ እዩ።ኣብዚ ናይ ፍጥረት መጽሓፍ ሰብ መንፈስ ምኻኑ ዘይኮነ መንፈሱ ኣብ ውሽጢ ሰብ ናይ ዘሎ ወይውን ዝርከብ ምኻኑ ኮይኑ ኢና እንረኽቦ።ሰብ መንፈስ እንተ ዝኽውን ነይሩ ብሉይ ኪዳን ኣዕሪዩ፧ጋእጋእ ከይበለ እዚውን ናይ ሎሚ መጺኡም ክሳብ ዝፈትሑልና ምስጢርን ሕቡኡን ገይሩ ዓሺጉ ከይቕመጠልና፧ ብግልጺ ቋንቋኡ ሰብ መንፈስ እዩ ምስ በለና ነይሩ።ብሉይ ኪዳን ግን ግልጺ እዩ።

ቁሩብ ወሲኽና ንምርኣይ፧ ዳን.7:15፧ *"ኣነ ዳንኤል፣ መንፈሰይ ኣብ ውሽጢ ሰጋይ ሰምበደ፣ እቲ ራእዮት ርእሰይ ከኣ ኣጨነቐኒ።"* ይብል፧ እዚ መንፈስ ትርከበሉ የርኢ። ዘካ.12:1 ክኣ፧ *"ጸር ቃል እግዚኣብሄር ብዛዕባ እሰራኤል። እቲ ንሰማያት ዘዘርግሐ፣ ንምድሪ ድማ ዝሰረታ፣ ንመንፈስ ሰብውን ኣብ ውሽጢ ዝደኮኖ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣለ፣"* ይብል።ናይ ሰብ መንፈስ ኣብ ውሽጢ ዝሰርሑ እምበር ናይ ሰብ ፍጥረት ታሪኽ ዝርኮቦ ዝኾነ ብሉይ ኪዳን ንናይ ሰብ መንፈስ

ብኸምዚ እዩ ዝገልጾ።።ኣብ ብሉይ ሓደ ግዜውን እንተ ኾነ ሰብ ሰብ እምበር መንፈስ ኮይኑ ኣይተጽሓፈን።።ናይ ሰብ መንፈስ ኣብ ውሽጡ ዝርከብ ናይ መንነቱ ክፍሊ እዩ።።

ኣብ ሓድሽ ኪዳን ውን ሰብ መንፈስ እዩ ተባሂሉ ኣይተነገረን።።ሮሜ. 1:9፧*"እቲ ብወንጌል ወዱ ብመንፈሰይ ዘገልግሎ ኣምላኽ ይምሰክረለይ እዩ።።"*ይብል፧ "ብ" ዝብል ኣተሓሓዚ ዘርእዩ ሰብ ባዕሉ መንፈስ ምኻኑ ዘይኮነ መንፈስ ኣብ ውሽጡ ሰብ ዘሎ ምኻኑ እዩ።።

ኣብ 1ቈሮ.2:11፧ *"እቲ ኣብኡ ዘሎ መንፈስ እንተ ዘይኰይኑ፡ ኣብ ሰብ ዘሎ ነገር ዚፈልጥ እንታዋይ ሰብ እዩ፧ ከምኡውን መንፈስ ኣምላኽ እንተ ዘይኰይኑ፡ ነቲ ኣብ ኣምላኽ ዘሎ ሓደ እኳ ዚፈልጦ የልቦን።።"* ሰብ መንፈስ ዘይኮነ ኣብ ውሽጢ ሰብ ኣሎ እዩ ዝብለና።። 'እቲ ኣብኡ ዘሎ መንፈስ እንተ ዘይኰይኑስ'፧ 'ኣብ' ዝብል ኣተሓሓዚ ዘርእዩ ሰብ ርእሱ መንፈስ ምኻኑ ዘይኮነ መንፈስ ኣብ ውሽጡ ሰብ ዘሎ ምኻኑ እዩ።።

2ቈሮ.2:13፧ *"ንቲቶስ ሓወይ ሰለ ዘይረኽብክዎ፡ ንሳቶም ኣሰንዮምኒ ናብ መቄዶንያ ወጻእኩ እምበር፡ ኣብ መንፈሰይ ዕረፍቲ ኣይነበረንን"* ።። መንፈሰይ ክብል ከሎ፧ ናተይ መንፈሰይ ማለቱ እዩ።።ኣብ ውሽጠይ ዘሎ መንፈስ ማለቱ እዩ።።መንፈስ እሱ ምኻኑ ዘይኮነ መንፈስ ኣብ ውሽጡ፧ ኣብ ውሽጢ እቲ ሰብ ምህላው እዩ ዝዛረብ።።

ኣብ 1ተሰ.5:23፧ *"ኣምላኽ ሰላም ባዕሉ ኸኣ ንኹለንትናኹም ይቕድሶ፡ ቡቲ ምጽኣት የሱስ ክርስቶስ ብዘሎ መንፈስኩምን ነፍስኹምን ሲጋኹምን ብዘይ መንቅብ ኪርከብ ይተሓሉ"*።።ጳውሎስ ዝጽሓፈሉ ቋንቋ እዚ ሓሳብ፧ ኩለንትናኹም ምሉእ ብምሉእ ወይውን ፈጺሙ ዝብሎ ብሓንሳብ እዮም ተጻሒፎም።።ኩለንትናኹም ዋላ ሓንቲ ከይተረፈ ማለት እዩ።።እዚ ዘርእዮ መንፈስ፧ ነፍስን ሲጋን፧ "ኩለንትና-

ኹም” ዝተብሃለ ኣብ ውሽጢ ናይ ሰብ መንነት ዝተኸተቱ ክፍልታት ምኻኖም እምበር ሰብ መንፈስ ምኻኑ ነፍሲ ዘለዎን ኣብ ውሽጢ ስጋ ዝሓድር ምኻኑ ኣይርእይን እዩ።

ምዕራፍ 3
ናይ'ቲ ስሕተት ምንዉ

ናይ'ቲ ስሕተት ትምህርቲ ምግላጽ ንሕለፍ።እሞኸ'ድኣ እዚ ሰብ መንፈስ እዩ ዝብል ትምህርቲ ካበይ እዩ መጺዩ፧ ንምንታይ'ከ መጺዩ፧ ኣብ ላዕሊ እዚ ስሕተት ሰባት ናይ ርእሶም ናይ ሓደራ ውሉድ ዝገበርዎ ናይ ስሕተት ትምህርቲ እዩ ኢለ ኣለኹ።ኣብ ምዕራባዊ ዓለም እዚ ስሕተት ዝጸንሐ እዩ።ብዙሕ ዓሰርተታ ኣቐጺሩ እዩ። ኣብ ሃገርናውን ዓመታት ኣቕጺሩ እዩ።ሱር ከይሓዘ ዝሓረረ ዝጠፍኤ መሲሉ እምበር ኣቐዲሙ ኣቢሉ ዘርኡ ዝተዘርኣሉ ግዜ ነይሩ፧ እዚ ዳሕራይ ከነልዕሎ ኢና።

ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ኣብ ውሽጢ ሓደ ከረጺት ዝተነኽነኹ ሕሙማት ዝኾኑ ኣዚዮም ዝኸፍኡ ምህሮታት ኣለው።እቲ ከረጺት ናይ ቃል-እምነት ወይውን Word Of Faith ይብሃል።ቃል እምነት ቃል ውን ዘይኮነ፧ እምነት ውን ዘይኮነ መርዚ እዩ።ሕማም እዩ።ደቂ እዩ።ነዚ ዝቐበልዎ ድማ መፈሳውያን ደቂታት እዮም።ቃል እምነት ዝብልዎ ነገራት፧ 'ቃልካ ኣሚንካ እንተ ኢልካዮ፧ ዚደለኻዮ ነገር ምፍጣር ይክኣል እዩ።እግዚኣብሄርውን ባዕሉ ከማን ዝፈጠሮም ፍጥረት ክፈጥር ከሎ ቃሉ ከም ዝፈጥር ይኣምን ነይሩ፧ እምነት ነይርዎ' ይብሉ። እግዚኣብሄር ውን እኮ ኣብ ልዕሊ ቃሉ ይኣምን ነይሩ ይብልኹም! ይርኣየኩም ኣሎዶ፧ እግዚኣብሄር ክእመን! ምእማን ብካልእ ካብ ርእሰኻ ንላዕሊ ብዝኾነ ነገር ምድጋፍ እዩ።እግዚኣብሄር ብኻልእ ካብኡ ዝበለጸ ነገር ክእመን ይርኣየኩምዶ፧

ናይ ቃል-እምነት ስሕተት ምህሮ ናይ ብልጽግና ወንጌል ክኣ ይብልዎ።ብሓቂ፧ ናይ ብልጽግና ወንጌል ናይ ሰስዔ ወንጌል ወይውን

Gospel Of Greed ተባሂሉ እቲ ሓቀኛ ሰም ኣብ ዝተፈጠረሉ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ዝተዉሃቦ ሰሕተት እዩ።ኣነ፧ “ናይ ኣኻኺባ ገበን” ኢለ እየ ዝጽውዮ።ንሶም ናይ ብልጽግና ወንጌል ይብልዎ እምበር ኣዚውን ካብ ክልቲኡ ዝጸረየ ደቂ እዩ።ርግጽ እዩ፧ ኣይንረስዕ ዝብልጽጉ ኣለው፧ ኣኻዕቡቲ፡ ኣከብቲ፡ ገፋፈጢ ይብልጽጉ እዮም።ኣብ ሃገርና ኣብ ቀረባ ዝፈልፈሉ እንተ ወሲድና፧ ንመንበሪኦም ክራይ 70 ሽሕ ንወርሒ ይኸፍሉ፧ ንኣንስቶም ናይ 10 ሚሊዮን ብር መኪና ልክዕ ከምቲ ማርማላታ ካብ ድንኳን ከም ዝገዝኡ ይገዝኡ፧ ክልተ ዓመት ቀረጽ ብዘይተኸፈለሉ ዘይተፈተሸ ገንዘብ ናይ 100 ሚሊዮን ብር ቤት ይገዝኡ እዮም።እዚኦም ናይ ሃገርና ጉድ እዮም ኣብ ኣሜሪካ ዘለው ገዛ ሰልቺዎም ናይ መዛወሪ መርከብን ኣውሮፕላንን ይገዝኡ።ህዝቢ ህዝቢ ምእንቲ ከይንሸትት ኢሎም እዮም ነዚ ዝገብሩ።ህዝቢ ህዝቢ ምእንቲ ከይሸትቱ! ኬነት ኮፕላንድ ምስ ሓደ ዓርኩ ክዛረብ ከሎ ከምዚ ኢልዎ ነይሩ፧ምስ Bunch Of Demons ሓቢርና ክንጉዓዝ የብልናን። ምስ ሓደ መጓሰ ዲያብሎሳት ሓቢሮም ምእንቲ ከይጉዓዙ፧ ብናይ ግሊ ኣውሮፕላን ይበሩ።በልጺጎም! እንታይ ይግበሩ! ንነገሩ ነቶም ኣጋንንቲ ፈሪሑም ዘይኮኑ ኣብ ውሽጢ እታ ኣውሮፕላን ደቂ ጎይታ ዝኾኑ ቅዱሳና ሰለ ዘይጠፍኡ፧ ንዕኡ ሰለ ዝፈርሑ እዩ።ናይ ብልጽግና ወንጌል ይብልዎ። ‘ናይ ብልጽግና ወንጌል’ ወይውን ናይ ብልጽግና ገበን የበልጽግ እዩ፧ ነቶም ገፋፊጣ።

‘ናይ ጥዕና ወንጌል’ ውን ይብልዎ።ቃል እምነት ናይ ብልጽግና ወንጌል፧ ናይ ጥዕና ወንጌል።ንኽፋእ መልክዑ ብሰም ምድግጋፍ ይፈልጡሉ እዮም።ንኽንደይ ሰብ መድሃኒቱ ክድርቢ ገበሩ፧ እናቐተሉ፧ ንሞት እናቃልዑ ናይ ጥዕና ወንጌል! ድማ ኽኣ፧ ባዕሎም ይሓሙ እየም፧ እዚኦም መናፍስቲ ኢና ዝብሉ ከይተረፉ ሓድ ሓደ ግዜ ይሰበሩ'ዮም፧ ብጆሶ ብፋሻ ተኣሲሮም ይርኣዩ፧ ድፍር ዝበሉ እዮም ዝርኣዩ።እምበር ብዙሓት ተሓቢኦም እዮም ዝሕከሙ።ኣኻኺቦም እቶም ዝበልጸጉ ንኸይርኣዩ ናብ ደገ እናኸዱ ይሕከሙ። መንፈስ እንተ

ዝነብሩ ነይሮም እኮ መንፈስ ዝሓምም ነገር የብሉን እዩ'ሞ እዚ ጸገም ኣይምስኮነን ነይሩ።ክሓሙ ከለው ዝሕብኡ ምሕማሞም ውን ዝኽሕዱ ስለ ዝሓፍሩ እዩ።

ሰብ ሰብ እዩ'ሞ ብሓጢያት ድሕሪ ምውዳቑ ዝተኸሰተ መዘዛት ክረኽብዎ ይኽእሉ።ካብ እዚኣም መዘዛት እቲ ቀንዲ ሞት እዩ።ናብ ሞት ዝወስድ ጎደና ድማ በዚ እዩ።ምእራግ ንባዕሉውን ናይ ውድቀት መዘዝ፧ ናይ ሓጢያት ጠንቂ እዩ።ፈራታት፧ ሕማማት፧ ሓደጋታት ክኽሰቱ ይኽእሉ እዮም።ዝኾነ ሰብ ካብ'ዚ ኣይምልጥን እዩ፧ ብፍላይ ሞት፧ ከም ኤልያስ ወይውን ከም ሄኖክ እንትርፎ ተነጢቑ።ንምንታይ፧ ሰብ እዩ ያ! ናይ ጥዕና ወንጌልውን ከም ናይ ብልጽግና ወንጌል እዩ፧ ጥዕና ወንጌልውን ዘይብሉ ሕማም እዩ።

ምዕራፍ 4
“ሰብ መንፈስ እዩ” ኣብ ሃገርና ክጅመር ከሎን ሉምን

ናብ ሰብ መንፈሳት ክንመጽእ ከለና፥ ነዚ ብዓል ጸገም፥ ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን ሕሙም ትምህርቲ ኣብ ሃገርና ካብ ንእሽተይ ክሳብ በጽሒ፥ ብቁልዕነት ውን፥ ብዕሸነት ውን፥ ብፈሊጥካ ጽላለ ዝዘርኡ ሓደት ኣይኮኑን።

“ቅድም ሰብ መንፈስ ኣይኮነን፥ ሰብ መንፈስ ነፍሰን ስጋን እዩ ኢለ ኣስተምሂረ ነበርኩ።ቅድም ኣብዚ ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበርኩሉ ግዜ ማለት እዩ።ሰለዚ ምስ ፈለጥኩ ግን ሓሳበይ ቀይረ ኣለኹ” (ሃይሉ ዮውሃንስ)

“ሰብ መንፈስ እዩ፥ ነፍሲ ኣለዎ ኣብ ውሽጢ ስጋ ዝነብር እዩ” (ዶክተር ቶሎሳ ጉዲና)

ቅድም ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ሰብ መንፈስ፥ ነፍሲ፥ ስጋ እዩ ዘለዎ ዝበለ ሃይሉ ዮውሃንስ ናብ ኣሜሪካ ድሕሪ ምኻዱ እዚ ትምህርቲ ካበይ ረኺብዎ፧ ግልጺ እዩ፥ ካብ ኣሜሪካ እዩ ረኺብዎ።ኣብ ውሽጢ ኣሜሪካ ነዚ ዘስተምህሩ ሰባት ይህልውዶ ይኾኑ፧ ዝተወለደሉ ኣበይ ኮይኑ ድኣ፧ ሃይሉ ዮውሃንስ ኣብ ሓደ እዋን ሓደ መንፈሳዊ ኣቦ ከም ዝርእዮ ዝተዛረበሉ <u>ኬነት ኮፕላንድ</u> ናይ’ዚ መምህር እዩ።ሰለዚ ናይ’ዚ ናይ ሃይሉ ዮውሃንስ፥ ‘ሰብ መንፈስ እዩ’ ትምህርቲ ምንጪ ኮፕላንድ እዩ ማለት እዩ።ኬነት ኮፕላንድ ድማ ትምህርቱ ዝቐድሖ ካብ ኦራል ሮበርትሰን ኬነት ሃገን እዩ።

ከም ናይ Word Of Faith ወይውን ናይ ቃል እምነት ኣቦ ዝቐጸር Kenneth E.Hagin: Man On Three Dimension ኣብ ዝብል መጽሓፉ ኣብ ገጽ 8 ከምዚ ይብል፦

"Man is a spirit who possesses a soul and lives in a body. Man's spirit is that part of him that knows God. He is in the same class with God because God is a Spirit and God made man to fellowship with Him. God made man for His own pleasure. Man is not an animal. In order to fellowship with God, man must be in the same category with God. Therefore, just as God is Spirit, so is man spirit." [1]

ናይ'ዚ ጥቕሲ ናይ መጀመሪያ ዓረፍተነገር፧ Man Is Spirit Who Possesses A Soul And Lives In A Body ይብል።ሰብ መንፈስ እዩ፧ ነፍሲ ኣለዎ፧ ኣብ ውሽጢ ሰጋ ድማ ይሓድር ወይ ይነብር ማለት እዩ።እዚ ቀመር እዞም ናትና ዝፈጠርዎ ኣይኮነን።ዝቐድሕዎ እዩ።ሃገን ባዕሉ ውን ትምህርቱ ዝረኸቦ ካብ E.W.Kenyon እዩ።ኬንየን ድሕሪ ምሟቱ ድሕሪ 21 ዓመታት ብመገዲ ወዱ ተኣኻኺቡ ብዝተሓተመ The Bible In The Light Of Our Redemption ኣብ ዝተብሃለ መጽሓፉ፧ ገጽ፧ 17-18 ከምዚ ይብል፦

"The spirit is the real man, created in the image of God . . . Your body is not you. Your mind is not you. You have a mind which you use. You possess a body which you use. Your mind and body are merely the instruments of your spirit, the real YOU. " [2]

ከም ናይ ኬንየን ትምህርቲ፧ 'The Real You' ዝብሎ እቲ ሓቀኛ ሰብ መንፈስ እዩ።ካልኡት ነገራት ኩሉ ናይ'ዚ መገልገልገሊ እዮም።

ኣብ ሃገርና እዚ ዝተለኽፈ ትምህርቲ ካልኡት ውን ኣለው።ካብ ሓደስትን ናይ ቅድም ዝጸንሑውን።ፓስተር ቀሺ ዶክተር ቶሎሳ ጉዲና፧ ኣብ ናይ ብስራት ብዚየን ጉባኤ፧ 'ሰብ መንፈስ እዩ፧ ነፍሲ ኣለዎ ኣብ ውሽጢ ስጋ ድማ ይነብር' ክብል ከሎ፧ ብዘሎ እቲ ጉባኤ ብፈስካን ጣቕሚት ከመይ ከም ዘቃልሑ ዘገርም እዩ። 'ንምንታይ ብጣቕሚት ኣቃሊሑ' ተባሂሉ እንተ ዝሕተት፧ 'እነ ሄለ! እቶም ገዳይምውን ይኣምንሉ እዮም! ንኣሽቱ ጥራይ ዘይኮና፧ እነ ሄለ! ኣቦታት ውን ይኣምንሉ እየ። ህጻናት ጥራይ ዘይኮና' ዝብል የምስሎ፧ ይመስል።

ብሓቂ ንገዲም እኮ ኬነት ኮፕላንድ ባዕሉውን ኢሉ እዩ፧ ኮፕላንድ ኣብ መፋርቕ ሰማንያታት ዝርከብ ዓቢ እዩ፧ ሸማግለ እዩ፧ ገዲም እዩ፧ ንዕኡ ምስክር ምግባር ይኽእሉ እዮም እኮ ከምቲ ሃይሉ ዮውሃንስ ዝገበሮ።እኒ ኬነት ሃገን ክጽዉው ይኽእሉ እዮም'ኮ ብህይወት ዋላ እንተ ዘይሃለዉ ከም'ዚ ዘሰራሰሮም ካብ ሃገር ካብ እቶም ናይ ቅድም ሓደ ሰለ ዝረኸቡ እዩ።

ሓድሽ ሃዋርያዊ ተሓድሶ (NAR) ኣብ ዝብሃል ምንቅስቓስ ዝተቐለዉ እኳ ፓስተር ቀሺ ዶክተር ቶሎሳ ሓዊስካ ሒደት ዘይብሃሉ ሓበሻውን እዮም።ገለ ገሊኦም ናይ ቅድምን ዓበይትን ዝብሃሉ ናይ እዚኦም ሓደስቲ 'ኣቦታትን' ወርሓዊ ተቐራጺ ዝውሃቦም ተኸፈልቲ እዮም። ብስርዓት 'ኣቦ' ወይውን ኣሰልጣኒ፧ Mentor እናተብሃለ ዕሸር ዝኽፈሎም ተጠወርቲውን ኣለው።እቶም ከፈልቲ ክኣ ናብ ናይ ውሽጢ ነገራቶም እናእተው ከይሕምሰዎም ኣዚዮም ኣይቀርብዎምን፧ ብገደብ የርሕቐዎ፧ ንሶምውን እቲ ክፍሊት ክሳብ ዘይተረፈ ጸቕጢ ኣይገብርሎምን።ገለ ገሊኦም ድማ ኣሰልጠንቲ ዘይኮኑ ነቲ ዕለት

ዝኾነውን ዘይቲ ሒዞም ዝዘሩ ቀባእቲ እዮም።ንሶምውን ተኾፈልቲ እዮም።ካልኡት ድማ ኣብ ኣደባባይ ኣይዛረቡን፧ ኣይጽሕፉን፧ ኣይሰልጥኑን፧ ኣይቀብኡን እምበር ይኣምዎ። ጥራይ ከምዚ ናይ ፓስተር ቀሺ ዶክተር ቶሎሳ ኣብ መድረኽ፧ ኣብ ኣደባባይ ብድፍረት ርእሱ ዝገልጽ ሓደ ክርከብ ከሎ የሰራስር፧ የዝልልን።ስለዚ እኒ ብስራትን ጉባኤኡን ብሓጎስ እንተ ተሰራሰሩ ኣይገርምን እዩ።

ኣብ ሃገርና፧ ‘መንፈስ ኢና’ ዝብሉ ሰባት ብናትና ኣቆጻጽራ ኣብ 1970 ሰብዓታት መጨረሻን ኣብ ሰማንያታት መጀመርያ ተላዒሎም ነበሩ። ሽዑ ኣነ ሓድሽ ክርስትያን ስለ ዝነበርኩ ከም ዝብሉ ኣለው ክብሃል ከሎ እየ ዝሰምዕ ነይረ።ድሓር ኣብ ናትና ቤተ ክርስትያን ውን ተቐልቂሉ።እዚኣም ሰባት ዝኾነ ዓይነት ኣካላዊ ጸገም (ስእነት፧ ሕማም ካልእውን) ከጋጥሞም ከሎ ሰምዕታ ከቕርቡ ከለው የላገጸሎም ነበሩ። ክሓሙ ከለው መንፈስ ከመይ ገይሩ ይሓምም፧ ይብሃሉ ነይሮም።ክዳና ኣይኣርግን፧ ንሕናውን ኣይንኣርግን፧120 ዓመት እዩ እንነብሮ ይብሉ። ኣይንመውትን ኢና ዝብሉ ውን ነበሩ፧ ከማን ከይሞትኩ ከም ኤልያስ እየ ዝንጠቕ ዝበለኒ ነይሩ። ግን እናኣረጉ ብዙሓት ካብኣም ድማ ሞይቶም እምበር!

ኣብ’ቲ ዘመን መናፍስቲ ስለ ዝኾኑ ኣይንመውትን ኢና ካብ ዝብሉ ንሞት ካብ ዝኾሕዱ ሓደ ኣብ ኣዋሳ ናይ ክብሩ ወንጌል ናይ ዝብሃል ቤተ ክርስትያን መጋቢ ዝነበረ ሰብ እዩ፧እዚ ሰብ ናይ ገዛ ርእሱ ወዱ ክሞቶ ከሎ ነቲ ዝኽሓዶ ሞት ኣብ ገዝኡ ከም ዝኣተወ ምእንቲ ከይፈለጥ ነቲ ሬሳ ናይ ወዱ ኣብ ሓደ ክሻ ጠቕሊሉ ክሓብኦ እናኾደ ከሎ ጥቂር ውሃ ኣብ ዝብሃል ኬላ ካብ ኣዋሳ ብሸነኽ ሰሜን ኣብ ዝርከብ ተተሓዚ ነበረ።ኣብ’ቲ ግዜ ንክርስትና ሕፍረት ዝኾነ ዝተዘርግሐ ዜና ነበረ።እዚኣም ሰባት ሽዑ ብዙሕውን ኣብ ሃገርና ካብ ዘይፍለጥ ቃል እምነት ስሕተት ስሚያም ንሓንቲ ቀንጢሶም ወሲዶም ብናይ ርእሶም ለቢቶ ኣብኪያም ኣባዚሖም ነይሩ ነዚ፧ ‘ኣይንሞውትን

ኢና' ዝብል ስሕተት ዝነዝሑ።በዚ ትምህርቲ ዝተለኸፉ ብዙሓት (ብዙሓት ዘይኮኑ ብምልኦም ማለት ይክኣል) ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ትምህርት፧ ዝጽየፉን ዘነኣእሱን፡ ካብ ትምህርቲ ቃሉ ዝጸረዩ፡ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ትምህርቲ ቤት ትምህርቲ ኣቲኻ ክትምሃር ዝንዕቹ፡ ባዕሎም ውን ኣቲዮም ዘይተምሃሩ ሰባት እዮም።

ኣብ ሃገርና እዚ 'ሰብ መንፈስ እዩ፧ ሰብ ኣምላክ እዩ፧ ኣነ ኣብን ሓደ ኢና' ትምህርቲ እንደ ገና ሕጂ ዝፍለጠሉ መልክዑ ዝተነዝሐ ቀንድን ሓድሽ ትቦን ዝኾነ ሃይሉ የውሃንስ እዩ። *"ቅድም ሰብ መንፈስ ኣይኮነን፧ ሰብ መንፈስን ነፍስን ሲጋን እዩ ኢለ የስተምህር ነበርኩ ቅድም ኣብ ኣትዮጵያ ኣብ ዝነበርኩል ግዜ....ሕጂ ሰብ መንፈስ እዩ፧ ነፍሲ ኣለዎ፧ ኣብ ሲጋ ይሓድር ኢለ ኣለኹ።" ማለቱ ኣቑድም ኣቢለ ተዛሪበ እየ [3] እዚ ዝበሎ፧ 'ተጋግየ ነይረ ሕጂ ኣሪመዮ እትብሎ ነገር ኣለካዶ፧' ተባሂሉ ብጋዜጠኛ ንዝተሓተቶ ክምልስ ከሎ እዩ። ይገርም እዩ! ነቲ ቅኑዕ ትምህርቲ ስሕተት፧ ነቲ ዝስሓተ ድማ ቅኑዕ ክኸውን ከሎ ናይ ምስሓትን ንኻልኡት ምስሓትን ምስጢር ወለል ኢሉ ይርኤ።**

ምዕራፍ 5
ሃዋርያዊ ተሓድሶን ሓሙሽተ አፈሳትን

ሰብ መንፈስ እዩ ዝብል ናይ ስሕተት ምህሮ ዝተዓቐረሉን ዝቕድሓሉን ምንጪ ኣለዎ።ዝስሓቱን ዘስሕቱን ሃዋርያትን ነቢያትን ዝብሃሉ ኣብ ሓድሽ ሃዋርያዊ ዳግም ስሪሕት (New Apostolic Reformation-NAR) ወገን ውሽጢ ዘለው ሰባት እዮም። 'ሓሙሽተ ቤት ጽሕፈት' ኢሎም ናይ ሃዋርያትን ነቢያትን ኣገልግሎት ዘድንቑን ዘዋዓዉ፧ ዝብልዎን ዝብልዎን እዮም።The Five Fold Ministry ውን ይብሃል። ኣብዚ ነዚ ነጥቢ ነልዕል፧ ንምንታይ ሓሙሽተ ኮይኖም፧ ናይ ሓሙሽተ ቤተ ጽሕፈታት ናይ ንግዲ ፍቓድ ካብ ኤፌ.4:11 ዝተወሰደ እዩ።ንምንታይ ሮሜ.11:6-8 ተወሲዱ ሽውዓተ ዘይኮነ፧ ወይውን ከም 1ቈር.12:12-28 ንምንታይ ሸሞንተ ቤት ጽሕፈታት ኣይኮኑን፧ ሓደ ሰብ ሓደ ነገር እንተ ጀሚሩ ንዕኡ ምቅላሕ ዝተለመደ መገዲ እዩ። ሓደ ሰብ እቶም ሓሙሽተ ቤት ጽሕፈታት ኢሉ ጀሚሩ ድሕሪኡ ካልኡት ድማ ምቅላሕ እዩ።

እቶም ሓሙሽተ ቤት ጽሕፈታት ዝብሃል ነገር ዝተጀመረ ካብ እቲ ሓድሽ ጴንጠቆስጣውያን (Neo Pentecostalism) ምስ መንግስቲ ሕጂ (Kingdom Now) ን ናይ ምግዛእ ሰነ-መለኮት (Dominion Theology) ተጣሚሩ እዩ። እዚኦም ሓሙሽተ ቤት ጽሕፈታት፧ ብፍላይውን ካብ እዞም ሓሙሽተ ክልተ ሃዋርያትን ነቢያትን ናይ'ዚ ዘመን ቤተ ክርስትያን መሰረት ተገይሮምውን ካሳብ ዝቑጸሩ በጺሖም እዮም።ሓደ ክንርስየ ዘይብላ ነገር፧ ናይ ቅድም መሰረት ከም ዘይፈረሰን ሕጂውን ኣብ ቦትኡ ዘሎ ምኻኑ እዩ። ሓድሽ መሰረት ኣይሰረትን

እዩ።ኣብ ላዕሊ እዚ መሰረት ንሃንጽ፥ ንሃንጽ እምበር ሓድሽ ናይ ሃዋርያትን ነቢያትን መሰረት ኣይንሰርትን።እቲ መሰረት ኣቐዲሙውን ተሰሪቱ እዩ።

ናይ ዘመና ሃዋርያትን ነቢያት ናይ ስሕተት መሰረታት እዮም እምበር ናይ ሓድሽ ኪዳን መሰረት ኣይኮኑን፥ ኣብ ኤፌ.2:19-20፥ *"እምብ-ኣርሲ ንስኻትኩም ኣብቲ የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እምኒ መኣዝኡ ዝኾነ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን እተነደቕኩም..."*ዝብሎ ንሶም መሰረታት ምኻኖም ዘይኮነ ንሶምውን ርእሶም ዝተሰረቱሉ ከውሒ ምህላው ዘርኢ እዩ።እቲ መሰረት ተሰሪቱ እዩ፥ *"ብዘይ እቲ ሰሩት መሰረት፥ ንሱ ኸኣ የሱስ ክርስቶስ፡ ካልእ መሰረት ሓደ እኳ ኽሰርት ዚኽእል የልቦን እም፥ ኣነ ኸምቲ እተዋህበኒ ጸጋ ኣምላኽ ብልሓተኛ ሃናጺ ኾይነ ነቲ መሰረት ሰረትኩ፡ ሓደ ካልእ ከኣ ኣብ ልዕሊኡ ይሃንጽ። ነፍሲ ወከፍውን ከመይ ገይሩ ኸም ዚሃንጽ ይጠንቀቕ።"* (1ቆሮ.3:10-11)። እቲ መሰረት የሱስ እዩ፥ ኣኸለ።ኣይኮነን የሱስ ዘይኮነ ነቢያትን ሃዋርያትን እዮም ከም ኤፌ.2:20 እንተ ተባሂሉ ውን እዚውን ተወዲኡ እዩ፥ እቶም ነብያት ንዘወክልዎ ኣብ ብሉይ ኪዳን እቶም ሃዋርያት ዘወክልዎ ኣብ ልዕሊ ሓድሽ ኪዳን ተሰሪትና ኢና።ናይ ዘመና ሃዋርያትን ነቢያትን ናይ ስሕተት መሰረታት እዮም እምበር ናይ ሓድሽ ኪዳን መሰረታት ኣይኮኑን።

ምዕራፍ 6
ናይ 'ሰብ መንፈስ እዩ' ዓበይቲ ሓደጋታት

ኣቐድም ኣቢሉ፧ 'ሰብ መንፈስ እዩ' ዝብል ሕቶ ዓሻ ሕቶ ከም ዝመስልን ግን ናይ ግድን ሓድ ሓደ ዓሻ ሕቶታት ምቕራቦምን መልሲ ምሃብ ውን ኣድላይ ብምኻኑ ናይ ግድን ምኻኑን እቲ ሕቶ ክልዓል ኣገዳዲ ዝኾነ ዝስሓተ ናይ ቃል እምነት ናይ ስሕተት ሰነ- ሰብእና (Word Of Faith Anthropology) ምኻኑ ርኢና።እቲ ጥዕና ዘለዎ ትምህርቲ ሰብ ሰብ ምኻኑን እግዚኣብሄር ኣብ ሻድሻይ ምዓልቲ ዝፈጠሮ መንፈስ ዘይኮነ ሰብ ምኻኑ፧ ኣዳምን ሄዋንን መናፍስቲ ዘይኮኑ ሰብ ምኻኖምን፧ ሰብ መንፈስ ወይውን መንፈስ ሰብ ዘይምኻኑ ርኢና ኢና።ሰብ መንፈስ ምኻኑ ዘርኢ ሓደ ውን እንተ ኾነ ኣብ ናይ ብሉይ ኪዳን ክፍሊ ዘይምህላውን መንፈስ ኣብ ውሽጢ ሰብ ዝነብር ናይ መንነቱ ክፍሊ ምኻኑን ዘርእዩ ብቑዓት ጥቕሲታት ርኢና ኢና።ናይ ስሕተታቱ ምንጪ ክንምርምርን ክንፍትሸን ስሕተቱ ዝተወለደ ኣብ ኣሜሪካ ምኻኑን፧ ናይ ቃል-እምነት መምህራን ዝበተንዎ ትምህርቲ ምኻኑን፧ ናይ ቃል-እምነት ካብ ኬንየን ናብ ሃገን ዝኣምሰሉ፧ ካብ እኒ ሃገንን ንዕኡ ዝኣመሱሉን ናብ እዚኦም ናትና ሃይሉ የውሃንስ ንዕኡ ዝኣመስሉን ዝመጸ ደዊ ምህሮ ምኻኑ ርኢና ኢና።

ቀጺሉ እዚ፧ 'ሰብ መንፈስ እዩ' ዝብል ስሕተት ክልተ ዓበይቲ ሓደጋታት ንርኤ፦

ሀ.ሓደጋ ሓደ-መንፈስ ሰለ ዝኾና ኣይንረክሰን ኢና

እቲ ናይ መጀመሪያ ሓደጋ፧ 'ሰብ መንፈስ እንተ ኾይኑ ብሰጋኡ ካብ ዝገብሮ ርኽሰት መንፈሱ ዝተሓተመት እያ እሞ ኣይረኽባን እዩ፧ ኣይትረክሰን እያ።' ዝብል ርድኢት እዩ።እዚ ገለ ገሊኦም ኣይስተም-

ህርዎን እዮም።።ገለ ገሊኦም ድማ ብጋህዲ ኣይምህርዎን፧ ብተግባር ግን ይነብርዎ፧ የደፋፍርዎውን። ከተፋጥጦም ከለኻ ውን ፍጹም ኣያኣም-ንዎን። ገና ካብ መጀመሪያ ምዕተ ዓመት ጀሚሩ ዝነበረ ግኖስቲሲዝም ዝተብሃለ፧ ሲጋን ነፍሰን ወይውን ሲጋን መንፈስን (ኣካላውን መንፈሳ ውን መንነት ማለት እዩ) ነጻጺሉ ብምርኣይ ክርኤ ምግባርን ዝሰልጠነ ትምህርቲ ነበረ። ኣካላዊ ክፉእ፧ እቲ ረቂቕ ዘይርኤ ግን ሰናይ ናይ ምግባር፧ ንሰብ ዝምልከት ንሲጋ ርኹስ፧ ነፍሰን መንፈስን ሰናይ ናይ ምግባር ትምህርቲ እዩ።።ግናስቲካውያን ንዝተፈላለዩ ነገራት ናይ ርእሶም ምህሮታት ኣለዎም፧ ካብ ተራ መስርዕ ሰብ ዝልዓለ ዝበለጸ ፉሉይ ፍልጠት ዝተጎናጸፈ ከም ዝኾነ ውን የስተምህሩ።።

ግኖስቲካውያን ንሰብ ዝምልከት ትምህርቶም፧ መለኮታዊ ብልጭታ ወይውን መንፈስ በዚ ቁሳዊ፧ ሲጋዊ ኣካል ውሽጢ ኮይኑ፧ ልክዕ ቤት ማሕዩር ውሽጢ ከም ዘሎ ተጸሚዱ ጅሆ ተታሒዙ፧ ተኣሲሩ ተቐሚጡ ኣሎ።። ካብ'ዚ ክፉእ ቤት ማሕዩር ወይውን ቤት ማእሰርቲ ውሽጢ ክወጽእውን ይጽዕር፧ ዝብል ዓይነት እዩ።።ከም ምህሮ ግኖስቲሲዝም ነፍሰን መንፈስን ሰናይ ሲጋ ግን ርኹስ እዩ።።በዚውን ንሓጢያት ናይ ሲጋ ጥራይ ናይ ምግባር ዝንባለ ኣለዎም።።

ኣብ ላዕሊ ከም ዝበልክዎ ናይ ዘመና ሓደስቲ ግኖስቲካውያን ናይ ሓጢያት ቀይዲ በተኽ ገለ ገሊኦም ኣይስተምህሩን እዮም፧ ገለ ገሊኦም ብጋህዲ ኣይምህርዎን፧ ግን እቶም ዘስተምህርዎ ሰባት ወይውን ዘስተምህርዎም ሰባት ኣመላልስኦም ትምህርቶም ይገልጾ እዩ።።መልኽቲ 1ዮው.ዝተጽሓፈ ነዚ ኑፋቔ፧ ንክልቲኦም ዓውድታት ስሕተታት ምላሽ ከም ዝኾነ ይእመን።።ኣብ ውሽጢ 1ዮው.እዚኦም ክልተ ነገራት፧ ፍልጠት ስለ ዝብልዎ ነገርን ሓጢያትን ንዝምልከት ኣጸቢቕ እዩ ዝጽሕፈሎም።።ፍልጠት ኣለና እናበሉ ምእንቲ ከይኮርውን ሓጢያት ድማ እናደፈሩ ምእንቲ ከይገብሩ፧ ምእንቲ ከይለማመዱ ኣጥቢቕ የተሓሳስቦም።።እዚኦም ክልተ ቃላት ፍልጠት ወይውን ምፍላጥን

ሓጢያት ዝብሉ ቃላት በዚ ውሽጢ መልእኽቲ እንተ ንፍትሽ ብሰፊሑ ዝተነገረሉ ጉዳይ ኮይኑ ንረኽቦ።

ሰብ መንፈስ እዩ ዝብሉ ሰባት ሓደገኛ ትምህርቲ መንፈስ ስለ ዝኾና ብስጋ ዝግበር ሓጢያት ፍቓዱ ናይ ምሃብ ዝንባለ እዩ።እዚ ስጋ ቀፎ ወይውን ግዚያዊ ኣድራሻ ጥራይ ገይርካ ምስትምሃር ገለ ገለኦም ናይ ቃል-እምነት ስዓብቲ ሰብነት መሕደሪ ጥራይ እዩ፧ ተሰካሚ ጥራይ እዩ፧ ድንኳን ጥራይ እዩ፧ ግዚያዊ መጽለሊ ጥራይ እዩ፧ እንረስሓሉ ቱታ እዩ፧ ቡቲ ቱታ ኮይና ከንከራርው ከለና ስጋና ኣየርስሕን እዩ ይብሉ። ንስጋ እንገብሮ ሓጢያት ንስጋና የረክሶ፧ ንነፍስና ኣይብክላን፧ ብፍላይ ንመንፈስና ኣይትንክፋን እዩ፧ መንፈስና ብምዓልቲ ምድሓን ዝተሓ-ተመት እያ፧ ኣይትርከብን እያ፧ ኣይትብጻሕና እያ፧ ናብ ዝብል ድፍረት ሓጢያት ውን ይዕድምዎም፧ ንሓጢያት ይደፍሩ፧ የድፍሩን።እዚ ናይ'ዚ ዝተጣመመ ትምህርቲ ሓደ መዘዝ እዩ።ኣብ ኣደባባይ እንተ ድኣ ምሂሮም ብጋህዲ ስለ ዝወገዙ ብተግባር እዩ ንኻልኡት ዝተፈነወ፧ ዝተፈትሔ ዝተዛነየ ህይወቶም ምሳሌነት ብምርኣይ እዮም ዝሰዕብዎም።

እዚ ግን ምፍናዉ ዘይኮነ ከም ልብኻ ድሌትካ ምኻን እዩ።እዚ ግን ዝተዛናኸ ማለት ዘይኮነ ሰዲ ምኻን እዩ።2ጴጥ.2:18-19፧ *"ከንቱ ዝኾነ ዘረባ ትዕቢት እናተዛረቡ ብፍትወት ሲጋን ብርኽሰትን ነቶም ካብቶም ብስሕተት ዚነብሩ ሕጂ ቕሩብ ዘምለጡ ይሕባብሉ፧ 19 እተሳዕረ ሰብ ነቲ ዝሰዐሮ ባርያኡ ይኹኖ እዩ እሞ፧ ንሳቶም ንርእሶም ባሮት ጥፍኣት ክነሶም፧ ሓራ ኽትወጹ ኢኹም እናበሉ፧ የተሰፍውዎም ኣለዉ።"* ዝብሎ ናይ እዚኦም መምሃሪን ሓሶት ዓይነት እዩ።ንዓለምን ስጋን ዘይሰናበቱ ብዙሓት መንእሰያት ብቐሊሉ ዝሰዕብዎም በዚ ዝወረደ ከም ድሌትካ ምኻን ናይ ኣነባብራ መገዶም እናተስሓቡ እዩ። እዚኦም ሰባት ንዓለም ብዛዕባ ምኽሓድ፧ ንፍቓድ ስጋ ዝተገዛእካ ዘይምኻን፧ ብዛዕባ ቅድስና፧ ርእስኻ ብዛዕባ ምኽሓድ፧ ብዛዕባ መስቀል

ምጻር፧ ብዛዕባ ደቀመዝሙርነት፧ ብዛዕባ ሓጢያት ወ.ዘ.ተ ዘይሰብኩ በዚ ምኽንያት እዮም።

ርግጽ እዩ፧ መጽሓፍ ቅዱስ ስጋና መሕደርን ቤተ መቕደስን ይብሎ እዩ፧ ዱንኳንውን ይብሎ እዮ፧ እዚ ማለት ግን ከም ናይ ሚካኢክ ክዳን ማለት ግን ኣይኮነን።ሚካኢክ ምሉእ ምዓልቲ ክሰርሕ ዉዒሉ ናይ ስራሕ ክዳኑ ረሲሑ ናይ ውሽጢ ክዳኑ ከይረስሐ፧ ወይውን ኣካሉ ከይረስሐ ናብ ቤቱ ክምለስ ይኽእል እዩ።ሓጢያት ግን ኣብ ስጋ ይግለጽ እምበር ምንጩ ስጋ ኣይኮነን።ካብ ውሽጢ ልቢ'ዩ ዝምንጩ ። *"ንሓዉ ዚጸልእ ዘበለ ዅሉ ቐታል ነፍሲ እዩ። ቀታል ነፍሲ ዘኽነ ዅሉ ድማ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣብኡ ኸም ዘይትነብር፡ ትፈልጡ ኢኹም።"* (1ዮሐ .3:15)። ክዳን ኣይስንዶን እዩ፧ እቲ ዝስንዶ ትሕቲ እቲ ክዳን ዘሎ መንነት እዩ፧ እቲ ልቢ ዝብሃል ነገር እዩ፧ *"ኣነ ግና ንሰበይቲ ኸብህጋ ዚጥምታ ዅሉ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመወ፡ እብለኩም ኣሎኹ።"* (ማቴ.5:28)።እንተ ኢሉ ቅድሚ ምዝማው ዝኾነ ነገር ኣሎ።ምርኣይን ምምናይ።ክዳን ኣይምነን እዩ፧ ዝምነ እቲ ትሕቲ ክዳን ዘሎ መንነት እዩ።ስለዚ ስጋ ናይ ሚካኢክ ክዳን ኣይኮነን።

ሓጢያት ካብ ክዳን ናብ ሰብነት ዘይኮነ እቲ ክውን ካብ ሰብነት፧ ካብ ውሽጢ፧ ካብ ልቢ ናብ'ቲ ክዳን ዝመጽእ ነገር እዩ።ማርቆስ.7:20-23፧ *"በለ ድማ፡ እቲ ካብ ሰብ ዚወጽእ ደኣ እዩ ንሰብ ዚርክሶ። 21 ካብቲ ውሽጢ ልቢ ሰብ ክፉእ ሓሳብ ይወጽእ እዩ እሞ፡ ምንዝር፡ ሰርቂ፡ ቅትለት፡ 22 ዝሙት፡ ሰስዓ፡ ክፍኣት፡ ጉርሒ፡ ቅለት። ቅንኣት፡ ጸርፊ፡ ኵርዓት፡ ዕሽነት። 23 እዚ ዅሉ ኸፉእ ካብ ውሽጢ እዩ ዚወጽእ፡ ንሰብ ኸኣ የርክሶ።"* ይብል።ኩሎም እዚኦም ነገራት ካብ ውሽጢ ተበጊሶም ብተግባር ብኣካልን ስጋን ይግለጹ። ናይ እቲ ክዳን (ቱታ) ምርሳሕ ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ክዳን ዘርክስ ጉዳይ እዩ፧ እዚ ጉዳይ። 'ካብ ልቢ ሰብ' ዝወጽእ ኢሉ ይጅምር'ሞ፧ 'ንሰብ ዘርክሶ' ኢሉ ይውድእ።

ስለዚ ሓጢያት ዝነብር ኣብ ምንታይና እዩ ክብሃል ከሎ ምንጩን ምዕረፊኡን ምትንካፍ ግቡእ እዩ።

ብህይወት ኣብ ሲጋ ክሳብ ዝነበርና ሓጢያት ኣብ ኩሉንትናና ክነብርን ክብክልን ይኽእል።ቅድስና ውን ከምኡ።1ቈሮ.6:19-20፧ *"ብዋጋ ተዐዲግኩም ኢኹም እሞ፡ ሲጋኹም ቤተ መቕደስ እቲ ኣባኻትኩም ዘለው፡ ካብ ኣምላኽ እተቐበልኩምዎ መንፈስ ቅዱስ ምኻኑ፡ ናይ ርእሰኹምውን ከም ዘይኰንኩምዶ፡ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ ስለዚ ብሲጋኹም ንኣምላኽ ኣኽብርዎ።"* ይብል።ከምኡውን 1ተሰ.5:23፧ *"ኣምላኽ ሰላም ባዕሉ ኸኣ ንኹለንትናኹም ይቕድሶ፡ ቡቲ ምጽኣት የሱስ ክርስቶስ ብዘለው መንፈስኩምን ነፍስኹምን ሲጋኹምን ብዘይ መንቅብ ኪርከብ ይተሓለው።"* ይብል።ሲጋና፧ መንፈስና፧ ነፍስና ነቐፋ ኮነ ቅድስናውን ክህልዎም ይኽእል።

መጽሓፍ ቅዱስ፧ ብፍላይ ሓድሽ ኪዳን፧ ሲጋ ክብል ከሎ ካብ ዓጽሚ ጅማት፧ ካብ ደምን ካልኡት ኣካላትና ዘሓለፈ ነገር ምዝራቡ እዩ። ንኣብነት፧ ገላ.5:17፧ *"ሲጋ ነቲ ምስ መንፈስ ዘጻረር ይምኒ፡ መንፈሰውን ነቲ ምስ ሲጋ ዘጻረር እዩ ዘምኒ። ነቲ እትደልይዎ ምእንቲ ኸይትገብሩ፡ እዚኣቶም መጻርርቲ እዮም።"* ክብል ከሎ ወይውን ኤፌ.2:3፧ *"ንሕና ኵላትና ኸኣ ነቲ ናይ ሲጋን ናይ ሓሳባትን ድሌት እናገበርና፡ ቀደም ብትምኒት ሲጋና ምሳታቶም ንነብር ነበርና፡ ከምቶም ካልኦትውን ብባህርይና ደቂ ቍጥዓ ነበርና።"* ክብል ከሎ ናይ ሲጋ ኣካላትና ዘይኮነ ንስጋዊ ኣተሓሳስባና ምግላጹ እዩ።

'ሰብ መንፈስ እዩ' ዝብሉ ገለ ገሊኦም ሲጋና ኣይረክስንዩ'ሞ ሓጢያት እንተ ገበርናውን እቲ ናይ ሓቂ መንነትና (ማለት፧ ከም ናቶም ትርጉም መንፈሶም) ኣይትንክፍን ኣየርክሶን እዩ።ናይ ሓጢያት ፍቓድ ወረቐት ገይሮም ክጥቀምሉ ይፍትኑ።ግናኸ ነዚ ንምግባር ክዕደሙ፧ ክዕዱሙ

ስጋአም ሓጢያት ክገብር ምንጭም ዝረኸሰ ምኻኑ፥ ካብ ሱር፥ ካብ ውሽጢ፥ ካብ ምንጪ ዝኾነ ምብልሻዎም ይመስክር።

ስለዚ ሓጢያትን ቅድስናን ኣብ ውሽጢ እንታይና ይነበር፧ እንተ ተባሂሉ፥ እቲ መልሲ ክልቲኦም ዘየቋርጽ ናይ ምሃብ መስርሓት እዮም። ንሓጢያት እንተ ተዋሂብና ሓጢያት ኣብ ኩሉንትናና ክስልጥን ይኽእል፥ መንፈስ ቅዱስ ውን ኩሉንትናና ክገዝእ ክቆጻጸሮ እንተ ሂብናዮ ኩሉንትናን ድማ ይቕደስ።እቲ ፍቓድ ኣብ ኢድና እዩ ዘሎ።

ስጋና ድንኳን ድዩ፧ እወ። *“እዛ ምድራዊት ናይ ድንኳን ቤትና እንተ ፈረሰት እኳ፡ ሓንቲ ህንጻ ካብ ኣምላኽ፡ ብኢድ ዘይተገብረት ናይ ዘለኣለም ቤት ኣብ ሰማያት ከም ዘላትና፡ ንፈልጥ ኢና። 2-3 ምንም እኳ ልቡሳት እንተ ኹንና፡ ዕራቓት ኳንና ኽይንርከብ እታ ሰማያዊት ቤትና ኽንለብሰ እናናፈቕና፡ ኣብዚ ንደፋነቕ ኣሎና። 4 ንሕና ኣብዚ ድንኳን እዚ ኽሎናሉ እቲ መዋቲ ብህይወት ምእንቲ ኺውሐጥ፡ ኣብ ልዕሊኡ ኽንለብሰ እምበር፡ ክንቅንጠጥ ሰለ ዘይንፈቱ። ከቢዱና ነሰቈርቍር ኣሎና።”* (2ቆሮ.5:1-4)። ግናኸ እዚ ድንኳን መቕደስን ናይ እቲ ቅዱስ መሕደሪ እዩ እሞ ኣካላትና ኣጽዋር ዓመጻ ንሓጢያት መጠቀሚ ክኸውን የብሉን።ብኣንጻሩ እዩ ቃሉ ዘስተምህረና፥ *“ትሕቲ ጸጋ እምበር፡ ትሕቲ ሕጊ ሰለ ዘይኰንኩም፡ ሓጢኣት ኣይመልከኩምን እዩ እሞ፡ ከም ሞይቶም ዝተንስኡ ርእሰኹም ንኣምላኽ ወፍዩ እምበር፡ ንኣካላትኩም ኣጽዋር ዓመጻ ንሓጢኣት ኣይትግበርዎ፡ ንኣካላትኩምሲ ኣጽዋር ጽድቂ ንኣምላኽ ደኣ ግበርዎ”* (ሮሜ.6:13)።

“ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ምኻንኩምን መንፈስ ኣምላኽ ኣባኻትኩም ሐዲሩ ምህላዉንዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ 17 ሓደ እኳ ነታ ቤት መቕደስ ኣምላኽ እንተ ኣማሰኑ፡ ኣምላኽ ኬማሰኖ እዩ። ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ቅድሰቲ እያ፡ እዛ ቤት መቕደስ እዚኣውን ንስኻትኩም ኢኹም።”(1ቆሮ.3:16-17) ንስኻትኩም ዝበሎ ‘እንተ ፈረሰ’ ዝተብሃለ

እቲ ዝፈርስ ስጋውን ወሲኹ ኩለንትናን እምበር መንፈስና ጥራይ ኣይኮነን።ኣብ ካልእ ቦታ ነዚ ዝበለጸ ግልጺ ይገብሮ፧ *“ብዋጋ ተዐዲግኩም ኢኹም እሞ፧ ሰጋኹም ቤተ መቕደስ እቲ ኣባኻትኩም ዘለ፧ ካብ ኣምላኽ እተቐበልኩምዎ መንፈስ ቅዱስ ምኻኑ፧ ናይ ርእሰኹምውን ከም ዘይኩንኩምዶ።ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ ስለዚ ብሰጋኹም ንኣምላኽ ኣኽብርዎ”* (1ቆር.6:19-20)።ኣብ’ዚ ስጋና እዩ ናይ መንፈስ ቅዱስ ቤተ መቕደስ ምሕደሪ ዝተብሃለ።

ስለዚ መንፈስና ተሓቲማ እያ ኣይትረስሕና እያ እናበሉ ብግልጽን ብስውርን ከም ጨው ዘልሕሱ ሰባት ናብ መሕረዲ ቦታ ክወስዱና ደሊዮም እዮም። ንኻልእ ኣይኮነን። ሓጢያት፧ ንስጋና፧ ነፍስና፧ ንመን-ፈስናውን፧ ንኹለንትናን እዩ ዘርክሶ።ካብዚውን ይምንጩ።እዚ ‘ሰብ መንፈስ እዩ’ ስለዚ ብሰጋ ዝግበር ነገር መንፈስና፧ ማለት ውን እንታይነትና ኣየርክሶን እዩ ዝብል መስሓቲ ትምህርቲ እቲ ቀዳማይ ሓደጋ እዩ።

ለ.ሓደጋ ክልተ-ንሕና ኣማልኽቲ ኢና

ካልኣይ ናይ ‘ሰብ መንፈስ እዩ’ ስሕተት ዓቢ ሓደጋ፧ ሰብ ኣምላኽ እዩ ክብሃል ምግባሩ እዩ። ከመይ ገይሩ እዩ ከምኡ ዝገበሮ፧ እንተ ተባሂሉ፧ ከምዚ እዩ፧ እግዚኣብሄር መንፈስ እዩ፧ ሰብውን መንፈስ እዩ። እግዚኣብሄር መንፈስ እንተ ኾይኑ፧ ሰብ ውን መንፈስ እንተ ኾይኑ፧ ሰብ እግዚኣብሄር እዩ ማለት እዩ።እዚ እዩ ድማ እቲ ሓደግኡ ።ንሕና ንኣሽቱ እግዚኣብሄራት ኢና፧ ንኣሽቱ ኣማልኽቲ ኢና፧ ኣማልኽቲ ኢና ዝብሉ ነዚ እዩ። ሃይሉ ዮውሃንስ እናሸካዕለለ እንተ ኾነውን፧ *‘ንኣሽቱ ኣማልኽቲ ኣይኮናን፧ ዓበይቲ ብዙብል ይተዓረየለይ’* ኢሉ ኣሎ።ሃይሉ ዮውሃንስን ናይ’ዚ መስሓቲ እኩይ ትምህርቲ ስዓብቲ ክፈልጡ ዘለዎም ናይ ቃሉ ሓቂ እዩ፧ ንሶም ይኹን ማንም ሰብ ዓበይቲ ኾነ ንኣሽቱ ኣማልኽቲ ከም ዘይምኻኖም እዩ፧ ንሶም ሰባት ጥራይ ሰለ

ዝኾኑ ኣምላኽነት ቃሕ ክብሎም ይትረፍ፧ ጣዖት ክኾኑ ይኽእሉ ይኾኑ እምበር ኣምላኽነት ኣይሕሰብን እዩ።።ኣምላኽ ሓደ ጥራይ እዩ፧ ናይ ኣምላኽነት ቦታ ተታሒዙ እዩ።።ንኣምላኽነት ዝተኸፈተ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ የለን።።

እምብኣር፧ ንኣሽቱ ኮነ ዓበይቲ ኣማልኽቲ ኢና ዝብሉ ምስ'ዚ 'መንፈስ ኢና' ዝብል ትምህርቲ ዝተተሓሓዘ እዩ።።ናይ ቃል-እምነት ትምህርቲ ዝብልዎ ውን ምስ ኣምላኽነት ዝተኣሳሰር እዩ።። 'እግዚኣብሄር ብቓሉ ካብ ፈጠረ ንሕና ውን ብቓልና ምፍጣር ንኽእል ኢና' ዝብል እዩ።። እግዚኣብሄር እምነቱ ካብ ኣመነ፧ ንሕናውን እምነትና ምእማን ንኽእል ኢና።።እግዚኣብሄር ፈጣሪ፧ ንሕናውን ፈጣሪ ኢና፧ ኣነን እግዚኣብሄርን ሓደ ኢና፧ ንሕና ናይ እግዚኣብሄር Class ኢና፧ ናይ እግዚኣብሄር kind ኢና ይብሉ።።ናይ እንጀራ ኣቦታቶም እንግሊዝ ተዛረብቲ ስለ ዝኾኑ እዩ Kind ን Class ዝብሉ፧ ናይ እግዚኣብሄር ዓይነት ኢና ማለቶም እዩ።።ዓይነት! ናይ እግዚኣብሄት 'ዓይነት' ክብሉ ከለው ኣፎም ባእባእ ኣይብልን እዩ፧ ኣይፈርሑን እዮም።።እግዚኣብሄር ዓይነት ኣይኮነን።።ንሱ ካብ መንጎ ብዙሓት ሓደ ኣይኮነን።። ንዕኡ ዝመስል ካልእ የልቦን።።ምስ ማንም ኣይመሳሳልን ኣይነጻጸርን።።ብምስሉ እንተ ፈጠረና ምሳና ኣይነጻጸርን እዩ።።

'ንሕና መንፈስ ኢና' እንተ ኢልና ግን እዚ ጥራይ ዘይኮነ ካልኡውን ክንብል ንኽእል ኢና፧ ንሕና ናይ እግዚኣብሄር ዓይነት ኢና ጥራይ ዘይኮነ ቀጺልና፧ እግዚኣብሄር ናትና ዓይነት እዩ ንማለትውን ደፋራት ንኾውን።።ነቲ ስነ መለኮቱውን ንገለባብጦ ኢና።።ሰብ እግዚኣብሄር እዩ ጥራይ ዘይኮነ እግዚኣብሄር ሰብ እዩ ናብ ማለትውን ንገላብጦ።።

ሰብ ናይ እግዚኣብሄር መልክዕ እዩ ማለት መንፈስ እዩ ማለት ድዩ፧ ድማ እግዚኣብሄር መንፈስ እዩ፧ ሰብውን መንፈስ እዩ፧ ስለዚ፧ ሰብ እግዚኣብሄር እዩ ማለት ድዩ፧ ኣብ ዘፍ.1:26-27 እግዚኣብሄር በለ፦

“ኣምላኽ ከኣ፧ ብመልክዕና ሽም ምሰልና ሰብ ንግበር፡ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኮኑ ለመምታን ይግዝኡ፡ በለ። *27* *ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ።* *ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ።* *ተባዕታይን ኣንስተይትን ገይሩ ፈጠሮም።*” እንተ ኢሉ ሰብ ናይ እግዚኣብሄር መልክዕ ተፈጢሩ ስለ ዝበለ ብግልባጡ ናይ እግዚኣብሄር መልክዕን ትርጉምን ሰብ ብምግባር እግዚኣብሄር ንሰብ ይመስል፧ ስለዚ እግዚኣብሄር ሰብ እዩ ክንብል ኢና፤ ኣብ ሕሳብና ኣብ ናይ ግምት ሳይንስ Extrapolate ምግባር ወይውን Extrapolation ዝብልዎ ነገር ኣሎ።ንግራፍ ወይውን ቁጽርን ኣንዊሕካ እቲ ዝቕጽል መልክዕ ክርኤ ምግባር ማለት እዩ።በዚ ሰብ መንፈስ እዩ ዝብል ናይ ስሕተት ትምህርቲ ኣብ ልዕሊ’ዚ ክንገብር ከለና ወይውን እንተ ገይርና እንረኽቦ እዚ እዩ።ሰብ መንፈስ እዩ ጥራይ ዘይኮነ እግዚኣብሄር ሰብ እዩ ናብ ዝብል መደምደምታ የብጽሓና።

ዝተጣመመ ምህሮ ቃል-እምነት፧ ‘እግዚኣብሄር መንፈስ እዩ፧ ሰብ ናይ እግዚኣብሄር መልክዕ እንተ ሃሊይዎ እግዚኣብሄር መንፈስ እንተ ኾይኑ ሰብውን መንፈስ እዩ ማለት እዩ።’ ዝብል እዩ።ናይ’ዚ ናይ ቃል-እምነት ትምህርቲ ኣካይዳ ሸቶ እዚ እዩ።ግናኸ ካብ ዘፍ.1 ናብ ዘፍ.2 ክንሓልፍ ከለና ናይ ሰብ ኣፈጣጥራ ንርኢ ኢና። ዘፍ.2:7፧ *“እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ካብ ሓመድ ምድሪ ገበሮ፡ ኣብ ኣፍንጫኡ ድማ ትንፋስ ህይወት ኡፍ በለሉ እም እቲ ሰብ ህያው ነፍሲ ኾነ።”* ይብል። ንመን እዩ ዝሰርሑ፤ ንሰብ እዩ።ካብ ምንታይ፤ ካብ ሓመድ።እቲ ዝተሰርሑ እንታይ እዩ፤ ሰብ ናይ ህይወት እስትንፋስ ኡፍ ክብሃለሉ ከሎ እንታይ ኮይኑ፤ ህያው ነፍሲ ዘለዎ ኮነ።ከይተብሃለሉ ከሎኸ፤ <u>እቲ ዝተሰርሑ ሰብ ነይሩ እምበር መንፈስ ኣይነበረን</u>።ገና ህያው ዘይኮነ ዝተሰርሑ ሰብ።ኣብ ውሽጢ መንፈሱ ኣይኮነን ናይ ህይወት እስትንፋስ ኡፉ ዝተብሃለሉ።ግልጺ እዩ ክተሓላለኸ የብሉን! ካብ ሓምድ ምድሪ ዝተሰርሑ ሰብ እዩ፧ መንፈስ ኣይኮነን።ንመንፈስ ብመልክዕና ከም

ምስልና ንፍጠር ኣይበለን። “ህያው ነፍሲ” ዘለዎ ኮይኑ እምበር መንፈስውን ህያው ነፍሲ ዘለዎ ኮነ፧ ኣይበለን።

ሰብ ህያው ዝኾነ ናይ ህይወት እስትንፋስ ኡፍ ክብሃለሉ ከሎ እዩ፧ መንፈስን ነፍስን ኣብ ውሽጢ ሰብ ዝነብሩ ነገራት እዮም፧ *“ግናኽ እቲ ኣብ ሰብ ዘሎ መንፈስን እስትንፋስ እቲ ኹሉ ዚኽእልን እዩ ምስትውዳል ዚህብ።”* (እዮ.32:8)። ሰብ ኩለንትነኡ፧ ስጋኡ፧ ነፍሱን መንፈሱን እዩ እምበር ሰብ መንፈስ ጥራይ ኣይኮነን። 1ተሰ.5:23፧ *“ኣምላኽ ሰላም ባዕሉ ኽኣ ንኹለንትናኹም ይቕድሶ፧ ቦቲ ምጽኣት የሱስ ክርስቶስ ብዘሎ መንፈስኩምን ነፍስኹምን ሲጋኹምን ብዘይ መንቅብ ኪርከብ ይተሓለ።”* ይብል።

እዚኣም ‘Kind’ ኢና ዝብሉ ሰባት ‘ናይ እንጀራ ኣቦታቶም’ እንግሊዝ ተዛረብቲ ስለ ዝኾኑ እዩ ኢለ ኣለኹ።Kind ኢና ጥራይ ዘይኮነ ጠቕላል ቅዳሕ ወይውን እቲ ፓኬጅ ዝሸመትዎ ውን ካብኣም እዩ። እዚ ሰብ መንፈስ እዩ ዝብሃል ትምህርቲ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ኣብ ዋልዳባ ገዳም ወይውን ኣብ ኣዋሳ ኣዲስ ካብ ዝጫጭሑ ቀርጣፊ ቤት ዝተፈጠረ ትምህርቲ ኣይኮነን።እዚኣም ሓደስቲ ቀርጠፍቲ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ቀርጠፍቲ ስራሕ ሰራሕተኛታት እዮም።ኣብ ስርሑም፧ ብተግባሮም ቀርጠፍቲ እዮም።ንቀርጣፊ ኣብ ገጠር ዘይዓበዩ ኣይፈልጥዎን እዮም።ቀርጣፊ ማለት ከም ኣንጭዋ ወይውን ምጹጹላይ ዝኣመሰለ እንስሳ ዝኾነ ኣብ ውሽጢ መሬት ፈሒሩ ውሽጢ ውሽጢ እናኸደ ሱር ወዲ ሱር ዝበልዕ እዩ።ኣነ ኣብ ዝዓበኹሉ ኣከባቢ ንሓረስቶት ኣዚዩ ዝርብሽ ፍጡር እዩ።ድንሽ፧ ሸኮር ድንሽ፧ ቦዮ ዝብልዎ ካልእ ተኽሊ ሱር፧ ብፍላይ ናይ እንሰት(False banana) ሱር ዝበልዕ እዩ።ኣብ ናይ እንሰት ተኽሊ ከም ዝኣተወ ዝፍለጥ እቲ እንሰት ብደው ከሎ ክነቅጽ ክጅምር ከሎ እዩ።ሓድ ሓደ ግዜ ብደው ከሎ ይወድቕ ወይውን ከይዶም ክደፍእዎ ከለው እቲ እንሰት ብደው ይወድቕ።

መምሃራን ሓሶት ከም ቀርጣፊ እዮም ክብል ከለኹ ሰራሕና በሊያም ብላዕሊ የንቁጹና ማለት እዩ።ክደፍኡና ከለው ድማ ንወድቕ።

ናይ እዚኦም ናትና መናፍስቲ ኢና ዝብሉ ሰባት ትምህርቲ ኣብ ሃገርና ዝተወለደ ትምህርቲ ኣይኮነን ኢለ እየ።ኣብ ውሽጢ ኣሜሪካ ተጣሒኑ ቦኺው ዝተሰንከተ መርዚ እዩ።ገለ ገሊኦም ክቕድሑ ከለው ዋላ ሓንቲ ከይሓደጉ እዮም ዝቕድሑ! ከም ሰነፍ ተምሃራይ።ሓደ ሰነፍ ተምሃራይ ነቲ ፈተኑኡ ቀዲሑ ሰርሖ'ሞ ንመምህሩ ሃቦ በሉ። እቲ ናይ ፈተና ወረቐት ኣብ ዝምለሰሉ ምዓልቲ እቶም መምሃራን ነቶም ተምሃሩ ንኹሎም ዓዲሎም ወድኡ።እዚ ቀልዓ ድማ ከይሓፈረ፧ 'ቲቸር! ናተይ ናይ ፈተና ወረቐት ኣይተቐበልኩን።'ኢሉ ክሓትት ከሎ፧ 'እዚ ናትካ ድዩ፧ በሎ ነቲ ውጽኢቱ ጥራይ ኣርእዩ፧ 'እዎ፧ እዚ!' ክብል ከሎ 'እዚ ስም ናትካ ድዩ፧'ክብሎ ከሎ ኩም! ለካስ፧ Name ካብ ዝብል ቀጺሉ ናቱ ስም ኣብ ክንዲ ምጽሓፍ ናይ'ቲ ዝቕድሓሉ ወዲ ስም ጽሒፉ ነበረ። ናይ ስሕተት ትምህርቲ መምሃራን ክቕድሑ ከለው ልክዕ ከምዚ እዮም።ዋላ ሓንቲ ከይሓደጉ እዮም ዝቕድሑ።

ኣብ 2017 ሓደ መጽሓፍ ግዚኤ ነበርኩ።መጽሓፍ ክገዝእ ከም ዝንብሮ ደዉ ኢለ ከለኹ ኣብ ገጻቱ ይጎየሉ እየ።ኣብ ጥቓ ብሔራዊ ትያትር ዝተለጠፉ ድንኳናት ከይደ ኣብ ኢትዮጵያውነት ጉዳይ ሰል ዝጽሓፍኩን ዝጽሕፍን ሓደ መጽሓፍ ክገዝእ ዝተነገረኒ መጽሓፍ ከይገዛእክዋ ከለኹ ምንባብ ጀመርኩ።ናይ ኦሮምን ኣምሓራን ሓቀኛ ናይ ዘርኢ ምንጪ ዝብል ብፕሮፌሰር ቶሎሳ ጂግሳ ዝተጽሓፈ መጽሓፍ እዩ።ገና ከንብቦ ከለኹ ጽንጽዋይ ጽንጽዋይ ይሸተኒ ነበረ።ግናኸ ነዛ መጽሓፍ ገዛእክዋ።እዛ መጽሓፍ ሰለስተ ክፍልታት ዘለዋ ክትከውን ከላ፧ እቲ ናይ መጀመሪያ ንእሽተይ ኮይኑ ካልእይን ሳልሳይን ክፍሊ ግን ሰፋሕቲ እዮም።ካልኣይ ክፋል እናንበብኩ ከለኹ ናይ ትርጋጽ እግሪ ወይውን Footnote መጣቐሲታት ከይደ ክርኢ ከለኹ ኣማን

በላይ ዝብል ሓደ ሰም ካብ ዝኾነ ንላዕሊ ተደጋጊሙ ተጠቒሱ ኣሊ። [4] ኣማን በላይ ገጽ....ኣማን በላይ ገጽ....።

ናይ'ዚኣ መጽሓፍ ቀዳማይ ክፋሊ ናይ ኢትዮጵያ ሰልጣነን ናይ ኦሮሞ ኣበርክቶ ዝዛረብ ኮይኑ ሒደት መጣቒሲ ዘለዎ ሓጺር ክፍሊ እዩ።ኣብ ካልኣይ ክፋሊ ካብ 63 ናይ ትርጋጽ-እግሪ መዘኻኸሪታት ኣማን በላይ ን 31 ሒዙ ኣሎ ፍርቂ ፍርቂ ማለት እዩ።ኣብ ሳልሳይ ክፍሊ ድማ 55 % ማለት እዩ።ናይ ኣማን በላይ መጽሓፍ ርእየ ነይረ፧ ግን ዝንበብ ኣይኮነን፧ እዚ ድማ ብርግጽ ምንጪ ዘይብሉ ጽንጽዋይ እዩ፧ እዚ ጥረ ናይ ኢትዮጵያዊ ሰራሕ እዩ እናበልኩ ሓደክዎ እሞ ከይዓደኩ ተረፍኩ።ድሓር ግን ገዛእኽዋ።እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ መጽሓፍ ንምጥቃስ ጥራይ እዩ ዘልዓልክዎ እምበር ንኽህይስ ኣይኮነን፧ ትዕዝብተይ ግን፧ ህየሳ ውን እንተ ኾይኑ ህየሳ፧ ናይ ዩኒቨርስቲ ፕሮፌሰር ዝኾነ ሰብ፧ ካብ ሓደ መጽሓፍ ጥራይ 50% ወይውን 62 ግዜ ካብ ጠቐሰ፧ ከምኡውን ምንጪ ካብ ዝተዘረገ ምኻኑ ዝተልዓለ ዘይርኣይ መጽሓፍ ካብ ጠቐሰ የፍርሕ እዩ።ጽንጽዋያት ከም መወከሲ ገይርካ ከም ምሁራዊ ጽሑፍ ተነባቢ ካብ ገበረ ኣጓውልና የሰንብድ እዩ። መጽሓፍ ካብ ጠቐሰ የፍርሕ እዩ።ጽንጽዋያት ከም መወከሲ ገይርካ ከም ምሁራዊ ጽሑፍ ተነባቢ ካብ ገበረ ኣጓውልና የሰንብድ እዩ።እንቐድሓሎም ምንጭታት እንተ ተባላሸዮም እቲ ፈሳሲ ውሓዚ ብዘኾነ ሕሳብ ጥዕና ዘለዎ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።እዚ ናይ ኣምሓራ ኦሮሞ ጉዳይ ካልእ ዘርፊ እዩ፧ ካብ ናይ መብዛሕትና ክልል ወጻኢ እዩ'ሞ፧ ነዚ ከልዕል ናብ ዘልዓለኒ ናትና ናብ ዝኾነ ክመጽእ።

ስሕተታት ንምንቃስ ወይውን ስሕተቶም ንምርኣይ ናብ ምንጩን ናብ ኣመንጪውትን ምኻድ ኣማራጺ ዘይብሉ ናይ ህየሳ ሰራሕ እዩ።ልክዕ ከም ኣቦ ጽንጽዋይ ክዛረብ ከሎ ጽንጽዋይ ይመስለና፧ ሓደ ምሁር ብዝጸበቖ፧ ብዝሰልጠነ ቋንቋ ክዛረብ ከሎ ሓቂ ክመስል ይኽእል። ብመንፈሳዊ ሽነኽ ውን ተመሳሳሊ እዩ።ሓደ ጠንቂሊ ዝተዛረቦ ነገር

ናይ ጥንቆላ ነገር ምምሳል ጥራይ ዘይኮነ ምኻኑውን ንምፍላጥ ኣይከብድን እዩ።ነቲ ነገር ግን ሓደ ሰባኺ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዝወጹ ቃላት ሽቓቒጡ፡ ሓዋዊሱ፡ ቀባቢኡ፡ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣሰተምህሮ ኣምሲሉ ከቕርብ ከሎ ወይውን እንተ ኣቕሪቡ ብቑሊሉ ክንታለል ክንስሕት ንኽእል ኢና።

ሓድ ሓደ ናይ ስሕተት ምህሮታት ክንፍትሽ፡ ክንህይስ ከለና ነቶም ጨናፍር ካብ ምምልማል ተሳጊርና ናብ'ቲ ጉንዲ ምኻድን ምግላጽን ኣለና።ጨናፍር መርሚርና ፍሪኣም የርኤና እዩ'ሞ እዚውን ጽቡቕ እዩ፡ ክግበርውን ኣለዎ።ግን፡ ናብ ጉንዲ ምኻድ ናይ ምንቃስ ስራሕ ቀሊል ኣይኮነን።የረብርብ፡ የሕምም፡ የኽስስ፡ የኾንን ግን ክግበር ኣለዎ። ንስሕተት ናይ ምንቃስ ስራሕ ቅድሚ ሕጂ ብተደጋጋሚ ከም ዝበልክዎ ልክዕ ዒባ ድኹዒ ከም ምስሓብ ምጽራይ ዓይነት እዩ።የርስሕ እዩ፡ የኸርፍሕ እዩ።ግን እንታይ ይገበር፧ ክግበር ኣለዎ፡ ክስሓብን ክጸርን ኣለዎ።

ሰብ መንፈስ ድዩ፧ ወይስ ሰብ እዩ፧ ዝብል ነዚ ሓሳብ ክንርኢ ከለና ኣብ እዞም ናይ ስሕተት መምሃራን ሓደ ከም ኣዝማች ዘደጋገም ሓደ ዓረፍተነገር ኣሎ፡ንሱውን 'ሰብ መንፈስ እዩ፡ ነፍሲ ኣለዎ፡ ኣብ ውሽጢ ስጋ ይሓድር' ዝብል እዩ።ዝቐድሕዎ እዩ። "you are spirit being: you possess a soul and just live in a body.' (John hamel) ዝበሎ እዩ።Hamel ካብ መንጎ ብዙሓት ናይ ቃል- እምነት መምሃራን ሓደ እዩ።ብናይ ቃል-እምነት መምሃርን እዚ፡ 'ሰብ መንፈስ እዩ፡ ነፍሲ ኣለዎ፡ ኣብ ውሽጢ ስጋ ይሓድር' ዝብል ኣበሃህላ፡ ምሉእ ተቐባልነት ዝረኸበ፡ ዝተጎናጸፈ ናይ ስሕተት ትምህርቲ እዩ።ተቐባልነት ረኺቡ ማለት ግን ስሕተትነቱ ኣይተርፎን እዩ።ስሕተቱ ንሰብ ሰብ ዘይኮነ መንፈስ ምግባሩ እዩ።ሰብ መንፈስ እንተ ኾይኑ፡ ሰብ መንፈስ ወይውን ሰብ ምስ መንፈስ ማዕረ እዩ ማለት ንኽእል ኢና።ሰብ ንዝብል ቃልውን መንፈስ ብዝብል ብዘይ ዝኾነ ጸገም ምልዋጥን ምትካእን ንኽእል ኢና

ማለት እዩ፧ ምኽንያቱውን፧ A=B **እንተ ኢልና፧** B=A **ማለት ንኽእል ኢና።።ናይ ግድን** AB **እንተ ዘይኮነውን፧** A **ምስ** B **ወይውን መሰታ ማለት እዩ።።**

እዚአም መስሓቲያን ሰባት፧ 'ንሕና ኣማልኽቲ ኢና ወይውን ንኣሽቱ ኣማልኽቲኢና' ዝብሉ ኣብ መዝሙር ዳዊት.82:6-7 **ኣነስ፧** *"ኣማልኽቲ ኢኹም፣ ኵላትኩም ውሉድ እቲ ልዑል ኢኹም፣ ግናኸ ከም ሰብ ክትሞቱ..."* **ተባሂሉ ስለ ዝተጽሓፈ ዘይኮነ፧ ነዚ ጥቕሲ ክንሪኦ ኢና፧ ሓቀኛ ምንጪ መንፈስነቶም፧ ማለትውን መንፈስ ኢና ማለቶም እዩ።። እግዚኣብሄር መንፈስ፧ ንሕና መንፈስ፧ ስለዚ ንሕና እግዚኣብሄር።። ንኣሽቱ ኣማልኽቲ ኢና ዝብል ኣጽዋውዓ ንሕና ኣይኮናን ዝሃብናዮም ባዕሎም ዝበልዎ እዩ።።**Little gods with little 'G' **ዝብሉ ባዕሎም እዮም።።እዚ ናትና ፈጠራ ኣይኮነን።። ከምዚ ዝበሉ ብዙሓት እዮም፧ ሓደ ክፈፍሎ ዶላር ዝተብሃለ ዝብሎ ምስማዕ እኹል እዩ፧ ነዚ ዝበሎ ኣብ ውሽጢ ጉባኤኡ እዩ።።ካብ ቪድዮ ብቕጥታ ዝወሰድክዎ ምስ ትርጉሙ ክጽሕፎ፦**

•Creflo Dollar "everything reproduces after its own kind". . . .

•Dollar: "If horses get together, they produce what?"
-Congregation: "Horses!"

•Dollar: "If dogs get together, they produce what?"
-Congregation: "Dogs!"

•Dollar: "If cats get together, they produce what?"
-Congregation: "Cats!"

•Dollar: "So if the Godhead says 'Let us make man in our image', and everything produces after its own kind, then they produce what?"

-Congregation: "gods!"

•Dollar: "gods. Little "g" gods. You're not human. Only human part of you is this flesh you're wearing." [5]

ትርጉሙ፧ እምብኣር ኩሉ ከም ወገኑ እዩ ዝወልድ፧ እግዚኣብሄር ንሰብ ክፈጥር (ከፍሪ) ንርኢ ኢና።።እሞኽ ድኣ እግዚኣብሄር ሰብ ምስ ፈጠረን ካልኡት ነገራት ከም ወገኖም እንተ ድኣ ወሊዶም፧ ኣፍራስ ክራኽቡ ከለው እንታይ ይወልዱ፧ ኣፍራስ!።። ኣኽላባት ክራኽቡ ከለው እንታይ ይወልዱ፧ ኣኽላባት!።።ደማሙ ክራኽቡ ከለው እንታይ ይወልዱ፧ ደማሙ! እግዚኣብሄር ድማ ብሓደ ኮይኖም ሰብ ንፍጠር ክብሉ ከለው እንታይ እናፈጠሩ እዮም፧ እግዚኣብሄራት! እግዚኣብሄር እናፈጠሩ እዮም።።ንሰኻትኩም እግዚኣብሄር ኢኹም ንኣሽቱ እግዚኣብሄራት (little 'G') **ንሰኻትኩም እግዚኣብሄር ኢኹም ምኽንያቱ ክኣ ንሰኻትኩም ዝመጻኹም ካብ እግዚኣብሄር እዩ፧ ንሰኻትኩም ሰባት ኣይኮንኩምን፧ ካባኹም ሰብ ዝብሃል ነገር እዚ ትነብርሉ ኣካላትኩም ጥራይ እዩ።።ኢሉ ኣሎ።።**

Little 'G' **ዝብልዎ ካልኡት ውን ይብልዎ እዮም።።ሰለዚ እዚ ናትና ቃል ኣይኮነን፧ ናይ ባዕሎም እዮ።።ንኣሽቱ ኣማልኽቲ ኢና ክብሉ ዝገበርናዮም ንሕና ኣይኮናን፧ ንሶም እዮም** little 'G' **በሉና ዝበሉ።። ሃይሉ ዮውሃንስ ዓበይቲ በሉኒ ኢሉ ክነሱ መሊሱ እናተጻወትኩ እየ ከምኡ ዝበልኩ ኢሉ ኣሎ።።ይጻወት ኣይጻወት፧** Little 'G' **ውን እንተ በለ፧ ንእሽተይ ኣምላኽ በልዎ፧ ሺማ ማጋኖ በልዎ፧ ወይውን ጢቆ ዋቆ እንበሎ፧ ፍልልዩ የብሉን፧ ሰብ ሰብ እዩ፧ ሃይሉ ዮውሃንስ ውን እቲ**

ሓይል ዮውሃንስውን፧ እቲ ድኹም ዮውሃንስውን፧ ሰብ እዩ፧ ሰብ ኣምላኽ ኣይኮነን።ሰብ ኣምላኽ እዩ ተባሂሉ ኣይተጽሓፈን ኣርባዕተ ነጥቢ።

ሃይሉ ዮውሃንስ ነዚ ናይ ክሬፍሎ ኣበሃህላ ኢልዎ ኣሎ። 'ኣምላኽ እንታይ እዩ ዝወልድ፧ ንኣማልኽቲ እዩ።' ኢሉ ኣሎ ኣብ ሓደ ቃል ምሕተት። [6] መሊሱውን ብዛዕባ ምምሳል ውን ይዛረብ።ብቓላት ቁማር ምጽዋት ሓድ ሓደ ግዜ ክትበልዕ ይክኣል ይኸውን፧ ግን ክትብላዕውን ኣሎ። ምምሳልን ምኳንን ዝተፈላለዩ እዮም።little 'G' God እየ ማለትና ኣነ ፈጣርየይ ብምስሉ ዝፈጠረኒ ኣምላኽ ዘይኮንኩ ሰብ እየ ማለት ዝተፈላለዩ እዮም።little 'G' god ውን ዝኾነ 'G' godውን ካባና ማንም ኣይኮነን።ሰብ ኢኻ፧ ሰብ ኢኺ፧ ሰብ ኢና። እግዚኣብሄር ውን በለ፧ *"ኣምላኽ ከኣ፧ ብመልክዕና ኸም ምስልና ሰብ ንግበር፧ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኮኑ ለመምታን ይግዛኡ"* ።

ምምሳል እንተ ወሲድና፧ ምምሳል'ኳ ብመልክዑ ከም ምስሉ እኮዩ ዝፈጠረና።እቲ ሰብ'ኮ እዩ ግን ብመልክዑን ብምስሉን ዝተፈጠረ፧ ኣምላኽ ወይውን መንፈስ ዘይኮነ ዘፍ.1:26፧ ሃይሉ ዮውሃንስ ኣብ ላዕሊ ብዝበልክዎ ቃል ምሕተት ምምሳል ምግዛእ፧ ምኳኑ ተዛሪቡ ኣሎ።ምምሳል ናይ ሰማይ፧ ናይ ምድርን ባሕርን ፍጥረት ምግዛእ እዩ ኢሉ ኣሎ።ግዛእ ዝተብሃሎ'ኮ መንፈስ ኣይኮነን፧ ወይውን ኣምላኽ ኣይኮነን፧ ሰብ እዩ።ሰብ'ኮ ክገዝእ ነቢሩ እዩ።እሱውን ካብ መንፈስ ዘይተወለደ ውን ወሲኽካ! ክርስትያን ኮነ ዘይኮነ ፍጥረት ንሰብ ተገዚኡ እዩ (ያዕ.3:7)። ኩሉ ፍጥረት ንሰብ ተገዚኡ እዩ፧ ድሕሪ ውድቀት ከም ልቡ እንተ ዘይተገዛኡሉ ውን፧ ክገዝእ ነቢሩ እዩ! ከምኡ ምስዕሳዕ ቃሕ ክብለና እምበር።ክንፍጠር ከለና ውን ሰብ እምበር ኣምላኽ ኣይኮናን።ክንፍጠር ውን ሰብ እምበር ኣምላኽ ኣይነበረን! ክገዝእ ከም ዝተፈጠረ ብግልጺ ተጻሒፉ ኣሎ፧ ዘይተጽሓፈ ግን

እዚአም መስሓትያን ዝፈጠርዎ መንፈስ ምኻኑን ኣምላኽ ምኻኑን እዩ።እዚ እዩ ዘይተጽሓፈ።

እግዚኣብሄር ቃላት ሓጺርዎ ኣይኮነን ንሰብ ሰብ ዝበሎ።ንሰብ ሰብ ዝበሎ ሰብ ሰብ ስለ ዝኾነ እዩ።ናይ ቃል-እምነት መምሃራን ሰብ መንፈስ ምኻኑን፡ነፍሲ ዘለዎን ኣብ ውሽጢ ስጋ ዝሓድር ምኻኑ ከሓላልኽዎ ከለው ካብዚ ንዝቐጽል ሰይጣናዊ ትምህርቲ ንሰብ ከዳልዉዎ እዩ እሱውን፤ 'ሰብ ኣብ ናይ እግዚኣብሄር መደብ (ንሶም Class ይብልዎ) ዝተፈጠረ እዩ' ዝብል እዩ።ሃይሉ የውሃንስ ውን፡ 'ኣነን ኣብን ሓደ ኢና!' ዝበሎን ሰብ ኣብ ውሽጢ ስጋ ዝሓድር ነፍሲ ዘለዎ መንፈስ ምኻኑ ዝተዛረበ ካብ'ዚ እኩይ ትምህርቱ ተበጊሱ እዩ። እኒ ቤን ሂን፡ ኮፕላንድ፡ ሃገን፡ ሮበርትስ ካልኡት ቀዲሞሞ ኢሎም እዮም። እዚ ንሱ ዘቃልሑ ንሱ ዝፈጠሮ ሓድሽ ትምህርቲ ኣይኮነን። 'ናቶም ትምህርቲ ኣይስተምህርን ናቶም ወሲደ ናተይ እየ ዝምህር' ኢሉ ኣሎ።መሲልዎ፡ ወይውን ከታልል ከሎ።ነቲ ድንኳን እዩ ቀይርዎ እምበር ነቲ ሸቐጡ ኣይቀየረን።ካብኡ፡ Man Is A Sprite Being, has A Soul, lives In A Body ዝብል ሰሚዑ፡ ብእንግሊዝ። ካብኡ ድማ ሰብ መንፈስ እዩ፡ ነፍሲ ኣለዎ፡ ኣብ ውሽጢ ስጋ ይሓድር በለ፡ ብኣምሓርኛ። ነዚ እዩ ናተይ ዝበሎ ኣነን 'ኣብን' ሓደ ኢና ድማ ዝብል ክኣ ወሲኹሉ።

ኣብ ናይ ኤልሻዳይ ቲቪ ምስ መጋቢ ተሾመ ዳምጠው ቀሪቡ፡ 'ኣነ ኣብን ሓደ ኢና ኣይበልኩን፡ ምባለይ ኣይዝክሮን እየ።' ኢሉ ብዙሕ ከይጸንሔውን ኣነን 'ኣብን' ሓደ ኢና በለ። ንባዕድ ቅይጡ ወንጌል ንዝተብሃለ ዶክመንተሪ ቪድዮ ምላሽ ክህብ ከሎ ንዕኡ እዩ ዝደጎሞ። ምድጋም ጥራይ ዘይኮነ ከማን ናይ ክርስትያን ኣገልጋሊ ቅኑዕ መለክዒ ገይርዎ እዩ።ምስ ሓደ ኣገልጋሊ እየ ምስ ዝብል ኮፍ ኢለ ምዕላል ክጅምር ከሎ መለክዒ ዝገበሮ እንታይ ከም ዝኾነ ክዛረብ ከሎ፡ እቲ ሰብ፡ 'ብዛዕባ ሰብ እንታይ ከም ዝስዕብ ይሓቶ፡ ኣነን ኣብን ሓደ ኢና

ዘይብል እንተ ኾይኑ መንፈሳዊ ነገር ሰለ ዘይተረድኦ መንፈሳዊ ነገር ምስቲ ሰብ ኣይዛረብን'የ ብዛዕባ ፖለቲካ ብዛዕባ ካልእ ነገር ጥራይ ኣዕሊለ ይፈላለለ' በለ [7] ።

እዚ ሰብ፧ 'ኣነን ኣብን ሓደ ኢና!' እንተ ኢሉ፧ ቀጺሉ፧ 'ንዓይ ዝርኣየ ንኣብ ርኣየ' ክብል እንታይ ይኽልክለ። ዋላ ሓንቲ። ንሰብ ናብ ናይ እግዚኣብሄር መደብ ንምጽጋዕ ሰብ ሰብ እዩ ኣብ ክንዲ ምባል መንፈስ እዩ ንማለት ዝቐልል ነዚ እዩ።ምኽንያቱውን እግዚኣብሄር መንፈስ እዩ እሞ ሰብ ውን መንፈስ እዩ ምስ ተብሃለ ብድሕሪኡ፧ 'ሰብ እግዚኣብሄር እዩ' ወይውን 'ናይ እግዚኣብሄር ዓይነት እዩ' ማለት ከቢድን ሩሑቕን ኣይከውንን።ኣነን ኣብን ሓደ ኢና ማለት እኮ፧ ንዓይ ዝርኣየ ንኣብ ርኢይዎ እዩ ማለት እኮ ካልእ ዋላ ሓንቲ ኣይኮነን፧ ኣነ ክርስቶስ እዩ ማለት እዩ። 'ኣነ ክርስቶስ እየ' እናበሉ ብሰሙ ዝመጹ ምህላዎም እኮ ኣቐዲሙ ተነጊርና እዩ።

'ኣነን ኣብን ሓደ ኢና' ዝበለ ብዘይካ ክርስቶስ ካልእ የለን።እዚ ዝበለ ድማ ዝኾነ ንሱ እዩ።እዚ ሓቂ ካብ ጳውሎስን ዮውሃንስን እዚ ተሰዊርዎም፧ ንክልተ ሸሕ ዓመታት ተሓቢኡ ጸኒሑ'ሞ እሱን ኣብን ሓደ ምኻኖም ንሃይሉ ዮውሃንስ ተገሊጹ ድዩ፧ ከምዚ ዝበሎ ውን 'ኣነን ኣብን ሓደ ኢና' ንእግዚኣብሄር ምጽራፍ፧ ኣብ ትሕቲ እግሩ ዝተምሃረሉ ዘዕበዮ ኮፕላንድውን እሱ ግን ነዚ ዝበሎ ኣይተዛረበን፧ ከምዚ ዝበለ፧ ጸርፊ ኣቦሓግኡ ኬነት ሃገን ውን 'I And The Father Are One' ኢሉ ኣይተዛረበን።

ኣብ ዮው.10:30 ጎይታ፧ *'ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና'* ኣብ ዝበለሉ ግዜ እንታዩ ዝኾነ፧ ኣብ ጥቕሲ.31 ከም ዝተጽሓፈ፧ *"ኣይሁድ ብዳርባ እምኒ ደጊሞም ክሃርምዎ እምኒ ኣልዓሉ"* እዩ ዝተብሃለ። ንምንታይ፧ ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና ማለት ኣነ ያህዌ እየ ማለት እዩ።እንታይ ማለቱ ምኻኑ ኣዕርዮም ፈሊጡም እዮም።ተረዲእዎም እዩ።ኣነን ኣቦን ሓደ

ኢና ክብል ከሎ፥ ብናቶም ግምት ተጻሪፉ እዩ።እሱ ግን ኣምላኽ እዩ፥ ብሲጋ ዝመጸ እግዚኣብሄር እዩ።ሲጋ ዝኾነ ቃል እዩ።ካብ መጀመሪያ ምስ እግዚኣብሄር ዝነበረ እዩ።ኣብ መጀምሪያ እግዚኣብሄር ዝነበረ እዩ። ንዓለማትን ነዚኦም ተጻሪፍካ ዝብልዎ ዘለው ውን ዝፈጠረ ንሱ እዩ። ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና ክብል ከሎ ንዕኦም ምጽራፍ እዩ።

የሱስ ዓቢ ሓውኻ ኣይኮነን፥ እሱ ጎይታኻ እዩ።እሱ ኣሕዋተይ ዝበለ ከም ዘይሓፈረልካ የርኢ እምበር ንዓኻ ክትመሳገን ኣይገብረካን እዩ። ኣሕዋተይ ዝበሎ ብሲጋን ደምን ተኸፊሉ ንዓና ውሉድ እግዚኣብሄር ምግባሩን ብትንሳኤ ውን ብኹርንኡ የርኢ እምበር ካብ ሃዋርያቱ ካብ ደቀመዛሙርቱ ሓደውን እንተ ኾነ፥'ዓቢ ሓውና' እናበሉ ኣይገለጽዎን። እዚ ግልጺ ሓቂ እዩ።ካብኦም ዝኾነ ነዚ ኣይበለን።ብሲጋ ፍርቂ ኣሕዋቱ ዝነበሩ ያዕቆብን ይሁዳን'ኳ፥ 'ናይ ጎይታ ንእሽተይ ሓዊ' እናበሉ ዘይኮነ፥ 'ናይ የሱስ ክርስቶስ ባሪያ' እናበሉ እዮም ዝጽሓፉ፥ ክልቲኦም መልእኽታት ርኣዩ።ያዕቆብ ኣብ መእተዊ ቃሉ፥ *"ያእቆብ ናይ ኣምላኽን ናይ ጐይታና የሱስ ክርስቶሰን ባርያ ኑዮም ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ዓሰርተው ክልተ ነገድ ሰላም ይብሎ"* (ያዕቆብ.1:1)። ይሁዳውን፥ *"ይሁዳ ባርያ የሱስ ክርስቶስ ሓዉ ያእቆብን፥ ናብዮም ጽውዓት።በእግዚኣብሄር ኣቦና ፍቁራትን ንየሱስ ክርስቶስ እተሐለዉን"* (ይሁዳ.1:1)።ንሶም ባሪያ እንተ ኾይኖም እሱ ጎይታ እዩ።

ጎይታ ምባል ውልድነትካ ኣይፍሕቕን እዩ። 'ዓቢ ሓወይ' ማለት ግን ንባርነት ምእንቲ ክፍሕቕ ኮነ ኢልካ ዝቐመርዎ ቀመር እያ! ብሓቂ፥ ናይ ቃል-እምነት መስሓትያን፥ 'ባሪያ' እትብል ቃል ኣይፈትዉዋን እየም።ዓቢ ሓውኻ እንተ ኾይኑ መሰታኻ እዩ፥ መሰታኻ፥ መሻርኽትኻ እዩ፥ ምስኡ ሓቢርካ ማክያቶ ትሰቲ፥ ኣዛዚኻ ኣይኮነን፥ ምዕባይካ እንተ ኾነ'ኳ እንተ ዘይተኣዘዝካዮውን ጸገም የብሉን፥ ወይውን መሪጽካ እንተ ዘይተኣዚዝካዮ ከተረድኦን ክትእምኖን ትኽእል ኢኻ።ዓቢ ሓውኻ፥ ግን ንዕቕት እዩ! ጸርፊ እዩ!

ጎይታ፥ 'ኣነ ኣብን ሓደ ኢና' ክብል ከሎ ብናይ ኣይሁድ ግምት ተጻሪፉ እዩ።እሱ ግን ኣምላኽ ሰለ ዝኾነ፥ እግዚኣብሄር ሰለ ዝኾነ፥ ብሲጋ ዝመጸ ቃል ሰለ ዝኾነ ኣይተጻረፈን።ንሱን ኣብን ሓደ እዮም ያ! ሎሚ ግን ካልኡት ተጻረፍቲ በቒሎምልና ኣለው።ካብ መጀመሪያ ምስ እግዚኣብሄር ዘይነበሩ፥ እግዚኣብሄር ዘይነበሩ፥ ብሲጋ ዝተገለጸ ኣምላኽ ዘይኮኑ፥ ኣነን ኣብን ሓደ ኢና ይብሉና።ንሃይሉ ዮውሃንስ ተጻሪፍካ ዝብሎ ክሳብ ሕጂ ዝጠፍኤ ኣይመስለንን ኣይተስምዓን እምበር ቅድሚ ሕጂ ብዙሓት ወገናት ነጊሮሞ እዮም።ኣብ ልዕሊ ስሕተታቱ ጽሑፎም እዮም ኣይሰምዓን እምበር።ኣነውን ክብሎ፥ ሃይሉ ዮውሃንስ እዚ ዝመስል ጸርፍን ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሄር እትዛረቡ ተጻሪፍኩም ኢኹም፥ ንስኻን 'ኣብን' ሓደ ኣይኮንኩምን። ካልኡትውን እንተ ሃሊኹም ንስኻትኩምን 'ኣብን' ሓደ ኣይኮንኩምን፥ ንዓኻትኩም ምርኣይ 'ንኣብ' ምርኣይ ኣይኮነን።ጸርፉኹም ኣርሑቑልና።

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝርኣናዮም ክልተ ዓበይቲ ሓደጋታት እዮም።ሓደጋ ሓደ-ሰብ መንፈስ እንተ ኾይኑ ሲጋኡ ብሓጢያት ኣንተ ረኸሰውን መንፈሱ ዝተሓተመትን ዝተሓለወትን እያ ዝብል ናይ ሓጢያት ፍቓድነት፥ ኣለማማድነትን ተለማማድነት ክኸውን ከሎ፥ ሓደጋ ክልተ -ሰብ ኣምላኽ እዩ ክብሃል ምግባሩ እዩ።

ምዕራፍ 7
ቀዳሕቱ

ምስ'ዚ ካልኣይ ሓደጋ ተተሓሒዙ ብፍላይ ሰብ ብናይ ኣምላኽ ምስሊ ዝተፈጠረ ኣምላኽ እዩ ሰለ ዝብልዎ ብሒደት ርኢና ኢና።እዚ ክፍሊ ክንርኢ ከለና እዚ ትምህርቲ በዞም ናትና ዝተቐደሑ፧ ብናይ ኣሜሪካውያን መስሓቲያን ናይ ስሕተት ትምህርቲ መምሃራን ቦኺው ዝተሰንከተ ምኻኑውን ርኢና ኢና።እሶውን ባዕሎም ሓደ ካብቲ ካልእ እናቐድሑ እናንከራረው እዮም ኣብዚ ዘብጽሕዎ።ኬነት ሃገን ካብ ኬንየን ቀዲሑ ናቱ ገይሩ ዘቐረቦ ቃል ብቓሉ ዝሰረቐ ስርቂ እዩ። ምቕዳሕ ጥራይ ዘይኮነ ስርቂውን'ዩ።ብናይ ሰነ-ጽሑፍ ቋንቋ ፕሌጀሪዝም ይብሃል።ናይ መን ምኻኑ ከይተዛረቡ፧ ምንጩ ከይጠቐሱ ናትካ ኣምሲልካ ምቕራብ ማለት እዩ።

ናይ ምቕዳሕ መርኣያ ሓደ ገጽ ኣብ'ዚ ዚቐጽል ገጽ ይርከብ።እዚ ምቕዳሕ መጀመርያ ብ Dr Mcconnell ኣብ ዝጽሓፎ A Different Gospel ኣብ ዝተብሃለ መጽሓፍ ነይሩ ዝርኣኽዎ።ሽዑ ቅድሚ 25 ዓመታት መንፈሰ ቅዱሰን ካሪዝማዊ ቅልውላዋት ዝተብሃለ መጽሓፈይ እናጽሓፍኩ ኣብ ዝነበርኩሉ ዘንብብክዎ እዩ።ግርማዊ ኣብ ናይ ብልጽግና ወንጌል ኣብ ዝተብሃለ መጽሓፍ ካብ ዝተቐመጠ ሽዱሽተ ኮፒ ገጻት ሓንቲ ጥራይ እንተ ወሲድና ነዚ ይመስል። [8]

ናይ ሓሳብ ስርቂ ቅስጠት (Plagiarism)

ኬነት ሃገን ካብ ናይ ኬነየን ጽሑፋት ቀዲሑ ከብቅዕ ናቱ ኣምሲሉ ብዛዕባ ዘቐርቦም ሓሳባት ኣቐዲምና ተዘራሪብና ነይርና። እዚውን ሃገን ነቲ ሓሳባት ብምስራቕ ቅስጠት (Plagiarism) ኣገባብ ዝንዶሎ ተግባር ከም ዝፈጸመ ዘርኢ እዩ። ዋላ'ኳ ከምዚ ዓይነታት ናይ ስርቂ ሓሳባት

ኣዚዩ ብዙሕ እንተ ኾነውን ንኣብነት ዚኣክል እዚ ዚስዕብ ኣቕሪብናልኩም ኣለና።

Kenneth Hagin

The 22nd Psalm gives graphic picture of the crucifixion of Jesus_ more vivid than of John, Matthew or Mark who witnessed it.

He utters the strange words "But thou art holy." What does that mean? He is becoming sin.... His parched lips cry, "I am a worm and no man." He is spiritually dead_the worm. Jesus died of a raptured heart. When it happened, blood from all parts of His body poured through the rent into the sack which holds the heart. As the body cooled, the red corpuscles coagulated and rose to the top, the white serum settled to the bottom. When that Roman spear pierced the sack, water poured out first, then the coagulated blood oozed out, rolling down his side onto the ground. John bore witness of it. ("Christ Our Substitute," The Word of Faith (Mar., 1975, pp. 1, 4, 5, 7).

What does Identification mean?

It means our complete union with

E. W. Kenyon

The twenty-second Psalm gives a graphic picture of the crucifixion of Jesus. It is more vivid than of John, Matthew or Mark who witnessed it.

He says the strongest words, "But thou art holy." What does mean? He is becoming sin. Can you hear those parched lips cry, "I am a worm and no man"? He is spiritually dead. The worm. Jesus had died of ruptured heart. When that happened blood from all parts of the body poured in through the rent, into the sack that holds the heart. Then as the body cooled, the red corpuscles coagulated blood oozed out, rolled down His side onto the ground, and John bore witness of it. (What Happened from the Cross to the Throne (Seattle: Kenyon's Gospel Publishing Society, 1969), 44-45).

At once you ask, "What does identification mean?"

ኬነት ሃገን ዝፈጠሮ ዘይኮነ ዝቐድሑ ስሕተት እዩ። ዝቐድሑውን ካብ ኬነየን እዩ።ኬነየን ንባዕሉ ካብ መን ቀዲሕዎ ወይውን ካበይ ረኺቡዎ ክንብል ከለና እቲ ፍተሻ ናብ ፊኒየስ ኩምቢ፡ ካብኡውን ናብ ብዛዕባ

ባህሪ ናይ ህላወን፡ ሃቅን፡ ፍልጠትን ዝምልከት ፍልሰፍና ዲበ-ኣካልውያን (ሚታፊዚክስ) ይወስደና።እኒ ሃይሉ ዮውሃንስ ሓድ ሓደ ቃላት ብእንግሊዝ ዝዛረብዎ ዝቐድሕዎ ስለ ዝኾነ እዩ።

ኮፕላንድ ንሃገን ክቐድሐ ከሎ ብዘይ ገለ ተረፍ ገይሩ እዩ።ኬነት ሃገን 120 ዓመተይ ክመውት እየ እናበለ ይዛረብ ነበረ፧ 120 ውን ኣይበጽሐን፧ ኣብ 86 ዓመቱ እዩ ሞይቱ፧ 34 ክተርፎ ከሎ። ኮፕላንድውን ኣብ 120 እየ ዝመውት ይብል፧ ነዚ ዝበለ ሕጂ ኣብ 83 ዓመቱ እዩ።እዚኦም ሰባት ጳውሎስ ከም ዝናፈቐ ናብ ጎይታ ምኻድ ኣይናፍቑን እዮም።ምስ ምድሪ እንተ ድኣ ተኣሲርና፧ ምስ ምድሪ እንተ ተጣቢቕና፧ ምስ ምድሪ እንተ ድኣ ተላሒምና፧ ምንፋቕ እንታይ ይሰርሕ፧ እንታይ ይሰርሕ፧ Joel Osteen Your Best Life Now ኢሉ ከም ዝጽሓፎ ከም ዘስተምሃሮ እዩ ነገሩ። 'ናተይ ምርጹ ህይወት ሕጂን ኣብዘን!' እንብል ሕጂ እምበር ናይ መጻኢ ዘይንናፍቕን ሰባት እንተ ኾይና ነዚኦም ሰባት ምስማዕ ቅኑዕ ምርጫ እዩ፧ ስምዕዎም። ናተይ እቲ ምሩጽን ዝልዓለ ህይወት ገና ዝመጽእ እዩ እንብል እንተ ኾይና ግን ቃሉ ንመርመር። ኮፕላንድ ሕጂ 83 እዩ ዓመቱ፧ ድሕሪ 17 ዓመት ሚኢቲ ዓመት ክመልእ ከሎ፧ 'ዋእ' ከመይ እዩ፧ ዋእ ተረስዔ ድየ፧ ከም ዝብል ርግጸኛ እዩ።ንዕድመውን ይቐድሑ'ሞ 120 ዝብል ዘለዎ ጥቐሲ ደልዮም ይውሰኹሉ። እዚ ምውሳኽ ምስኳዕ ወይውን (ሶጊጎተ) ቃል ይብሃል፧ ብዛዕባ ሶጊጎተ ቃል ድሕሪ ቁሩብ ብዛዕባ እዚ ክዛረብ እዩ።

ምቕዳሕ እኮ ካብ ካልእ ክትምሃር እንተ ኾይኑ ክፍኣት የብሉን። ክንዓቢ ከለና ኩሉና ብምቕዳሕ እዩ እንምሃር።ምስ ዓበናውን ብምቕዳሕ ብዙሕ ንምሃር ኢና።ጥዕና ዘለዎ ምቕዳሕ ጥዕና ዘለዎ ነገር እዩ።ግን ካብ እገል እዩ ዝረኸብክዎ ክብሃል ከሎ ንምንጩ ምእንቲ ክንፍትሽ ስለ ዝገብረና ጽቡቕ እዩ።ናይ ስሕተት መምህር ስሕተት ክቐድሕ ከሎ ስሕተት ምቕዳሑ ምኻኑ ከይጠፍኣና፧ ምኽሓድ ድማ

ዘይኣድላይ ምኻኑን ምፍላጥውን ጽቡቕ እዩ።።ናይ ሃይሉ ዮውሃንስ ትምህርቲ እዩ ክብሃል ከሎ ዝተቐድሓሉ ምንጭታት ምስትውዓል ክግበረሎም ምምልካቱይ እዩ።።ኣብ ዘሓለፈ ከም ዝበልክዎ፥ እቲ ምንጪ እንተ ድኣ ተበላሸዩ እቲ ዉሓዚ ዝተበላሸዎ እዩ።።ስሕተት ክቕዳሕ ከሎን ብኻልእ ሰብ ክንገር ከሎ ናብ ቀኑዕ ኣይልወጥን እዩ።።ለውጢ የብሉን ስሕተት እዩ።።

ምዕራፍ 8
ስም ምጽዋዕ

ኣብ ውሽጢ'ዚ ስራሕ ስም እንተ ዘይጽውዕ ምፈተኹ ነይረ።ኣብ'ዚ ትምህርቲ ደጋጊመ ዝጸዋዕክዎ ስም ሃይሉ ዮውሃንስ ዝብል ስም እዩ። ካልኡት ሓደን ክልተን ሳዕ ዘጠቐስክዎም ኣስማት ኣለው።ስም ዘይምጽዋዕ ጽቡቕ ነይሩ፧ ግን እንታይ ይገበር፤ ስም ከይተጸውዔ ስሕተትን መስሓቲያንን ከመይ ገይርካ ክግለጽ ይክኣል፤ ስም ከይጠቐስኩ ቪድዮ ጥራይ ከርኢውን እንተ ኾነ ንሱ እዩ።ንስእሊ ኣቐሚጥካ ነቲ ኣውድዮ ጥራይ ከም ዝሰማዕ ምግባርከ፤ ንሱ እዩ። 'ተንቀሳቓሲ ወይውን ናይ ገጽ ምስሊ እየ ዘርኣኹ እምበር ስም ኣይጸዋዕኩን' ምባልን ምህዳምን ምምላጥን ይክኣል ድዩ፤ ኣይክኣል እዩ።ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ ምህሮታት ሓሶትን ናይ ሓሶት ልምምዳትን ይጽሕፍ እየ'ሞ ኣስማት ይጽዉዕ እየ።ነዚ ዝገብሮ ብኽልተ ምኽንያ-ታት እዩ።

1).ንሓሶት ንምግላጽ ምስቲ ሓሶት መስሓትያን ክጥቀሱ ኣለዎም። ታሪኽ ውን መምህርና እዩ።

ኣብ ልዕሊ እዚ ጉዳይ መጀመርያ ዝጽሓፍክዎ መጽሓፈይ ዝጽሓፍክዎ ቀድሚ 25 ዓመታት እዩ።ሽዑ ኣብ ሃገርና ስም ዘብቀሉ ገና ኣይነበሩን ናይ እቶም ኣብ ደገ ዘለው ወንጨፍቲ እየ ዝጠቐስኩ።ሽዑ ውን ንብዙሓት ኣሰንቢዱን ኣቐጢሁን ነበረ።ካብ ሽዑ ንኔው እናጠቐስኩ እጽሕፍ ኣለኹ። 'ስም ኣይጽዋዕን እዩ፧ ስም ኣይትጸውዕ፧ እገለ፧ ታይደ መይደ ኣይትበል' ዝበሉኒ ሒደት ኣይኮኑን።ናይ ስሕተት መምሃራን ስም ክጽዋዕ ከሎ ስግድግድ ዘብሎም፧ ሕማቕ ከይስምየም ተዓጢቐም ደዉ ዝብሉ መሕጎስቲ ስም ምእንቲ ከይጽዋዕ ተጊሆም ዝከላኸሉ

ኣስነፍቲ ብዙሓት እዮም።ስም ዘይምጽዋዕ ጽቡቕ ነይሩ፧ ግን እንታይ ይገበር፤ ስም ከይተጸዉዔ ስሕተትን መስሓትን ከመይ ገይርካ ይግለጽ፤

ንሃይሉ የውሃንስ ኣብ ቀረባ ዝርኣኽዎ ክልተ ቪድዮታት ዶ/ክ ራቪ ዘካሪያስ ዝተብሃለ ንወንጌል ንዝጣበቐ ኣድኒቑ፧ ንዶ/ክ ሃንክ ሂግራፍ ዝተብሃለ ድማ ነጻጽዩ ተዛሪቡ ኣሎ።ፍልልዮም እቲ ናይ መጀመርያ ስም ዘይምጥቃስን፧ እቲ ካልኣይ ድማ ስም እናጸዉዔ ስሕተቶም ምግላጹ እዩ። እዚኦም ክልተ ሰባት ብዕቱብ ዝርእዮምን ዝምሃረሎምን ሰባት እዮም።ራቪ ኣብ ቀረባ ግዜ ናብ ጎይታ ተኣኪቡ እዩ። ክልቲኦም ሰርቢ ናይ መኸተ ክርስትና ኣገልግሎትን ናይ ቤተ ክርስትያን ካልኣ ተኻፋሊ ዘይብሎም ሃብቲ እዮም።ኣገልግሎቶም ብቐረባ ዝፈልጡ ከም ዘስተውዕልዎ ድማ ናይ ክልቲኦም ኣቀራርባ ነናይ ርእሱ መልክዕ ኣለዎ።ሃይሉ የውሃንስ ዝጸየፎ ሃንክ ብስም እናጠቐሰ ዝገልጾም ሰባት ብስም ተጠቒሶም እንተ ዘይተገሊጾም እንትርፎ ብኻልኣ መገዲ ምግላጽ ኣይክኣልን!

ሃንክ ብሱልን ተሪር ናይ መኸተ እምነት ሰብ፧ ናይ ዕለታዊ ሬድዮ መምህርን ናይ ብዙሕ መኸተ ክርስትና መጽሓፍቲ ዝጽሓፈ እዩ።ኬነት ኮፕላንድን ግሎርያ ሰብኣይን ሰበይትን ወሲኹ ናይ E.W. Kenyon, K.E.Hagin, Benny Hinn, F.K.C Price, John Avanzini, R.Tilton, Marilyn Hickey, P.Yonggi Cho, Jerry Savelle, Charles Capps, Paul Crouch, Joyce Meyer,Paule White, Joel Osteenን ካልኡት ናይ ቃል-እምነት ሰበኽቲ ዝተወጠሙን ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝወጹ ስሕተቶም ከይደኸመ ዝገለጸ ሰብ እዩ።ኣዚዮም ብዙሓት ናብዚ መጻወድያ ትምህርቲ ከይኣትዉ ዝረድኡ፧ ዝኣተው ምእንቲ ክወጹ ዝጽዓረ ኣገልጋሊ እዩ።ክንደይ ዝኾነ ወጺኦም፤ ክንደይ ዝኾኑ ኣምሊጦም፤ ሃንክ ብናይ ሃይሉ የውሃንስ ልሳን ክንእኣስ ነይርዎዶ፤ እዎ፧ ንምንታይ፤ ኣቡኡ ኮፕላንድ ተተንኪፉ'ዩ! ሃንክ ድማ ካብ መንጎ ዝጠቐሶም ንሃይሉ የውሃንስ ዘዕበዮ ኮፕላንድ ይርከብ'ይ።

ምናልባት ዘቐጥየ ናቱ ስም ስለ ዝተጸውዔ ክኸውን ይኽእል።እዚኦም መስሓቲያን ናይ ሰባት ደም ሰተይቲ እዮም፧ ሓደገኛታት ዘይኮኑ ንሶም ገዛእ ርእሶም ሓደጋታት እዮም።ሓደ ርኢኻ ሱቕ ክትብል ኣይክኣልን እዩ። ርኢኹም፧ ስም እንተ ተጸዊዑ ሱቕ ኢልካ ስም ኣይጽዋዕን እዩ፧ ትምህርቶም ክንገር ኣለዎ።ሃንክ ሃኒግራፍ ከምዚ ዓይነት ሰብ እዩ።

ሃይሉ ዮውሃንስ ብዛዕባ ሃንክ ክዛረብ ከሎ ድማ ብልሳን ኣይዛረብን እዩ ኢሉ ነበረ።።ናይ ሓሶት ትምህርቲ ንምግላጽን ምብራህን መልክዒኡ ልሳን ኣይኮነን።ልሳን'ሞ ኩንዳሊታት ይዛረቡ እዮም።።ብእስታቲስቲክስ እንተ ኾይደ ኣነ ካብ ዝፈልጦም ብልሳን ዝዛረቡ ሰባት ካብ ውሽጢ ሚኢቲ ቴስዓን ትሸዓተን ወይውን ቴስዓን ሾመንተን ሰሚያምን ተለማሚዶምን ዝዛረቡ እዮም።።በዚ ጉዳይ ክልተ ቪድዮታት (ብመንፈስ ቅዱስ ክትምላእን ብልሳን ምዝራብን ርክብ ኣለዎምዶ፧ ዝተብሃሉ ክልተ ቪዶዮታት ኣለዋሞ ርኣይዎን።[9] ንኣንበብቲ ክኣ፧ መንፈስ ቅዱስን ካሪዝማዊ ቅልውላዋትን ምዕራፍ 2 ካብ ገጽ 88 ጀሚሩ፧ ምዕራፍ 3 ካብ ገጽ 198 ጀሚሩ ርኣይዎ። [10] ንመኾተ ክርስትና ብልሳን ምዝራብ ኩቶ መለክዒ ኣይኮነን።ልሳን እንተ በዝሑ፧ ኣዚዩ እንተ በዝሑ፧ ካብ ናይ ጸጋ ውህበታት ሓደ ጥራይ እዩ እምበር ናይ መኾተ እምነት መለክዒ ኣይኮነን፧ ብፍላይ ን 1ቁሮ. ምዕራፍ.14 ንዘንበበ ሰብ ነዚ ኣይብልን እዩ።

ንመምሃራን ስሕተት ንምህሮ ሓሶት ንምግላጽን እምነት ብትኽክል ንምምካት ክንኮኖ ዘለና ነገር ናይ ክርስቶስ ደቀመዝሙርን ናይ ቃሉ ዕቱብ ተምሃራይ ጥራይ ምኻን እምበር ሓደ ወይውን ካልኣ ውህበት ምቕባል ኣይኮነን።ድማ ናይ ግዜ ዋጋ ምኽፋል ንዘፈቱ ንቃሉ ብትግሃት ንዝምርምር ዝኾነ ኣማኒ ክኸውን ዝኽእሎን ክኸውን ውን ዝተገብኦ ሓላፍነት እዩ።

ሃይሉ ዮውሃንስ ዓሚ ንዝወጸ ባዕድ-ቅይጡ ወንጌል ዶክመንተሪ ነፍሱ ኣምሪራ ስለ ዝጸልኣቶ ምስኡ ኣተሓሒዙ ኣነ ከም ዝገብሮ ከምዚ ዓይነት ቪድዮን ናይ ጽሑፍ ምግላጽ ነገር፧ ‘ናይ ስም ምጥፋእ ሚኒስትሪ’ ኢልዎ ኣሎ።ሓደ ክልተ ግዜ ዝኾነ ንዓይ ጠቒሱ ናይ ስም ምጥፋእ ሚኒስትሪ የለን ኢሉ ኣሎ።ስም ዘይምጽዋዕ ጽቡቕ ነይሩ፧ ግን እንታይ ይገበር፧ ስም ከይተጸውዔ ንስሕተትን መስሓትን ምግላጽ ስለ ዘይክኣል ስም ይገልጽ እዩ።ንስሕተት ምዝራብ ከም ስም ምጥፋእ ገይሮም ዝሓስቡን ዝዛረቡን ስለ ዘለው እዚ ስሕተት ምኻኑን ምዛራብ የድሊ።

ስሕተት ምንጋርን ስም ምጥፋእን ዝተፈላለዩ ነገራት እዮም።ናይ እዚኣም ናይ ክልቲኦም ፍልልይ ንዘይፈልጦ ከፍልጥ ይድሊ።ስም ምጽላም ማለት፧ ዘይገበርዎ ከም ዝገበርዎ ብማለት፧ ብሓሶት፧ ብፈጠራ ናይ’ቲ ሰብ ክብራ፧ ቤተሰባዊ ጉዳያቱ፧ ማሕበራዊ ርክቡ፧ ስርሑን ዝኣመሰሉ ንኽሰእን ዝግበር፧ ቤላቤሎው፧ ሕሜት፧ ተንኮል፧ ውዲትን እዩ።ሓሶት ዝኾነውን ዘይገበሮ ‘ገይሩ’፧ ዘይኮነ ‘ኮይኑ’፧ ዘይበሎ 'በለ' ስለ ዝብሃል እዩ።እዚ ስም ምጥፋእን ምጽላምን እዩ።

ንስሕተት ምግላጽ ግን ዝተዛረብዎ፧ ዘስተሃምርዎ፧ ቀሪጾምን ተቐሪጾምን ኣብ ልዕሊ ኣየር ዝገብርዎ፧ ዝጽሕፍዎ፧ ዝዝርግሕዎ ከም መርትዖ እናቐረብካ፧ እዚ ትምህርቲ ምስ ቃል ኣምላኽ ይጋጨ እዩ፧ ስሕተት እዩ፧ ሓሶት እዩ፧ ቅጥፈት እዩ፧ የስሕት እዩ፧ ካብ ሓቂ ዝርሓቐ እዩ፧ ካብ መገዲ ጎይታ የውጽእ እዩ፧ ናብ ጥፍኣት ይመርሕ እዩ፧ ኢልካ ናይ ምጥንቃቕ ተግባር እዩ።እዚ ምግባር ስም ምጥፋእ ዘይኮነ፧ እንተ ኾነ ግዳ እዚ ዘይምግባር ግን ሓደጋ እዩ።

ኣቦታት እኮ ስም እናጸወዉ ንመስሓትያን ገሊጾም እዮም።እቶም ናይ ቀደም ኣርዮስ ኢሎም ስም ኣይጠቐሱን ድዮም፧ ንስጥሮስ፧ መርቅያን፧ ሞንታኖስ፧ ሰባልዮስ፧ ኣቡልናርዮስ ወ.ዘ.ተ፧ ብዙሕ ወ.ዘ.ተ፧ ኣይበሉን

ድዮም፧ ኢሎም እዮም።።ናይ ቀረባን ናይ ዘመና ድማ Joseph Smith, Charles Russell, Herbert Armstrong, Kenneth Hagin, Kenneth Copeland **ወ.ዘ.ተ፧ ኣይበሉን ድዮም፧ ስም ዘይምጽዋዕ ጽቡቕ ነይሩ፧ ግን ስም ሓቢኢካ ንስሕተት ምግላጽ ኣይክኣልን እዩ።። ስም ምሕባእን ስሕተት ምግላጽን ሓቢሮም ኣይከዱን እዮም።።ወይ ሱቕ ምባል እዩ፧ እንተ ዘይኮይኑ ክኣ መርትዖ ምቕራብ ናይ ግድን እዩ።። ስም ምጥቃስ ዘጽልእ ነገር እንተ ኾነውን ቅኑዕ ጉዳይ እዩ።። ንመስሓትያንን ሽቀጥትን ብስም ምጥቃስ ነውሪ ኣይኮነን።።ኣብ ውሽጢ ታሪኽ ቤተ ክርስትያን ዝተገበረ ነገር እዩ።።**

2).***መጽሓፍ ቅዱስውን ስም ጠቒሶም ዝተዛረቡ ኣጠንቀቕቲውን፧ ስሞም ዝተጠቐሱ መስሓትያንውን ይነገረና።።***

ሃዋርያት ንመስሓትያን ንኽፋኣትን ብስም ጸዊየምዶ ወይስ ከምኡ ብድፍንፍን እዩም ዝሓለፍዎም፧ ጸዊየም፧ ጽሒፎም፧ ጋእጋእ ከይበሉ ጠቒሶም እዮም።።ጳውሎስ ሄሜኔዎስን ፊሊጦስን እናበለ ስም ኣይጸውዔን ድዩ፧ ጸዊው እዩ።።ኣብ 1ጢሞ.1:18-20፧ *“ኣታ ጢሞቴዎስ ወደይ፧ ከምቲ ቐደም እተባህለካ ትንቢታት እምነትን ሰናይ ሕሊናን ሒዝካ ብእኡ ጽቡቕ ውግእ ምእንቲ ኽትዋጋእ፧ እዚ ትእዛዝ እዚ ኤማዕቀብካ ኣሎኹ።። ገለኦም ነቲ ሰናይ ሕሊናኦም ደርብዮምሲ፧ ናይ እምነት መርከብ ተሰቢራቶም እያ።። 20 ካባታቶም፧ ከይጸርፉ ምእንቲ ኪቕጸው ኢለ ንሰይጣን ዝወፈኽዎም፧ <u>ሄሜኔዎስን እስክንድሮስን</u> እዮም።።”* **በለ።።**

ኣብ 2ጢሞ.1:15፧ *“እቶም ኣብ እሲያ ዘለዉ ኵላቶም፧ ካባታቶም ከኣ <u>ፍጊሎስን ሀርሞጌኔስን</u>፧ ከም ዘኽድዑኒ፧ እዚ ትፈልዋ ኣሎኻ።።”* **እዚ ሄሜኔዎስ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ሰብ እዩ።።ተጻራፊ፧ ኣፋ ካብ ልክዕ ንላዕሊ ዝኸፍት፧ ዝመርሑ ሕልና ዘይብሉ ሕልና ኣልቦ ዝኾነ ሰብ እዩ።።**

ምስ ሄሜኔዎስ ተሓባባሪ ዝኾነ ካልእ ሰብ ተጠቒሱ ኣሎ፧ *“እስክንድሮስ፡ እቲ ኣንጠረኛ፡ ብዙሕ ክፉእ ገይሩኒ። እግዚኣብሄር ከምታ ግብሩ ኺፈድዮ እዩ። 15 ንሱ፡ ኑቲ ቓልና ብዙሕ ይጻረሮ እዩ እሞ፡ ንሰኻ ድማ ካብኡ ተሐለቅ።”* ንዘይኣምኑ ሰባት ኣይኮነን ዝጸዉያ፧ ኣሚኖም ዝነበሩ ወይውን ኣመንቲ መሲሎም ኣብ መንነ ዝኣምኑ ንዝመላለሱ እምነት ገልበጥቲ ሰም እዩ ዝጠቐሰ። ‘ዝኾኑ ክልተ ኣሕዋት’ ኣይበለን። ‘ሓደ ዝኾነ ናይ ነሓሲ ኣንጠረኛ’ ኣይበለን። እንተ ዝብል ነይሩ ኣመንቲ ንኹሎም ናይ ነሓሲ ኣንጠረኛ’ ክጥርጥሩ እዮም።

ዮውሃንስ ንጋዮስ፧ ድሚጥሮስ ብስም ጸዊው ከም ዘመስገኖም፧ ንዲዮትሬፊስ ብስሙ ጸዊው ኣወጊዝዎ እዩም፧ *“ኣነ ናብታ ማሕበር ሓደ ነገር ጸሒፈ ኣሎኹ፡ እቲ ኣውራኦም ኪኾውን ዚደሊ ድዮትሬፊስ ግና ኣይቕበለናን እዩ። 10 ሰለዚ፡ እንተ መጻእኩ፡ ኣነ ነቲ ንሱ ብእኩይ ዘረባ እናጸረፈና ዚገብሮ ዘሎ ግብሪ ኽዘክሮ እዩ። በዚ ድማ ምእካል ኣብይዎስ፡ ባዕሉ ነቶም ኣሕዋት ኣይቕበሎምን፡ ነቶም ኪቕበልዎም ዚደልዩ ኾኣ ይክልክሎም ካብ ማሕበርውን የውጽኦም ኣሎ”* (3ዮው.9-10።

ጎይታ ኣብ ራእ.2:20፧ *“ግናኸ ነታ፡ ነብዪት እዩ፡ እናበለትሲ ነቶም ኣገልገልተይ ኪምንዝሩን ንጣኣታት እተሰውኤ ኺበልዉን እትምህሮምን እተሰሕቶምን ዘላ ኢዛቤል፡ ነታ ሰበይቲ እቲኣ ሰኞ ኢልካ ምርኣይካ ረኺበልካ ኣሎኸ።”*፧ ኣይበለን ድዩ፤ ሰም ከይጠቐሰ ተግባር ጥራይ እንተ ዝዝርዘርውን ምስ ተፈለጠ ነይሩ’ኳ ግን ብስም ተጠቒሱ።

እስክንድሮስ፧ ሄሜኔዎስ፧ ፊሊጦስ፧ ፊሎጎስ፧ ሄርዎጌኔስ፧ ድዮጥራጦስ፤ ኢያኔስና፧ ኢያንበሬስ፧ ኤልዛቤል ወ.ዘ.ተ ኣስማት ናይ መድሃኒት ይምስሉ እምበር ኣይኮኑን እኮ ።መስሓቲያን ብስም ምጥቃስ ነውሪ ኣይመስለና። ጳውሎስ ንመስሓቲያን ብስም እናጠቐሰ እንተ ተዛሪቡ ናይ ዘመና መስሓቲያን ብስም ዘይንጽዉዓሉ ዝኾነ ምኽንያት የብልናን። ባህልና ጽቡቕ ክኸውን ይኽእል፧ ግን ባህልና ዘይኮነ ቃል

ኣምላኽ ንስዓብ ።ስም ዘይምጽዋዕ ጽቡቕ ነይሩ፡ ግን እንታይ ይገበር፧ ስም ከይተጸዉዔ ንስሕተትን መስሓትን ከመይ ገይርካ ክግለጽ ይክኣል፧ ናይ መስሓትያን ስም ምጥቃስ ስም ምጽላም ኣይኮነን።

ስለዚ ስም ምጥቃስ ኣብ ክርስትና ታሪኽውን ኣብ ቅዱስ ቃሉ ውን ዝተነገረ ጉዳይ እዩ'ሞ ስም እናጠቐሰና ንስሕተት ምግላጽ ግቡእ እዩ።

ምዕራፍ 9
ኣማልኽቲ ኢኹም

‘ሰብ መንፈስ እዩ’ ንዝብል ምጉት ካብ ዘቕርብዎ ጥቕሲታት ቀዳማይ ምላሽ፧ ‘ንስኻትኹም ኣማልኽቲ ኢኹም’ ይብል እዩ'ሞ ኣማልኽትታት ኢና።'ይብሉ።ኬነት ኮፕላንድ ኣነ ንእሽተይ ኣምላኽ እየ ማለት ዝጀመሮ ኣብ ቀረባ ግዜ ኣይኮነን፧ ምስ ፓል ክራውች ኣብ ዝገብሮ ናይ ቴሌቪዥን ፈነወታት ካብ ናይ ቅድም፧ ካብ መንጎ እቶም ናይ ዝጸንሑ ኣብ ሓደ ነዚ ብግልጺ ተዛሪቡ ኣሎ።

ቃሉ፧ ‘ኣማልኽቲ ኢኹም’ ክብል ከሎ እግዚኣብሄር ንኣሽቱ እግዚኣብ-ሄራት፧ ናይ እግዚኣብሄር ዓይነታት፧ ናይ እግዚኣብሄር መደብ ኢኹም ማለት ድዩ፧ ብሓቂ ብዛዕባ ኣምላኽ፧ ብዛዕባ ኣምላኽነት ወይውን ናይ ርእሱ ዓይነትነትን ናይ ርእሱ መደብነት ምዝራቡ ድዩ፧ ኣብ ልዕሊ እዚ ናይ ቃል-እምነት መሰሓትያን ስነ ኣፈታትሓ ምርኣይ ግቡእ እዩ። መሰሓትያን ወይውን ናይ ስሕተት ትምህርቲ መምሃራን ብሓፈሻ ብቐረባ ክንርእዮም ከለና ጥቕሲ ኣረይቲ፧ መንዛዕቲ እዮም እምበር ጥቕሲ ኣብ ዓውዱ ምርኣይ ዝኽእሉ ሰባት ኣይኮኑን። ምህሮታቶም ብምሉኡ እንተ ትርእዩ ብኣርእስቲ እዮም ዘስተምህሩ እምበር ንባብ ብምዉሳድን ብሰፊሕ ዓውዱ ብምርኣይን ንኻልኡት ንኽርእዩ ብምግ-ባርን ኣይኮነን።ገላጺ ሰብከት ወይውን (Expository Preaching/ teaching) ዝብሃል ኣይፈልጥዎን፧ ኣይገብርዎን ውን። ሓደ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጽሓፍ ብምውሳድ ጀሚሮም ክሳብ ዝዉድኡ ኣብ’ታ መጽሓፍ ብምጽናሕ ኣይስተምህሩን እዮም።

ገላጺ ሰብከት ናብ ትንተና ቃል (ወይውን exegesis) ይመርሓና።ናብ ውሽጢ ቃሉ ኣቲና ናይ ቃሉ ሓሳብ፧ ናይ’ቲ ጽሓፊኡ ሓሳብ ሒዝና

ምእንቲ ክንውጽእ ይገብረና።እዚ እንተ ዘይኮይኑ ድማ፧ ናይ ትንተና ቃል ወይውን (exegesis) ተቓራኒ ዝኾነ eisegesis (ወይውን ሰጊጎት ቃል-ናይ ገዛእ ርእሲ ትሩጉም ወይ መግለጺ ምስኳዕ ምውሳኽ) ዝብሃል በደል ንፍጽም።ብትንተና ወይውን ኣብ ክንዲ ምፍታሕ፧ ናይ ርእስና ሓሳብ ኣብ ውሽጢ ቃሉ ንውሰኽ ንስኩዕ ናይ ምስኳዕ ስራሕ ንፍጽም፧ ምስኳዕ ዝበልክዎ ነዚ እዩ። ምስኳዕ ማለት ባህላዊ ገዛ ክስራሕ ከሎ ካብ ላዕሊ ናሕሲ ጀሚሩ ናብ ግድግዳ ዝወርድ ወራዲ ዝብሃል ዕንጸይቲ ኣሎ። ብምንዋሕ ግዜ ገዝኡ ዝኣረገ ናሕሱ ይዘጥጥ፧ ማይ ክሕዝን ምፍሳስውን ይጅምር።ነዚ ንምዕራይ ንምድልዳል ተባሂሉ ወራዲ ዕንጸይቲ ይኣትዎ፧ እዚ <u>ምስኳዕ</u> ይብሃል። ዝዘጠጠ ክወድቕ ዝቕነነ ትምህርቶም ጥቕሲ ብምስኳዕ ከደልድሉ ዝደሊዩ ሰባት ሰጊጎት ቃል እናፈጸሙ እዮም።

መስሓትያን ጥቕሲ ይብንቁሩ እምበር መጽሓፍ ኣይስተምህሩን፧ መጽሓፍ እንተ ድኣ ኣስተሚሂሮም ርእሶም ዝሃርሞም ክፍሊ ካብኡ ምህዳም፧ ምዝላል ሰለ ዘይክእሉ ነዚ ኣይገብርዎን እዮም።።ንኣብነት፧ ኬነት ኮፕላንድ ብዙሕ መጽሓፍቲ ጽሒፉ ኣሎ፧ ብገላጺ መልክዕ ስብከት ዘስተምሃረሉ ሓንቲ ውን እንተ ኾነ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ብሉይ ወይውን ናይ ሓድሽ ኪዳን መጽሓፍ ግን የለን፧ ሓንቲ ውን። እንተ ሃሊዮም ይእረም። ካብ ብሉይ ኪዳን፧ ኮነ ሓድሽ ኪዳን ዝኾነ ዝጽሓፈሉ መጽሓፍ የለን።ግናኸ ኣቕዲመ ከም ዝበልክዎ፧ 120 ዓመት ክነበር እየ ክብል ካብ ዘፍ.6:3 ወሲዱ እዩ ናቱ ትሩጉም መግለጺ ዝወሰኽሉ ዝሰክዓሉ! እዚ ጥቕሲ ብዛዕባ ኮፕላንድ ዝዛረብ ኣይኮነን። ብዛዕባ ኩሎም ደቂ ሰባት ዝዛረብ ኣይኮነን፧ እንተ ዝኸውን ነይሩ ኩሉ 120 ዓመት ገይሩ ምስ ሞተ ነይሩ። እዚኦም ሰባት ጥቕሲ ብዓንቃሪቦ መንዚያም ገሚዶም ምቕራብ ይኽእሉ እዮም።ኣማልኽቲ ኢኹም ዝብልውን ነዚ ጥቕሲ ጀሊቦም እዩም ዘየበሎ ዘብልዎ።

ኣማልኽቲ ኢኹም ናብ ዝብል ጥቕሲ ክነመጽ ከለና፧ 'ኣማልኽቲ ኢኹም' ዝብል ሓረግ ንበይኑ ካብ ሓፈሻዊ ናይ'ቲ ምዕራፍ ተዘንጢሉ ክውጽእ የብሉን።እንተ ወጺኡውን ቃሉ እንታይ ማለት እዩ፧ ንምንታይ እዩ ዝገልጸ፧ ካብ እቶም ዝገለጸም ነገራት ኣምላኽነት ኣሎዎ ድዩ፧ ኢልካ ምሕታት ናብ'ቲ ቅኑዕ መዕልቢ የብጽሓና።ኣብ መዝ.82 ዘሎ ኣማልኽቲ ዝብል ቃል ם֭יהֹלֶ֣ אֱ ኤሎሂይም ዝብል ቃል እዩ።እዚ ቃል ብቑንዱ ንእግዚኣብሄር መጸዉዒ እንተ ኣገልገለውን ንካልኡት ሰለስተ ኣካላት ውን መግለጺ ዉዒሉ እዩ፧እዚኣም ድማ ጣዖታት፧ መልኣኽትን፧ ሓለቓታት ዝኾኑ ሰባት እዮም።ንሰለስቲኦም ንርእዮም፧ ንሰለስቲኦም ክልተ ክልተ ኣብነታት ክህብ ፦

***ሀ*). ንጣዖታት ንዝምልከት ንኣብነት፧ ዘጽ.20:3 ብዘይካይ ካልኡት ኣማልኽቲ ኣይኹንካ ክብል ከሎ ንጣዖታት እዩ።ክብል ከሎ ንካልኡት ኤሎሂም እዩ።ወይውን ኣብ ዘጽ.32:1 ን 4 እቲ ህዝቢ መሴ ካብ'ቲ ከረን ከይወረደ ምስ ዶንገየ ኣብ ዝርኣዩሉ ግዜ፧ ናብ ኣሮን ተኣኪቦም፧ *"ነዚ ኾብ ምድሪ ግብጺ ዘወጽኣና መሴ፧ እቲ ሰብኣይ፧ እንታይ ከም ዘረኸቦ ኣይንፈልዋን ኢና እም፧ ተንሰእ፧ ቀቅድሜና ዚኸዱ ኣማልኽቲ ግበረልና፧ በልዎ።....ንሱ ኸኣ ካብ ኣእዳዎም ወሲዱ ብመንደል መመሰሊ ቀሪጹ፧ ኣፍሲሱ ኸኣ ምራኽ ገበሮ። ንሳቶም ድማ፧ ዎ እስራኤል፧ ካብ ምድሪ ግብጺ ዘደየቡኻ ኣማልኽትኻ እዚኣቶም እዮም፧ በሉ"* ክብል ከሎ ኤሎሂም እዩ።ስለዚ ኣብኡ ኣሮን ጠፍጢፉ ዝሰርሖ ናይ ወርቂ ምራኽ ኤሎሂይም ወይውን ኣምላኽ ድዩ፧ ጣዖት እምበር ኣምላኽሲ ኣይኮነን።ቃሉ ኣማልኽቲ ስለ ዝበሎም፧ ኣማልኽቲ ዝተብሃሉ ኩሎም ዓበይትን ንኣሽቱን እግዚኣብሄር እዮም ማለት ኣይኮነን።**

ለ*).መላእኽቲ ውን ኤሎሂይም ተባሂሎም እዮም።ኣብ መ.ዳዊት.8:5፧ *"ካብ መልኣኽቲ ቁሩብ ኣንኣሰካዮ፧ ብኽብርን ገጽን ከኣ ኸለልካዮ"* ኣብ ዝብሎ መልእኽቲ ዝብል ኤሎሂይም እዩ።ስለዚ መልኣኽቲ እግዚኣብሄር ድዮም፧ ኣይኮኑን።መ.ዳዊት.97:7፧ *"ንምስልታት ዚሰግዱን

ብጣኣታት ዚምክሑን ኮሎም ይሕፈሩ። ኮሉኹም ኣማልኽቲ፣ ኣብ ቅድሚኡ ፍጣም በሉ።" ኣብ ዝብል መልኣኽቲ ዝብሎ ኤሎሂይም እዩ።እቶም ሰገድቲ መልኣኽቲ እግዚኣብሄር ድዮም፧ ኣይኮኑን።ሓደ ወሲኽና ንርኤ መ.ዳዊት.138:1፧ *"ብምሉእ ልበይ ኤመሰግንካ፣ ኣብ ቅድሚ ኣማልኽቲ ምሲጋናኻ እዝምር።"* ኣብ ዝብለሉ መልኣኽቲ ዝብሎ ኤሎሂይም እዩ።መልኣኽቲ እግዚኣብሄር ድዮም፧ ኣይፋሉን፧ ኣይኮኑን።ቃሉ ኣማልኽቲ ስለ ዝበሎም፧ ኣማልኽቲ ዝተብሃሉ ኩሎም ዓበይትን ንኣሽቱውን እግዚኣብሄር እዮም ማለት ኣይኮነን።

ሐ). ናይ ሰብ ሓለቓታትውን ኣማልኽቲ ብማለት ይዛረብ፧ እዚ *"ሰብ ኣምላኽ እዩ"* ብዝብሉ ሰባት ዝጥቀስ መ.ዳዊት 82 ውን ስለዚ እዩ ዝዛረብ። ቅድሚ'ዚ ግን ንኣብነት ሓደ ክልተ ኣብነት ንርኤ።ዘጽ.4፧ 16፧ *"ኪኽውን ከኣ እዩ፧ ንሱ ኣፍ ይኹነካ፧ ንሰኻ ድማ ከም <u>ኣምላኽ</u> ትኹኖ፧ ንሱ ኣብ ክንዳኻ ንህዝቢ ይዛረብ"*።ክብል ከሎ ኣብ ክንዲ እግዚኣብሄር ዝብሎ ኤሎሂይም ዝብል ቃል እዩ።ሙሴ ወኪል እዩ እምበር፧ እግዚኣብሄር ኣይኮነን።

ዘጽ.7:1 እግዚኣብሄር ንሙሴ በሎ- *"እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፧ ርኤ፧ ኣነ ንፈርኦን ከም <u>ኣምላኽ</u> ገበርኩኻ፧ ኣሮን ሓውካ ድማ ነብዩ ይኹንካ።"* ክብል ከሎ ሙሴ እግዚኣብሄር ኣይኮነን፧ ክኸውን ውን ኣይክእልን እዩ።ግን ወኪል እዩ፧ ሓለቓ እዩ።እቲ ቃል ግን ኤሎሂይም እዩ።

መ.ዳዊት.82 ሓጺር መዝሙር እዩ።ኣብ መ.ዳዊት.82:6 ዝተጽሓፈ ኣማልኽቲ ኣብ ሰፍርኡ፧ ኣብ ዓውዱ ክጽናዕ ከሎ ቃሉ ኣማልኽቲ እንተ በለውን ኣማልኽቲ ወይውን እግዚኣብሄራት ምኻኖም ኣይዛረብን እዩ።ዘይምዝራቡውን ብግልጺ ይርኣይ እዩ።እዚኦም ዝተጽሓፈሎም ኣማልኽቲ ዝተብሃሉ ሓለቓታት መራሕቲ እምበር ኣማልኽቲ ከም ዘይኮኑ ይሰትውዓል እዩ።ቃሉ ኣማልኽቲ ስለ ዝበሎም፧ ኣማልኽቲ

ዝተብሃሉ ኩሎም ዓበይትን ንኣሽቱን እግዚኣብሄር እዮም ማለት ኣይኮነን።መ.ዳዊት.82 በዚ ኣረኣእያ እዩ ክርኣይ ዘለዎ እምበር ተፈሊዩ ኣይኮነን።

መ.ዳዊት.82:6 ኣነ ግን፧ "ኣነስ፣ ኣማልኽቲ ኢኹም፣ ኵላትኩም ውሉድ እቲ ልዑል ኢኹም" ኣብ ዝበሎ መዝሙር ውሽጢ ጥቕሲ.1 'ኣምላኽ ኣብ ማሕበር ኣማልኽቲ ደው ይብል፣ ኣብ ማእከል ኣማልኽቲ ይፈርድ ኣሎ'።።ብማለት ይጅምር።።ኣብ'ዚ ውሽጢ ጥቕሲ እግዚኣብሄር ዝብሎ ኤሎሂይም ዝብል ቃል እዩ።። ኣማልኽቲ ዝብል ቃል ክልተ ግዜ ዝተጽሓፈ ክኸውን ከሎ እቲ ናይ መጀመሪያ ዝተነገረ ኤል እዩ።። ኤል ናይ ኤሎሂይም ንጽል እዩ።።ወይውን ኤሎሂም ናይ ኤል ድርብ ብዙሕ እዩ።። እቲ ካልኣይ ኣማልኽቲ ዝተብሃለ ቃል ክኣ ኤሎሂይም እዩ፧ እግዚኣብሄር ምስ ዝብል ቃል ሓደ እዩ።።እዚ መዝሙር ኣማልኽቲ ክብል ከሎ ብዛዕባ ኣማልኽቲ ዘይኮነ ብዛዕባ ፈረድቲ ምዝራቡ እዩ።። ንነገሩ፧ እግዚኣብሄር ኣብ ማእከሎም ደው ዝብለሉ ናይ ኣማልኽቲ ዕቁብ የለን፧ ሃሊዩ ውን ኣይፈልጥን፧ ክህሉውን ኣይክእልን።።ዝኾኑ ኣማልኽቲ የለውን፧ ኣምላኽ ሐደ ጥራይ እዩ፧ ካልእ የለን፧ ክህሉውን ኣይክእልን።።ነዚ ንፈልጥ ኢና።።እዚ ክፍሊ ብዛዕባ ሓለቓታት፧ ዳኛታት፧ ፈረድቲ ምዝራቡ እንፈልጦ ኣብ ዝቕጽል ጥቕሲታት እዩ።።ካብ መዝ.82.2-4 ከምዚ ይብል፧ *"ክሳዕ መኣዝ ኢኹም ሓሶት እትፈርዱ፧ ንገጽ ረሲኣንስ እተድልዉ፧ ንምግዱርን ንዘኽታምን በይኑሎም፣ ንጭኑቑን መስኪንን ፍትሒ ኣውጽኡሎም።። ንድኻን መስኪንን ኣናግፍዎም፣ ካብ ኣእዳው ረሲኣን ኣድሕንዎም።"*

ትፈርዱ ኢኹም፧ ተዳልው ኢኹም፧ ፍረዱ፧ ጽድቂ ግበሩ፧ ኣድሕኑ፧ ኣናግፍዎም ዝብሉ ቃላት ዘርኢዎ እዚኣም ሰባት፧ ሓለቓታት፧ ዳኛታት፧ ፈረድቲ፧ ምኻኖም እዩ።።እሱውን ብጽድቂ ዘይፈርዱ፧ ዘዳልው፧ ፍርዲ ኣጣመምቲ ዳኛታት፧ ዘይድሕኑ፧ ዘየናግፉ ጨካናት ምኻኖም እዩ።።ድማ ኣብ ጥቕሲ 7፧ "ግናኸ ከም ሰብ ክትሞቱ፣ከም

ሓደ ኻብቶም መሳፍንቲውን ክትወድቁ ኢኹም፣ በልኩ"።ይብል። መልኣኽቲ ኣይሞቱን እዮም እሞ ብዛዕባ ሰብ ምዝራቡ ከም ዝኾነ ይርኣይ።ስለዚ፧ መዝ.82:6 ዝዛረቦ ቃል፧ 'ኤሎሂይም' ዝብል ኮይኑ፧ ብዛዕባ ኣምላኽነት ዘይኮነ ብዛዕባ ሓለቓታት ፈረድቲ እዩ።ስለዚ፧ ኣማልኽቲ ኢና ብማለት ነዚ ጥቕሲ ዝጠቕሱ ሰባት፧ 'ንሕና ሓለቓታት ኢና፣ ንሕና ፈረድቲ ኢና' ማለቶም እንተ ኾይኑ ጽቡቕ እዩ፧ ምኻኖም ክኣ የርእዩ፧ ናይ ኣየናይ ቤት ፍርዲ ፈረድቲ ምኻኖም፧ ናይ ኣየናይ ሸንጎ ዋዕላ፧ መጋቢኣን ዳኛታት ምኻኖም፧ ናይ ኣየናይ ወገን ሓለቓ ምኻኖም ይግለጹሉና የርእዩና።ብዛዕባ ኣምላኽነት ነዚ ጥቕሲ ምጥቃስ ኣይክእሉን።

ጎይታ ዝጠቕሶ፧ ኣብ ዮው.10:32-36 ከምዚ በለ፧ *"የሱስ ኸኣ፧ ካብ ኣቦይ ብዙሕ ሰናይ ግብርታት ኣርኤኹኹም።ስለ ኣየናዩ ግብሪ ኢኹም ብዳርባ እምኒ ኽትቀትሉኒ እትደልዩ ዘሎኹም፧ ኢሉ መለሰሎም።* 33 *ኣይሁድ ኸኣ፧ ሰለቲ ምጽራፍካን ሰብ ክነሰኻ ንፍሰኻ ኣምላኽ ሰለ ምግባርካን እምበር፣ ሰለቲ ጸቡቕ ግብርታትካሰ ኣይኰንናን ብእምኒ እንቕትለካ፧ ኢሎም መለሰሉ።* 34 *የሱስ መለሰሎም፧ ኣብ ሕግኹም፧ ኣነ፧ ኣማልኽቲ ኢኹም፣ በልኩ፧ ዚብልዶ ኣይተጻሕፈን እዩ፧* 35 *ኑዩም ቃል ኣምላኽ ዘመጸሎም ኣማልኽቲ ኾብ ዚብሎም፣ -ጽሑፍ ኪፈርስ ኣይከኣልን እዩ፦* 36 *ኑቲ ኣቦ ዝቕደሶ ናብ ዓለምውን ዝለኣኾ ግዳ፧ ወዲ ኣምላኽ እየ ሰለ ዝበልኩኹም፧ ከመይ ኢልኩም፧ ትጻረፍ ኣሎኻ፧ ትብሉኒ ኣሎኹም፧"* ነይሩ ዝበሎም።

ጎይታ ነዚ ዝብሎ፧ 'ኣነን ኣብን ሓደ ኢና' ክብል ከሎ ብዳርባ ክሃርምዎ እምኒ ኣብ ዘልዓልሉ ግዜ እዩ። እቶም ኣብኡ ዝተጠቕሱ ፈረድቲ፧ ሓለቓታት፧ ፍርዲ ጠወይቲ ኮይኖም ከለው፧ ናይ እግዚኣብሄር ቃል ዝመጸሎም ሰባት ስለ ዝኾኑ፧ ናቱ ወኪላት ስለ ዝኾኑ፧ ኣማልኽቲ ካብ ተብሃሉ፧ ደቂ እቲ ልዑል ካብ ተብሃሉ፧ ኣነ ወዲ ኣምላኽ እየ ስለ ዝበልኩ፧ 'ኣብ' ዝቕደሶ ናብ ዓለምውን ዝልኣኾ፦ ትጻረፍ ኢኻ ትብሉኒ

ኣለኹም፧ እዩ ዝብሎም።።ከመይ ዘይፈልጡ ከም ዝኾኑን ሕጉን ቃሉን ከም ዘይፈልጡ ኣርእይዎም እምበር፧ ንሶም ወይውን እዚኦም ኣማልኽቲ ምኳኖም እናመልከተ ኣይኮነን።።ኣብ'ዚ ኣማልኽቲ ዝተብሃለ ቃል ኣብ ላዕሊ ከም ዝርኣናዮም ንጣያታትን ንመልኣኽትን ወሲኹ፧ ንገዛእትን ንፈረድትን ብዙሕ ግዜ ዝተጠቐሰ ቃል እዩ።።ብዛዕብ ናቱ ኣምላኽነት ድማ እዚ፧ ንሶም ውን እንታይ ማለቱ ስለ ዘይተረድኦም እዩ ብዳርባ እምኒ ክሃርምዎ ዝሓሰቡ፧ ኣምላኽነት ድማ ሓቂ እዩ'ሞ ኣተሓታቲ ኣይኮነን።።ኣብ'ዚ ናይ የሱስ ኣምላኽነት ኣብ ውሽጢ ሕቶ ስለ ዘይኣተዎ መልሲ ክውሃቦ ዝግባእ ኣይኮነን፧ ኣብዚ ግን ናይ የሱስ ኣምላኽነት ኣብ ውሽጢ ሕቶ ስለ ዝኣተወ እዩ ብዳርብ እምኒ ክሃርምዎ ዝሓሰቡን ኑቲ ቃል ዝጠቐሰሎም።። ንሶም ፈረድቲ ጥራይ ዝኾኑ ኤሎሂም ካብ እተብሃሉ፧ ኣነ ወዲ ኣምላኽ እየ ስለ ዝበልኩ ነዚ ከመይ ገይርኩም ትብሉ፧ እዩ።።ስለዚ ኣብኡ ዝተጠቐሰ ቃል ብዝተጠቐሰሉ፧ ጎይታውን ብዝተዛረበሉ መልክዕ ብዛዕባ ኣማልኽቲ ወይውን ሰብ ኣምላኽ እዩ ብዛዕባ ዝብል ስሕተት ኣይዛረብን እዩ።።

ናይ ስሕተት ምህሮታት ሓደ መፍለጢ ኑቲ ስሕተታት ዘስተምህሩ መምህራን ኑቲ ግልጺ ዝተሓላለኸ ምግባሮም ፈተልቲ ፈታሕቲ ገይሮም ንርእሶም ምቕራቦም እዩ።።መስሓቲያን ኣብ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ቤተ ትምህርቲ ኣቲዮም ዘይምህሩ ነዚ እዩ።።ድሕሪ'ዚ ዝኾነ ምስጢር ዝተገለጸሎም፧ ትርጉሙ ከም መሸረብ ማይ ዝተደፍኦም፧ ካልኡት ክስከምዎ ክርድእዎ ዘይክእሉ ሓቂ ዝወደቐም ገይሮም እናለፍለፉ ንዘይተምህሩ ዓይኹ እናደናገሩ ይነብሩ።።እዚ ኣቐድም ኣቢልና ዝርኣናዮ ግናስቲሲዝም ዝተብሃለ ስሕተት ሓደ ገጽ እዩ።።

መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ መጀመሪያ ዝተጽሓፈሎም ናይ መጀመሪያ ተቐበልቲ እንተ ሃለው ውን መለኮታዊ ምንጩ ዶብን ዘመንን ተሰጋሪ ይገብሮ እየ'ሞ እዚ ቃል ንሕናውን ተሓሰብቲ ኮይና፧ ንሕናውን ተሓሲብና ዝተጽሓፈ ቃል እዩ።።ንዓና ምስጢርና ድፍን ኮይኑ ንዕኡም

ናይ ትርጉም ምንጪ ዝፈሰሶም ገይሮም ከርእዩ እንተ ጽዓሩውን እቲ ሓቂ ግን እዚ ኣይኮነን።።ግናክሰቲካውያን 'ፍልጠት ኣለና' ዝብልዎ ኣብ ልዕሊ ካልኡት ንናይ ርእሶም ስሕተት ንምጽዓን እዩ።።ዝኾነ ብናይ እግዚኣብሄር መንፈስ ዳግም ዝተወለደ ኣማኒ ኣብ ኢዱ ዘሎ ቃል፧ ኣብ ውሽጢ ዝነብር መንፈስ ቅዱስ ከረድኦ ይኽእል እዩ።።ቃሉ ድማ ዝተጠዋወየ፧ ዝተሓላለኸ፧ ዝተዓጸፈወ ዘይኮነ ግልጺ እዩ።።እቲ ዝተጽሓፈሉ ቃል ስምዒት ዝህብ እንተ ኾይኑ ካልእ ስምዒት ክንደሌሉ ዝግባእ ኣይኮነን።።መጽሓፍ ቅዱስ ካብ እንሓስቦን እንግምቶን ንላዕሊ ግልጺ እዩ።።ንኣብነት፧ እዚ ኣብዚ እንዘራረበሉ 'ሰብ መንፈስ እዩ ወይውን ሰብ ኣምላኽ እዩ' ዝብልዎ ስሕተት፧ ስለ ዝሓላለኽዎ ስለ ዝሸናኸርዎ መልሲ እንህብሉ ጉዳይ ኮይኑ እምበር ግልጺ እዩ፧ ሰብ ኣምላኽ ዘይኮነ ሰብ እዩ።።ሰብ መንፈስ ዘይኮነ፧ ሰብ ሰብ ምኻኑ ኣዚዩ ግልጺ ሓቂ እዩ።።

ሰብ ኣብ ውሽጡ ሲጋ ዝሓድር ነፍሲ ዘለዎ መንፈስ እንተ ዝኸውን ነይሩ፧ መጽሓፍ ቅዱስ ነዚ ንምባል ዝኾነ ዝእግዶ ነገር የልቦን።።ንሶም ከም ዝብልዎ ገይሩ ከቕርቦ ይኽእል ነይሩ።።ክፍጠር ከሎ ሰብ ኣብ ክንዲ ማለት ኣብ መጀመሪያውን 'መንፈስ' ምስ በሎ ነይሩ።።መጽሓፍ ቅዱስ ዋላ ሓንቲ ነገር ከይሓብኤ ዝዛረብ ቃል እዩ።።ሰብ ዝብል ቃል ኣብ ክንዲ ዝብል መንፈስ ክብል ይኽእል ነይሩ።።ግናኸ፧ ንሰብ ሰብ ኢልዎ።።ሰብ እዩ'ያ! ሰብ መንፈስ ነይሩ እንተ ዝኸውን ንሰብ መንፈስ እናበለ ንምጽዋዕ ዝኾነ ዘይክልክሎ ብዓል ስልጣን ቃል እዩ።።ሰብ ክጅመር ከሎን ክውዳእ ከሎን ሰብ ኣምበር መንፈስ ኣይኮነን።።ስለዚ እዩ ኽኣ ንሰብ ሰብ ዝብሎ።።

'ንሰኻትኹም ኣማልኽቲ ኢኹም' ዝብል ኣብ ውሽጢ ቃሉ ዝተጽሓፈ እዩ።።ኩሎም ዝተጽሓፉ ነገራት ግን ስለ ዝተጽሓፉ ጥራይ ኩሉ ግዜ ዝተጽሓፉ እዮም ማለት ከም ዘይኮነ ንምፍላጥ ናይ ቃሉ ኣገባብን ዓውዱን ምፍላጥ ናይ ግድን ይብል።።ንኣብነት፧ኣብ መ.ዳዊት.22:6 ዳዊት፧ *'ኣነ ሓሰኻ እየ ሰብ ውን ኣይኮንኩን'* ።።ይብል።።ኣብ ኢሳ.41:14

ውን ተመሳሳሊ ሓሳብ ንረክብ።ዳዊት ሓሰኻ ድዩ ወይስ ሰብ፧ ሓሰኻ እየ ክብል ከሎ ብሓቂ እንታይ ይብል ኣሎ ንምርዳእ ዓውዱ ክርኤ ይግባእ።መ.ዳዊት.139:14፧ *'ግሩምን ድንቅን ኮይነ ተፈጢረ እየ'ም የመሰግነካ'* ይብል።ኣብ ዘቕጽል ጥቕሲ፧ ኣዕጽምተይ ካባኻ ኣይተሰወራን ይብል።ሓሳኻ ድማ ዓጽሚ የብሉን።ስለዚ ሓሰኻ እየ ክብል ከሎ ሓሰኻ ድዩ፧ ኣይኮነን፧ እቲ ዝተጽሕፈ ብጥንቃቐ ኣብ ዓውዱ ክርኣይ ኣለዎ።ነይታ፧ ኣብ ዮውሃንስ.15:5፧ *ኣነ ናይ ወይኒ ጉንዲ እየ ንስኻትኩም ውን ጨናፍር ኢኹም።ክብል ከሎ* ኩሉና ንሱን ዕንጸይቲ ኢና ማለት ድዩ፧ ኣይኮነን።ነዚ'ዩ ዝተጽሓፉ ነገራት ኩሎም ስለ ዝተጽሓፉ ጥራይ ኩሉ ግዜ ዝተጽሓፉ እዮም ማለት ዘይኮነ።ናይ'ቲ ዝተጽሓፈ ሓሳብ ንምፍላጥ ናይ ቃሉ ኣገባብን ዓውዱ ንምፍላጥ ናይ ግድን ኣድላይ እዩ።ካብ ዓውዱን ኣገባቡን ወጻኢ ዘቕርብዎም ካልኡት ክልተ መሚጎቲ ጥቕስታት ኣለው።ሓደ ካብኡ ናይ መለኮት ባህሪ ተኻፋልነት እዩ።

ምዕራፍ 10
ናይ መለኮት ባህሪ ተኻፋሊ ምኻን መለኮት ይገብረና ድዩ፧

እዚ ናይ መለኮት ባህሪ ተኻፈልቲ ዝብል ሓሳብ ሰብ መንፈስ እዩ ወይውን ሰብ ኣምላኽ እዩ ዝብሉ ሰባት ስሕተት ደጋፊ ኮይኑ ዝቐርብ ካልእ መሟጎቲ። ሰብ መንፈስ እዩ ዝብሉ ሰባት፥ ንሕና ኣምላኽ ኢና ይብሉ።ከመይ፧ ናይ መለኮታዊ ባህሪ ተኻፋሊ እየ'ሞ ኣምላኽ እየ ወይውን መለኮታዊ እየ ይብሉ።ኣውራ ጥቕሲ 2ጴጥ.1:4 እዩ፥ “*ብእኡ እታ ኽብርትን ዓቢይን ተሰፋ ዘረኽብና፡ ኣብ ዓለም ብፍትወት ሰጋ ኻብ ዘሎ ጥፍኣት ወጺእኩም፡ ተማቐልቲ እቲ ኣምላኻዊ ባህርይ ምእንቲ ኽትኩኑ*”።ይብል።ኣብ ውሽጢ መልእኽቲ ጴጥሮስ ዝተጽሓፈ ባህሪ ዝብል ቃል ኣብ ካልኡት ቦታታት ፍጥረት ወይውን ተፈጥሮ ዝብል ሓሳብ እዩ።ኣብዚ እናተነጻጸረ ዘሎ ድማ ናይ ዓለም ክፉእ ትምኒትን ናይ እግዚኣብሄር ባህሪ ኣባና ክግለጽ እዩ።ሓሳቡ ንምፍቓጥ ነቲ ምዕራፍ ካብ መጀመርያ ጀሚሩ ንርኣዮ።2ጴጥ.1:1-4፦

“ሰምኦን ጴጥሮስ፡ ናይ የሱስ ክርስቶስ ባርያን ሃዋርያን፡ ናብቶም ማዕረ እታ ናትና ዘኽብረታ እምነት ብጽድቂ ኣምላኽናን ብመድሓኒናን የሱስ ክርስቶስን እተመቐሉ፡2 ብፍልጠት ኣምላኽናን ጐይታናን የሱስን ኣባኻትኩም ጸጋን ሰላም ይብዛሕ። 3 እቲ ብፍልጠት ክብሩን ደግነቱን ዘጸውዓና ኣምላኻዊ ሓይሉ ንህይወትን ንፍርሃት እግዚኣብሄርን ዚኸውን ኵሉ ኻብ ዚህበና፡ 4 ብእኡ እታ ኽብርትን ዓቢይን ተሰፋ ዘረኽብና፡ ኣብ ዓለም ብፍትወት ሰጋ ኻብ ዘሎ ጥፍኣት ወጺእኩም፡ ተማቐልቲ እቲ ኣምላኻዊ ባህርይ ምእንቲ ኽትኩኑ” ።

ካብ መለኮት ባህሪ ተማቓልቲ ዝብል ቃል በቲና ሰለስተ ዓበይቲ ቃላት ብተናጸል ንርኣዮም። ሰለስቲኦም ዓበይቲ ቃላት፧ ባህሪ፡ ተማቓልቲ ወይውን ምክፋልን፡ መለኮት እዮም ።ቃል ከም እንፈልጦ ናይ ሓሳብ ተሸካሚ እዩ።ሓሳብ ብቓል እዩ ዝግለጽ።ቃሉ እንተ ዘይፈሊጥናዮ ሓሳቡ ከንጭብጦ ስሒትና ከነስሕት ንኽእል ኢና፧ ወይውን ቃሉ ፈሊጥና ኮነ ኢልና ዘይበሎ ከነብሎ ንኽእል ኢና።መስሓትያን ብዙሕ ግዜ ዝገብርዎ እዚ ካልኣይ እዩ፧ ኮነ ኢሎም ቃሉ ዘይበሎ ክብል ይገብርዎ።ካብ እቶም ሰለስተ ቃላት ናይ መጀመርያ መለኮት እዩ።

ሀ.መለኮት ወይውን ናይ መለኮት ባህሪ

ነዚ ሓሳብ ኣብ ትሕቲ ባህሪ ብዝብል ምስ መለኮት ባህሪ ኣተሓሒዝና እንደ ገና ክንርእዮ ኢና።መለኮት ኣምላኽነት ወይውን ኣምላኻውነት እዩ። ናይ መለኮት ባህሪ ተማቓሊ ምኳን ናይ መለኮት ወይውን ናይ እግዚኣብሄርነት ተማቓሊ ምኳን ኣይኮነን ወይውን ምምሉኣት ኣይኮነን። ንሕና መለኮት ኣይኮናን፧ መለኮት ውን ኣይንኸውንን ኢና፧ ሞርሞናት ከም ዝብልዎ ናብ ምምልኣት እንዓቢ ውን ኣይኮናን።ንሕና ሰባት ኢና፧ ግሩምን ድንቅን ኮይና ዝተፈጠርና ሰባት ኢና።ሰብ ምኳን ፍጥረትና እዩ።ሰብነት ልክዕና እዩ።ብልክዕና ከም ዝተሰፈየ ክዳን፧ ዘጸብቐልና መንነት እዩ።ሰብ-ነት።

እግዚኣብሄር መደብ ወይውን መስሓትያን ከም ዝብልዎ፧ Class ዘለዎ ድማ ንሕና ናብኡ እንበጽሕ ዓይነት ኣይኮናን።ንዕኡ ዝመስል ካልእ የለን።ካልእ ኩሉ ነገር ፍጡሩን ፍጥረትን እዩ።ስለዚ ብዛዕባ መለኮት ክንሓስብ ከለና ፈጣሪነት ንሕሰብ።ብዛዕባና ክንሓስብ ከለና ድማ ብዛዕባ ፍጡርነት ንሕሰብ።

ካብ መለኮት ባህሪ ተማቓሊ ምኳን ከም ቃሉ ተማቓሊ፧ ተሳታፊ ዝተውሃበና ተቐበልቲ ምኳን እምበር ነቲ ዝተማቐልዎ ነገር ንዕኡ

ምኻን ኣይኮነን።።ንኣብነት፥ ሰብ ዘልኣለማዊ ኣይኮነን እሞ ብርእሱ ህይወት የብሉን፥ ዘልኣለማዊ ኣይኮነን እሞ ናይ ህይወት ምንጪ ኣይኮነን። ፍጡር ምኻኑ ካብ ኣምላኽነት ተርታ ከይበጽሕ ይገብሮ። ኣምላኽ ድማ ፈጣሪ እምበር ፍጡር ኣይኮነን። እግዚኣብሄር ውን እኮ ዘልኣለማዊ ብምኻኑ ምኽንያት ብሓደ ግዜ ፈጣርን ፍጡርን ኣይከውንን እዩ።እዚ ብርእሱ ምኻኑ ዘይክኣል እዩ።ቃል ስጋ ለቢሱ ወይውን ብስጋ መጽዩ ማለት ተፈጢሩ ማለት ኣይኮነን፥ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ መንነቱ፥ ኣብ ልዕሊ ኣብ ልዕሊ መለኮቱ ስጋ ወሲዱ፥ ስጋ ሒዙ፥ ስጋ ወሲኹ፥ ብስጋ መጺኡ እምበር ተፈጢሩ ማለት ኣይኮነን።ከም ፍጡር ካብ ተረኽበ፥ ካብ ዘይምኳን ናብ ምኻን፥ ካብ ዘይምህላው ናብ ምህላው እንተ መጺዩ፥ እንተ ተፈጢሩ፥ ቅድም ዘይነበረ ማለት እዩ። ቅድም ዘይነበረ እንተ ኾይኑ ዝተፈጠረ ማለት እዩ።እንተ ተፈጢሩ ድማ ኣምላኽ ኣይኮነን፥ ኣምላኽ ኣይፍጠርን እዩ።ኣምላኽ እንተ ተፈጢሩ ዘይነበሮ፥ ዘይተፈጠረሉ ግዜ ነይሩ ማለት እዩ።

ካልእ ኣብነት፥ ካብ መለኮት ባህሪያት ሓደ ኣብ ኩሉ ቦታ ክትረክብ እንተ ወሲድና፥ መለኮታዊ ባህሪ እዩ እንትርፎ እግዚኣብሄር ጥራይ ኣብ ኩሉ ቦታ ክርከብ ዝኽእል ፍጡር የለን።መልኣኽትውን መንፈሳውያን ፍጡራን ኮይኖም፥ ኣብ ሓደ ግዜ ኣብ ሓደ ቦታ እምበር ኣብ ኩሉ ቦታ ወይውን ኣብ ሒደት ወይውን ዋላ ኣብ ክልተ ቦታ'ኳ ኣብ ሓደ ግዜ ኣይርከቡን እዩም።ሰማያትን ምድርን ርእሶም ዝተፈጠሩ ናይ ቦታ መርከብን ዶብን እዮም።ፍጡር ምስ ተፈጠረ ካብ እዚኣም ቦታታት ኣብ ሓደ ቦታ ጥራይ እዩ ዝርከብ።ኣሸንኳይ ኣብ ኩሉ ቦታ፥ ኣብ ብዙሕ ቦታውን ክርከብ ኣይክእልን እዩ።ኣሸንኳይ ኣብ ኩሉ ቦታ፥ ኣብ ክልተ ቦታ ክርከብ ኣይክልን እዩ። ኣብ ምድሪ እንተ ኾይኑ ኣብ ሰማይ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ኣብ ምድሪውን ኣብ ሓደ ቦታ እንተ ተረኺቡ ኣብ ካልእ ቦታ ክርከብ ኣይክእልን እዩ።ድሕሪ ትንሳኤውን፥ ብመንፈሳዊ ኣካል ክንከውን ከለና ውን ኣብ ኩሉ ቦታ ክንርከብ ክንኮኖ ዘይንክእሎ ነገር እዩ።ዝኾነ እንተ በጣጠስና፣ እንተ ኣጠባበቕና ኣብ

ኩሉ ቦታ ክንርከብ ኣይንኽእል ኢና።ካልኡት ባህሪያትውን ኩሉ ምፍላጥ፧ ኩሉ ምኽኣል እንተ ወሲድና ከምኡ እዩ።እዚኦም ናይ በይኑ ናይ እግዚኣብሄር ባህሪያት ጥራይ እዮም። ዘይሰገሩ፧ ዘይመሓላለፉ፧ ናይ በይኑ መለኮታዊ ባህሪያት እዮም።

እቶም ተሳገርቲ ባህሪያት ግን ኣብ'ዚ እንተ ኾነ ውን፧ ኣብዚ ውሽጢ ስጋ እናሃለናውን ክንለማመዶም ተነጊርና እዩ። ተማቐልቲ ምኳና ኣብ ልዕሊ እዚ እዩ።ንኣብነት፧ ኣብዚ ጴጥሮስ እናተዛረበሉ ዘሎ ጉዳይ ቅድስና እዩ።እቲ ንጽጽር ኣብ ዓለም ዘሎ ጥፍኣትን ክፉእ ትምኒትን ኣብዚ እንተ ኾይኑ ቡቲ ናይ መለኮት ወገን ዘሎ ናይ'ዚ ተቓራኒ እዩ። እዚ ውን ንእግዚኣብሄር ናይ ምምሳል ጉዳይ እዩ።ናይ ቅድስና ጉዳይ እዩ።ቅድስና ዝሰግር ባህሪያቱ እየ'ሞ ንእግዚኣብሄር እንመስሎ ብዝተቐደሰን ንዕኡ ብዘንጸባርቕ ኣናባብራ ምኳኑ እቲ ምዕራፍ ብምሉኡን ብምሉእ እቲ መጽሓፍ ብምንባብ ንግንዘብ ኢና።ናይ ባህሪ ተማቐልቲ ሰባት ከለና ንዕኡ ናይ ምምሳል መሰርሕ እምበር ኣምላኽ ናይ ምኳን ጉዳይ ኣይኮነን።ሰለሰቲኣም ቃላት ብዝርዝር ከም ዝርኣናዮም፧ ናይ መለኮት ባህሪ ተማቓልነት እዚ እዩ።

ለ). ባህሪ

ናይ ባህሪ ተማቓሊ ምኳን ማለት ኣብ 2ጴጥ.1:4 ከም ዝተጽሓፈ፧ ካብ ፍጡርነት ናብ ፈጣሪነት ዝግበር ዝላ ወይውን ናይ ምምልኳት ወይውን መለኮት ናይ ምኳን መሰርሕ ኣይኮነን።ክጅመር ከሎ ዝተፈጠርና ምኳኑ እዚ ንበይኑ ጥራይ ኣምላኽ ኣይገብረናን እዩ። ዝተፈጠርና ምኳና ካብ ፈጣሪነት ሜዳ የውጽኣና።ዝተፈጠርና ብምኳና እዚ ጥራይ፧ 'ፍጡር እምበር ኣምላኽ ኣይኮንኩምን' ይብለና። ኣምላኽ ይፈጥር እምበር ኣይፍጠርን እዩ። ስለዚ ሓደ ነገር፧ ሓደ ፍጥረት፧ ሓደ ፍጡር፧ ፍጡር እንተ ኾይኑ፧ ፍጡር ምኳኑ ጥራይ ኣምላኽነት ወይውን ንፈጣሪነት ይሰርዞ። ክጅመር ከሎውን ክንፍጠር

ከለና ብባህሪና ፍጡራት ስለ ዝኾና ኣምላኽ ኣይኮናን፧ ክንከውን ውን ኣይንኽእልን ኣምላኽ ኣይፍጠርን እዩ።

ባህሪ ናይ መንነት መግለጺ እዩ።ባህሪ ንዘብል ቃል ብጥቕልሉ እንጥቀመሉ ናይ እንግሊዝ ቃል (Nature) ወይውን (Character) ክኸውን ከሎ እዚ መንነት፧ ንፍጥረት ወይውን መግለጺ ጠባይ ዘርኢ እዩ።ጠባይ ክንብል ከለና፧ ጠባይ ክልተ ትርጉም ኣለዎ፧ ሓደ ኣመል እዩ።ነዚ ማለት ኣይኮነን።ካልእ ትርጉሙ ካብ ናይ ደስታ ተኽለወልድ መዝገበ ቃላት ክወስድ እሞ ክፈትሖ። ከምዚ ይብል፧ ‘ጠባይ (ያት)፧ ጠብዐ፧ ጠባይዕ፧ ናይ ፍጥረት ኩሉ ሱር፧ መሰረት፧ ባህሪ፧ ባሕሪ፧ መሬት፧ ማይ፧ ንፋስ፧ እሳት’ይብል።ባህሪ ማለት ናይ ፍጥረት ሱር መሰረት እዩ። ክንስራሕ ከለና፧ ክንፍጠር ዝነበርናዮ፧ ዝተሰራሕናሉ፧ ዝተፈጠርናል ነገር ማለት እዩ ባህሪ።

ባህሪ ምስ እግዚኣብሄር ክትሓሓዝ ከሎ እንጥቀመሉ ናይ እግዘሊዝ ቃል፧ ድማ ናይ ነገር መለኮት ቃል (Attribute) የሚል እዩ፧ ብኣምሓርኛ ነዚውን ተመሳሳሊ ቃል እዩ እንጥቀሞ፧ እሱውን ባህሪ ዝብሃል ቃል እዩ። መለኮታዊ ባህሪ ኣብ ልዕሊ ዝጠቐሰክዎ ናይ ደስታ ተክለወልድ መዝገበ ቃላት ከምዚ ይትርጉሞ፧ ‘ባህሪ፧ (ህላወ መለኮት)፧ ዘይተፈጠረ፧ ዘይምርመር፧ ዘይፍለጥ፧ ሕቡእ፧ ረቂቕ፧ ቅድሰተ ስላሴ ሓደ ዝገብር፧ ብስሩ፧ ብጉንዲ፧ በነቅዕ(ናይ ነገር መጀመሪኡ)፧ ዝተመሰለ ናይ ፈጣሪ ባህሪ፧ ኣምላኽነት’ ይብሎ [12]።ንመለኮት ባህሪ ህላወ መለኮት ይብሎ።ህላወ ሓያለ ትርጉማት ኣለዉዎ፧ ነዚ ዝምልከት ሓለቓ ኪዳነ ወልድ ክፈትሕዎ ከለው፧ ‘ህላው፧ ኣካል ገጽ፧ ቁመት፧ ኣኳውና፧ ኹነታ ይብልዎ [13]። ናይ ባህሪ ትርጉም እዚ እዩ።

ሮሜ.1:20-21 ብዛዕባ ናይ ኣምላኽ ባህሪ ክዛረብ ከሎ፧ *“ዘማኻንይዎ ምእንቲ ኽሰእኑሉ እቲ ኻብ ፍጥረት ዓለም ጀሚሩ ብግብሩ ዚፍለጥ ዘይርኤ ባህርዩ፧ እዚ ኽኣ እቲ ናይ ዘለኣለም ሓይሉን መለኮቱን ኣጸቢቑ*

ይርኤ። 21 ግናኸ ንኣምላኽ እናፈለጥዎሱ፡ ከም ኣምላኽ ገይሮም ሰለ ዘየኽበርዎን ዘየመስገንዎን ብሓሳቦም ከንቱ ኾኑ፡ እቲ ዘየስተውዕል ልቦምውን ጸልመተ።" ይብል። <u>ዘይርኤ ባህሪ</u> ኣብ ውሽጢ ዝብል ባህሪ ዝብል ቃል የለን።ዘይርኤ ነገር ከም ማለት እዩ ቃሉ።<u>ኣምላኽነቱ</u> ዝብል ግን (θειότης) መለኮት እንብሎ እዩ፡ ኣምላኽነት እዩ። ጴጥሮስ ምስ ዝጽሓፎ ቃል ይቀራረብ እምበር ምስ እዚ ሓደ ኣይኮነን። እዚ ኣብዚ ዘሎ ቃል ኣብዚ ጥራይ እምበር ኣብ ካልእ ቦታ ዘይርከብ እዩ። ልክዕ ንሰብ ወይውን ናይ ሰብ መንነት፡ 'ሰብ-ነት' ከም እንብሎ ዘሎ ቃል እዩ።ኣማላኽ-ነት ማለት እዩ።ኣምላኽ ናይ ምኻን መግለጺ ማለት እዩ።

ባህሪ፡ ናይ ውሽጢ፡ ናይ ርእሲ፡ ናይ ግሊ፡ ናይ መንነት መግለጽን ኣመልካቲ ቃል እዩ።ናይ ሰብ ባህሪ ሰብኣዊ ባህሪ ከም ዝኾነ ኩሉ፡ ናይ እግዚኣብሄር ባህሪ ናይ መለኮት ባህሪ እዩ።መለኮት ናይ እግዚኣብሄር ወይውን እግዚኣብሄራዊ ማለት እዩ።ሰለዚ ናይ መለኮት ባህሪ ናይ እግዚኣብሄር ባህሪ እዩ።ናይ መለኮት ባህሪ ናይ እግዚኣብሄር ባህሪ እንተ ኾይኑ እግዚኣብሄር ዘይኮነ ካልእ ማንም እዚ ባህሪ ክህልዎ ኣይክእልን ማለት እዩ።እግዚኣብሄራዊ ባህሪያት እንብሎም ነገራት ናይ እግዚኣብሄር ናይ ርእሱ ናይ በይኑ ዝኾነ ናይ መንነቱ መግለጺታት እዮም።

እግዚኣብሄር ብምስሉ ክፈጥረና ከሎ፡ ናይ ህይወት ትንፋስ ኡፍ ክብለልና ከሎ፡ ንዕኡ እንመስለሎም፡ <u>*እንኾኖም ዘይኮነ እንመሰሎም*</u>፡ ንሱ ዘካፈለና፡ ዝመቐለና ባህሪያት ኣለዉ።ንሕና ባህሪያትና፡ ወይውን ፍጥረት ሱር መሰረትና ንኻልእ እንካፈሎ ብውልድነት እዩ።ኣነ ካብ ኣቦይ ወይውን ወደይ ምሳይ እንመሳሰለሎም እንፈላለየሎም ነጥብታት ኣለዉ።እዚ ካብ ኣዳምን ሄዋን ጀሚሩ ዝመጸ ናይ ባህሪ ውርሻ ወይ-ውን ተኻፋልነት እዩ።ኣነን ኣቦይን ወይውን ኣነን ወደይን ንመሳሰል ኢና እምበር ሓደ ኣይኮነን።ኣነን ናይ ሲጋ ኣቦይን ንመሳሰል ኢና

እምበር ሓደ ኣይኮነን፧ ክንከውን ውን ኣይንኽእልን ።።ብዛዕባ ሰብኣይን ሰበይትን ሓደ ሰጋ ምኳን መጽሓፍ ቅዱስ ይዛረብ።።ነዚ ክብል ከሎውን'ኳ፧ኣብ ሓዳር ሓድነት ዝርከብ ስምዒታዊ ኣካልውን ወሲባውን ሓድነት ምዝራቡ እምበር ናይ ባህሪ ምውርራስ ወይውን ምስ ካልእ ምክፋል ኣይኮነን።

የሱስ፧ *"ኣነን ኣብን ሓደ ኢና"* ክብል ከሎ ግን ንመሳሰል ኢና ወይውን እቲ ሓድ ሓደ ባህሪ ካብቲ ካልእ ይወርስ ወይውን ይቕበል ማለት ዘይኮነ ብርግጽ፧ ብትኽክል፧ ብፍጹም <u>ሓደ ኢና</u> ማለቱ እዩ። ምኽንያቱ ውን እግዚኣብሄር ሓደ እዩ፧ ስለዚ ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስ፧ ሰለስተ ኣካላት ወይውን መንነታት ኮይኖም ግን ሓደ እዮም። እዚ ምኳን እዩ፧ ምምሳል ኣይኮነን። *ናትና ናይ ባህሪ ተኻፋልነት ግን ናይ ምምሳል እዩ።* ክንፍጠር ከለናውን ብምምሳል እዩ፧ ብመልክዑን ብምስሉን። ዝተጸዋዕናየውን ንምምሳል እዩ። ንወዱ ንምምሳል። የሱስ፧ 'ኣነን ኣብን ሓደ ኢና' ክብል ከሎ ሓደ እዩ።እግዚኣብሄር ሓደ ስለ ዝኾነን ንሱ ናይ ስላሴ ሓደ ኣካል ስለ ዝኾነን።ሃይሉ ዮውሃስ፧ 'ኣነ ኣብን ሓደ ኢና' ክብል ከሎ ግን ናይ መስሓቲ ስሕተት እዩ።ንሱ ናይ ስላሴ ኣካል ኣይኮነን እዩ'ሞ ንሱን ኣብን፧ የሱስን ኣብን ሓደ ብዘኾኑሉ ልክዕ ኮነ መልክዕ ሓደ ኣይኮኑን።

እግዚኣብሄር ካብ መለኮታዊ ባህሪኡ ካብ ዘካፈለና፧ ዝመቐለና፧ ዝተማቐልናዮም ባህሪያት ኣለው ማለት እዩ።።ሓድ ሓድ ተሳገርቲ ወይ ውን ተመሓላለፍቲ ክብሃሉ ከለው ገለ ገሊኡም ድማ ናይ ርእሱ ናይ በይኑ ባህሪያት እዮም። ንኣብነት፧ ኣብ ኩሉ ቦታ ክትርከብ፧ ንኹሉ ምፍላጥ፧ ንኹሉ ምኽኣል ናይ እግዚኣብሄር ናይ በይኑ ናይ ርእሱ ጥራይ ፍሉይ ዓይነት መንነቱ፧ ተማቓሊ ዘይብሉ ሃብቱ ዝኾኑ መግለጺ ባህሪያት እዮም።ምሉእ ፍልጠት ዘይኮነ ብኽፊል፧ ኣብ ኩሉ ቦታ ክትርከብ ዘይኮነ ኣብ ሓደ ቦታ ጥራይ ክትርከብ፧ ንኹሉ ምኽኣል ዘይኮነ ንእሽተይ ክእለት፧ ፍጹም ቅድስና፧ ፍጹም ፍቕሪ፧ ፍጹም

ገዛእነት ዘይኮነ ኣንጻራዊ ዝተቐበልናዮ፧ ዝተዉህብናዮ ቅድስና፧ ፍቕሪ፧ ስልጣንን ዝኣመሰሉ ድማ ዝመቐለና ባህሪያቱ እዮም።እግዚኣብሄር የፍቅር እዩ፧ ንስኻውን ተፍቅር ኢኻ፧ ንእሽተይ።እግዚኣብሄር ይፈልጥ እዩ፧ ንስኻውን ትፈልጥ ኢኻ፧ ዕንጨቒሊት።ንሱ ቅዱስ እዩ፧ ንስኻውን ቅዱስ ኢኻ፧ ካብኡ ዝተልዕለ።ንሱ ገዛኢ እዩ፧ ንስኻውን ገዛኢ ኢኻ፧ ብሒደት፧ ብልክዐ።ካብ ርእስኻ ዝኾነ ቅድስና የብልካን ዝተዉሃበካ እምበር። ንምንታይ፧ ኣምላኽ ስለ ዘይኮንካ።ሰብ እምበር፧ ዝኸበረ ሰብ፧ ግሩምን ድንቅን ፍጡር እምበር፧ ኣምላኽ ኣይኮነን።

ሰብ ክንዲ ዝኾነ እንተ ኸበረ፧ ካልእ ይትረፍ፧ ኣምላኽ ንዕኡ ከድሕኖ ሰብ እንተ ኾነሉውን እኳ ንሱ ዝድሓነ ወይ ዝድሕን ሰብ እምበር ኣምላኽ ኣይኮነን።ክፍጠር ከለውን ሰርሓቱ ኣምላኽ ኮይኑ ወይውን ክኸውን ዘይኮነ ሰብ ኮይኑ ዝተፈጠረ።ሞርሞናት ከም ዝብልዎ ሰብ፧ ዓቢዩ፧ ነዊሑ፧ ሰልጢኑ፧ በቒዑ፧ ናብ ኣምላኽነት ማዕርግ ልዕል ኣይብልንዩ። ‘እግዚኣብሄር ሓደ እዋን ከማና ነይሩ፧ ንሕና ውን ሓደ ምዓልቲ ከምኡ ንኽወን’ ይብሉ። ኣምላኽነት፧ ሰልጢኖም፧ ሕጋጋት ሓሊዮም፧ ስርዓት ፈጺሞም፧ ዝበጽሕዎ ደረጃ፧ ዝበቕዕዎ ብቕዓት፧ ኣይኮነን።ኣምላኽነቱ ዓብዮም ኣይኮነዎን፧ ኣምላኽነት ናይ ኣምላኽ ባህሪ ጥራይ እዩ።

ባህሪ ናይ ሓደ ነገር መንነት ወይውን ምንነት ፈሊዩ ዝገልጽ ናይ’ቲ ነገር መፍለጢ እዩ።ሓደ ፍጥረት ወይውን ፍጡር ካብ ካልኡት ነገራት ወይውን ምስ ፍጥረታት ዝርከበሉ፧ ዝመሳሰለሉ ነጥብታት ክህልዎ ይኽእል።እዚ ማለት ግን እቲ ነገር ካልእ እዩ ማለት ኣይኮነን።ሰብ ነፍሲ ወይውን ህይወት ኣለዎ፧ በጊዕውን፧ ንስሪውን ነፍሲ ወይውን ህይወት ኣለዎ።እዚ ህይወት ተመሳሳሊ ተፈጥራዊ ባህሪ እዩ።እቲ ሓደ ግን እቲ ካልእ ኣይኮነን።ሰብ በጊዕ ወይውን በጊዕ ንስሪ ኣይኮነን። ካልእ ሰብ ቦታ ይሕዝ እዩ፧ ግመልውን፧ እምኒ ውን፧ ዉሓዚውን ቦታ ይሕዙ እየም።ቦታ ምሓዝ ተፈጥራዊ ባህሪ እዩ።ግን እቲ ሓደ እቲ

ካልእ ኣይኮነን።ሰብ ዉሓዚ ወይውን ግመል እምኒ ኣይኮኑን።ድማ ኩሎም ዝተውሃቦም ቁሳዊ፧ ኣካልዊ ናይ ምኽኖም ተፈጥራዊ ባህሪ እዩ ዘለዎም።እቲ ሓደ ግን እቲ ካልእ ኣይኮነን።ህያው ዝኾኑ ፍጥረታት ናይ ርእሶም ፍጥረታዊ ባህሪ ንዘርኦም ይሕልፉ እዮም።ስለዚ ቆልዓ ናይ ወለዱ ናይ ተፈጥሮ ባህሪ ሒዙ ይውለድ።እቲ ዝተወለደ ውን ንዚቕጽል ወለዶ ተመሳሳሊ ባህሪ የመሓላልፉ።

ናብ መለኮታዊ ባህሪ ክመጽእ ከለና ግን እዚ ተፈጥራዊ ባህሪ ኣይኮነን። እግዚኣብሄር ዝተፈጠረ ስለ ዘይኮነ ናይ ተፈጥሮ ባህሪ የብሉን። መለኮታዊ ባህሪያት ናይ መለኮታዊ ባህሪያት እምበር ናይ ፍጥረት ባህሪያት ስለ ዘይኮነ ብውልድነት ዝመሓላለፉ ባህሪያት ኣይኮኑን።ኣነ ናይ መለኮት ባህሪ ተማቓሊ ስለ ዝኾንኩ ካባይ ዝውለድ ቆልዓ ብኣይ ምኽንያት ናይ መለኮት ተማቓሊ ኣይከውንን እዩ። ምኽንያቱ መለኮት ናይ ተፈጥሮ ባህሪ ኣይኮነን እዩ'ያ!፧ ንሕና ናይ እግዚኣብሄር ውሉድ እንኾውን ንጎይታ ብምቕባል፧ ዳግም ተወሊድካ ርክብ ወይውን ውሉድ ብምኻን እዩ እምበር ዝመሓላለፍ፧ ዝውረስ ልደትን ተቐቢ-ልካን ቀጺሉውን ንዕኡ ንሕና፧ ንኻልኡት ብምቕባል ብምቕብባል ዝመሓላለፍ ብምኻኑ ኣይኮነን።እዚ ባህሪ ዝብል ናይ መጀመሪያ ቃል እዩ።ባህሪ ናይ መንነት መግለጺ፧ መፍለጢ እዩ።መለኮታዊ ባህሪ ኣሎ፧ ሰብኣዊ ባህሪ ድማ ኣሎ።እቲ ካልኣይ ቃል ተማቓልነት እዩ።

ሐ.ተማቓልነት

ብመጀመሪያ ከነስተውዕሎ ዘለና፧ 'ተማቐልቲ ኮይና ኢና' እዩ'ኮ ቃሉ ዝብሎ።ተማቓሊ እንተ ኾንካ ካብ ዘሎ ነገር እዩ እትካፈሎ።እቲ ዋና ኣሎ፧ ካብ'ዚ እዩ ተዋሂብካ፧ እትማቐሎ፧ እትሳተፎ፧ እትቋደሶ።እዚ ቃል፧ (መስሓትያን ካብ እንግሊዝ ተዛረብቲ ዝሰምዑን ከም ሕንጻይ (ፓፓጋሎ) ዝደግሙልና ኣይኮነን ድዩ፧) እቲ ናይ እንግሊዝ ክንርእዮ ከለና (Partaker) እዩ ዝብል።ናይ'ዚ (Partaker) ዝተብሃለ ናይ

እንግሊዝ ቃል ትርጉም ከምዚ ይብል፤ Have Some Of The Qualities Or Attributes Of Something. **‘ናይ ሓደ ነገር ሒደት ወይውን ዝተወሰነ ባህሪያት ወይውን መግለጺታት ምሓዝ፧ ምቕባል’ እዩ ይብለና።**

ናብ ምንጪ እቲ ቃል ድማ ጴጥሮስ ናብ ዝጽሓፈሉ ንኺድ።ኣብ’ዚ ተማቓሊ ዝብል ቃል ሓድሽ ኪዳን ብዝተጽሓፈሉ ቋንቋ፧ ኮይኖኖስ ዝብል እዩ κοινωνός ።እዚ ቃል ከም ሰምን ከም ግስን ይኸውን። ከም ሰም ክዉሰድ ከሎ መሰታ፧ ማሕበርተኛ ማለት እዩ።ከም ግሲ ድማ ምክፋል ወይውን ተኻፋሊ ምኻን፧ ሱታፌ ምግባር፧ ተሳታፊ ምኻን፧ ዝብል ሓሳብ ከርኤና ከሎ፧ ካብ ካልእ ዝቐበል ወይውን ገለ ሒደት ጥቕስታት ንርኤ።ብመጀመሪያ ጴጥሮስ እዩ ነዚ ቃል ዝጽሓፎ እሞ ባዕሉ ጴጥሮስ ኣብ ካልእ ቦታ ነዚ ቃል ከመይ ከም ዝጠቐሶ ንርኤ፦

1ጴጥ.5:1፧ *“እምብኣርሲ ኑቶም ኣብ ማእከልኩም ዘለዉ ሸማግሌታት፧ ኣነ መሸማግልቶም፧ ብሰቓይ ክርስቶስ ድማ መሰካሪ፧ ኣብቲ ደሓር <u>ኪግለጽ ዘልዎ ኽብሪውን ተማቓሊ እየ</u> እሞ፧ እምዕዶም ኣሎኹ”*

ይብል።እዚ ኣብ’ዚ ተማቓሊ ዝብል ቃል እዩ ኮይኖኖስ።ዝግለጽ ዓቢ ክብሪ ኣሎ፧ ወይውን ጴጥሮስ ነዚ ክብሪ ብምሉእ ዝወሰደ ኣይኮነን። ጴጥሮስውን እቲ ክብሪ ኣይኮነን፧ ነቲ ክግለጽ ዘለዎ ክብሪውን ገላጺ ኣይኮነን፧ እቲ ገላጺ ካልእ እዩ።ኣብ ውሽጢ እዚ ግን ግደ ኣለዎ። ተሳታፊ ወይውን ተኻፋሊ እዩ።ተኻፋሊ ብዓል ብጽሒት ማለት እዩ። ጳውሎስ ኣብ 2ቈሮ.1:7፧ *“ከምቲ ተማቓልቲ ሰቓይ፧ ከምኡ ኽኣ <u>ተማቓልቲ ምጽንናዕ</u> ከም ዝኹንኩም ፈሊጥና፧ ተስፋና ኣባካትኩም ጸንዕቲ እዩ።”* **ይብል።እቲ ሰቓይ ናይ ብዓል ጳውሎስ፧ ብምሉኡ እቲ ምዕራፍ ምንባብ ዝበለጸ ናይ ሰቓዮም መንነት የርኤና።ግን ብኣካል እንተ ዘይኮይኑ፧ ብኣካል ናይ ሰቓይ ተቐበልቲ እንተ ዘይኮኑውን፧ ብሩሕቐ ውን እንተ ኾኑ ምስ ሰብ ቈሮንጦስ ብመንፈስ ሓቢሮም ተሳቲፎም እዮም።ሕጅውን ብምጽንንያም ተኻፈልቲ ኮይኖም እዮም። ተማቓልቲ ኮይኖም እዮም፧ ምስ እቶም ዋና ተሳተፍቲ።**

ማቴ.23:30፧ *“ብዘመን ኣቦታትና ኔርና እንተ ንኸውንሲ፡ ኣብቲ ደም ነብያት ኣይምተጸንበርናን፡ ትብሉ ኣሎኹም።”* ይብል።ተኻፋሊ ዝብሉ ምጽንባር ዝብል ቃል እዩ። ኣብ'ዚ ብዛዕባ ሕማቕ ተግባርን ብዛዕባ ዘይምትሕብባር እዩ ዝዛረብ።ኮይኑ ግን፧ ገበርቲ ኣለው፧ ተሓባበርቲ ድማ ኣለው።ተሓባበርቲ ምስ ገበርቲ ማዕረ ኣይኮኑን።ካብ ክፍሉ ከም እንርእዮ ከማን ኣብ'ቲ ስፍራን ግዜን ዘይነበሩ እዮም።

ጳውሎስ ኣብ ሮሜ.11:17፧ ዝበሎውን ንርኤ፧ *“ካብዶም ጨነፍር ሓየሎ እንተተሰብሩ እሞ ንስኻ፡ ኣውልዕ በረኻ ክነስኻ፡ ኣብ መንጎኦም እንተ ተተኽልካ፡ ካብቲ ሱርን ማራ ኣውልዕን ድማ <u>ተማቓሊ</u> እንተኹንካ”* ይብል። ጨንፈር ኮይንካ፧ ከምኡውን ካብ ካልኣ ቦታ መጺኻ ኣቲኻ፧ ተኻፋሊ ኢኻ፧ ናይ ባህሪኡ፧ ናይ'ቲ ዘይቲ ተኻፋሊ ኢኻ፧ ዝተቀባእካ ኢኻ።ንስኻ ሱር ወይውን እቲ ጉንዲ ኣይኮንካን። ስለዚ ክትምካሕ ኣይትኽእልን።ሓደ እንተ ኾይንካ እሞ ክትምካሕ ትኽእል ኢኻ።ሓደ ዓይነት ኢኻ! ሓደ ኢኻ'ያ!

‘ኣነ ናይ ዓቢ ሓወይ ዓይነት እየ’ ከም ዝብልዎ ማለት ትኽእል ኢኻ። ዓቢ ሓወይ እትብሎ ንሱ ፈጣሪ እዩ፧ ንስኻ ፈጣሪ ኣይኮነካን! ስለዚ ክንድ'ቲ ዘካፈለካ ዝኣክል ትመስሎ ኢኻ እምበር ናይ ዓቢ ሓውኻ ዓይነት ኣይኮንኳን። ተማቓልነት እዚ እዩ።ንሱ ኣምላኽ ከሎ ብዕላማ ሰብ እንተ ኾነ፧ ስጋና ወሲዱን ስጋና ሒዙ እዩ።ኣብ ልዕሊ ኣብ ስጋ ወይውን ኣብ ሰብ-ነት ባህሪና መለኮት ክንድርብ ኣይንኽእልን ኢና። ንሱ ንሕና ኮነ ማለት ንሕና ንሱ ኢና ማለት ኣይኮነን።

ኣብ 2ጴጥ.1-4 ጴጥሮስ ብዛዕባ እንታይ እናተዛረበ ከም ዝኾነ ንምርዳእ ነዚ ክፍሊ ጥራይ ዘይኮነ ምሉእ ነቲ ምዕራፍን ጠቕላላ ነቲ መጽሓፍን ክንርኢ ይግብኣና።ኣብዚ ክፍሊ ንባብ ዝዛረበውን ንዕኡ ብምፍላጥ ንዕኡ ንምምሳል፧ ብናብራ፧ ብፍላይውን ካብ ዓለማዊ ትምኒትን ጥፍኣት

ኣምሊጥና ርሒቕና ብቕድስና ንዕኡ ከንርኢ ዘድሌና ከም ዝሃበና ዝዛረብ እዩ።።ባህሪ ርኢና፧ተማቕልነትውን ርኢና፧ ሳልሳይ መለኮት እዩ። ‘ሰብ መንፈስ እዩ’ ብሃልቲ ሳልሳይን ናይ መጨረሻ ምጉቶም፧ ‘ካብ መንፈስ ተወሊደ ኣለኹ’ሞ፧ ስለዚ መንፈስ እንተ ኾይነ መለኮት ወይ ንእሽተይ እግዚኣብሄር እየ’ ዝብል እዩ።።ቀጺሉ ነዚ ክንርእዮ ኢና።

ምዕራፍ 11
ካብ መንፈስ ዝተወልድካ ምኻን መናፍስቲ ይገብረና ድዩ እዩ፧

**ዝሓለፈ ኣብ ካልኣይ ክፋል ክረፍሎ ዶላር፧ *“ኣፍራስ ክራኽቡ ከለው እንታይ ይወልዱ፧ ኣፍራስ! ኣኽላባት ክራኽቡ ከለው እንታይ ይወልዱ፧ ኣኽላባት! ደማሙ ክራኽቡ ከለው እንታይ ይወልዱ፧ ደማሙ! እግዚኣብሄር ድማ ብሓደ ኮይኖም (ሰላሴ ማለቱ እዩ) ሰብ ንፍጠር ክብሉ ከለው እንታይ እናፈጠሩ እዮም፧ እግዚኣብሄራት! እግዚኣብሄራት እናፈጠሩ እዮም።ንሰኻትኩም እግዚኣብሄራት ኢኹም ንኣሸቱ እግዚኣብሄራት (Little 'G')።ንሰኻትኩም እግዚኣብሄራት ኢኹም ምኽንያቱ ውን ንሰኻትኹም ዘመጻኹም ካብ እግዚኣብሄር እዩ”* ኢሉ ኣሎ።ነዚኣም ሰባት ካብ ሰብ ዝተወለዱ ምኻኖም ሰብ ክንዲ ዝኣክል ካብ እግዚኣብሄር ክትወለድ እግዚኣብሄርነት እዩ።ሃይሉ ዮውሃንስውን፧ ‘ኣምላኽ እንታይ እዩ ዝወልድ፧ ኣማልክቲ እዩ።’ ኢሉ ኣሎ። ኣብ ሃገርና ካልኡትውን ነዚ ዝበሉ ኣለው።

‘ሰብ መንፈስ እዩ’ዝብሉ ሰባት ነዚ ክብሉ ከለው ሰብ ኣምላኽ እዩ ማለቶም እዩ። ምኽንያቱ ውን እግዚኣብሄር መንፈስ እዩ፧ *“ኣምላኽ መንፈስ እዩ፧ እቶም ዚሰግድሉ ድማ ብመንፈስን ብሓቅን ኪሰግዱሉ ይግባኣም።”* (ዮው.4:24)።እግዚኣብሄር መንፈስ እንተ ኾይኑ፧ ንሶም ካብ እግዚኣብሄር እንተ ተወሊዶም፧ መንፈስ እዮም።መንፈስ እንተ ኾይኖም፧ እግዚኣብሄር መንፈስ እዩ'ሞ ንሶም ውን መንፈስ እዮም፧ ስለዚ እግዚኣብሄር እዮም።ናይ ሰብ ኣምላኽነት፧ ኣስተመኽንዮ ውን እዚ እዩ።

ሰብ ኣምላኽ እዩ ክብሉ ከለው (ብናቶም ቋንቋ ንኣሽቱ እግዚኣብ-ሄራት (ወይውን Little g-god) ክኾኑ ከለው፧ ከም የሱስ ዘይኮኑ ካብኡ ንላዕሊ ምኻኖም እዩ።ካብ የሱስ ንላዕሊ፧ ማለትውን ልክዕ ኣምላኽ ምኻኖም ምዝራቦም እዩ።ምኽንያቱውን የሱስ ምሉእ ኣምላኽ ከሎ ምሉእ ሰብ እዩ።ምሉእ ሰብ። እዚኣም ሰብነቶም ዝኽሓዱን መንፈስ ዝኾኑ እንተ ኾይኖም፧ መንፈስ ክብሉ ድማ ኣምላኽ እንተ ኾይኖም፧ ሰብነት ዘይብሉ ኣምላኽ ምኻኖም እዩ።ካብ የሱስ ንላዕሊ ናይ ምኻን ፈተነ እዩ።ምኽንይቱውን የሱስ ሰብን ኣምላኽን እዩ፧ ወይውን ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ እዩ።እዚኣም ሰባት እንተ ዘይኮይኖም ሰብ ዘይኮኑ ኣማልኽቲ እዮም ማለት እዩ።ልክዕ ኣምላኽ ወይውን ኣምላኽ ጥራይ እዮም እሞ፧ ስለዚ ካብ የሱስ ንላዕሊውን እዮም ማለት እዩ።

እዚ ብሓቂ፧ እኒ ሃይሉ ዮውሃንስ ወይውን ኬነት ኮፕላንድ፧ እኒ ኬነት ሃገን ወይውን ኬንዮን ተጻዒሮም ዝወለድዎ ኣፍ ሓላፊ ስሕተት ዘይኮነ ሰይጣን ኣብ ኤደን ገነት ንሄዋን ዘቐበላ መርዚ እዩ።ቀታሊ መርዚ እዩ።ዘፍ.3 ኣንብቡዎ።ኣብ ዘፍ.3:5 ዘሎ፧ *"ከም ኣምላኽውን ከም እትኹኑ፡ ጸብጭን ክፉእን ከኣ ከም እትፈልጡ፧"* ዝብል፧(ብዕብራይስጥ ኣወዳድቓ ከምኡ እዩ፧וְהְיִיתֶם כֵּאלהִים יֹדְעֵי טוֹב וָרָע ዊህዩይቴም ኬእሎሂይም ዩድዔይ ቶውብ ዋራዕ።)እዚ ስሕተት ትምህርቲ ክንዲ ዕድመ ናይ ሰብ ዘርኢ ኣረጊት ስሕተት እዩ።ምንጩውን ሰይጣን እዩ። እኒ ሃይሉ ዮውሃንስ ወይውን ኬነት ኮፕላንድ ነዚ ናይ ሰይጣን ተምላስ ካብ ቀረቡሉና ካባይ ከም ዘምጽእዎ ንምንታይ ይጠፍኣና፧

ካብ እግዚኣብሄር ዝተወለድና ምኻና እግዚኣብሄር ዘይገበረና ካብ እግዚኣብሄር ዝተወለድናዮ ካብ ሲጋ ከም እንውለዶ ስለ ዘይኮነ እዩ። ካብ ሲጋ ኣቤል ወይውን ቃኤል ካብ ኣዳምን ካብ ሄዋንን ከም ዝተወለዱ፧ ወይውን ኣነ ካብ ወለደይ ካብ መንግስቱን ካብ ኣልማዝን ከም ዝተወለድኩ፧ ወይውን ንስኻን ንስኽን ካብ ኣቦኹም ካብ ኣዴኹም ከም ዝተወለድኩም ብዘይ ናይ ክልቲኣም ምጥማር

ክትወለዱ ኣይኮነን።።ካብ መንፈስ ክትወለድ፧ ብዝርዝር ከም እንርእዮ ውሉድ ምኻን እዩ።።ውሉድ ተገይርካ ክትውሰደ እዩ።።ካብ መንፈስ ዝተወለደ ማለት ውሉድ ዝተገበረ ማለት እዩ።።ክግበር ከሎ ኮይኑ እዩ፧ ቅድሚ ምኻኑ ግን ተገይሩ እዩ።።እዚ ኣይጥፍኣና።።

ኣብ ገላትያ 3:7፧ *“እምብኣርከ እቶም ካብ እምነት ዘበሉ፡ ንኣቶም ደቂ ኣብርሃም ምኻኖም ፍለጡ”* ይብል።።ካብ እምነት ዝኾኑ ማለት ከም ኣብርሃም ዝኣምኑ ወይውን ኣብርሃም ከም ዝእመኖ ዓይነት እምነት ዝኣምኑ ማለት እዩ፧ ቡቲ ዘጽድቕ እምነት ዝኣመኑ ደቂ ኣብርሃም እየ።።ስለዚ ደቂ ኣብርሃም ዲና፧ ንሰብ ገላትያ ጳውሎስ ኢኹም እዩ ዝበሎም፧ ስለዚ ንዓናውን ወሲኽካ።።ግን ካብ ኣብርሃም ተወሊድና ዲና፧ ብሰጋ ኣይተወልድናን።።ብእምነት ስለ ዝመስልናዮ ደቂ ኢና።።

ኣብኡ ኣብ ገላትያ 4:1-7 ርኣዩ ዝተተሓሕዘ ክፍሊ ስለ ዝኾነ፧ ግን ጥቕሲ 4-5 ጥራይ እንተ ርኢና፧ *“ምልኣት ዘመን ምስ መጸ ግና፡ ኣቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ፡ ተሻዪጡ ምእንቲ ኼውጽኦም፡ ንሕናውን <u>ውልድነት</u> ምእንቲ ንረክብሲ፡ ኣምላኽ ነዚ ኻብ ሰበይቲ እተወልደ ትሕቲ ሕጊውን ዝኾነ ወዱ ለኣኾ።።”* ።።ይብል።።ናትና ናይ ውልድነትና መልክዕ እዚ እዩ።።ቃሉ υἱοθεσία ዊዮቴስያ ውሉድ ክትግበር፡ ውሉድ ተገይሩ ክትውሰድ ማለት እዩ።።ወዲ ዝተልኣኾ፧ ብሰጋ ዝመጸ ንሕና ውሉዳት ተገይርና ምእንቲ ክንዉሰድ እዩ።።ብሕጊ ብባህሊውን እንተ ኾይድና ብሞገዚት ዝዓቢ ቆልዓ ካብ ውሉድ ቅንጣብውን ዘይንእስ ዝተገበረ ውሉድ እዩ።።ግን ብስርዓቱ ይዉለድ።።ብናይ ካልእ ባህሊ እንተ ኾይድና፧ ናይ ጡብ ውሉድ ኣጽብዕቲ ይጠቡሞ ናይ ጡብ ኣቦ ውሉድ ይኾውን።።ናይ ክርስትና ውሉድ፧ ኣቦ ውሉድ ዝተብሃለውን ውልድነት ኣሎ።።ኣብ ኣይሁድ መኻን ሰበይቲ ካብ ባሪኣ ዝወለድ ህጻን ናታ ምእንቲ ክኾውን ኣብ ልዕሊ ሰለፋ ይወለድ።።ኣበየ ባህሉ ከም’ዚ ነገር ኣሎ።።ክሳብ ዘመና ዝቐጸለ ባህሊ እዩ።።

“ካብ መንፈስ ክትወለድ” ዝብሃል ሓረግ፧ ‘ሰብ መንፈስ እዩ ወይውን ሰብ ንእሽተይ ኣምላኽ እዩ’ ዝብሉ ሰባት ዝጠቕሰዎ ካልእ ምዱብ መማትቲ እዩ።ካብ መንፈስ ዝተወለደ መንፈስ እዩ ዝብል ሓሳብውን ኣቐዲሙ ካብ ዝርኣናዮ መለኮታዊ ባህርን ምስ ምክፋል ዝተጣመረ ሓሳብ ኣለዎ።ቅድም ዘይነበርናዮ ኢና ሕጂ ዝኾናዮ።ጴጥሮስ ኣብ 1ጴጥ.2:10፧ *“ንሰኻትኩም ቀደም ህዝቢ ዘይነበርኩም፧ ሕጂ ግና ህዝቢ ኣምላኽ ኢኹም….”*ይብል።ወገን ዘይኮና፧ ቤተሰብ ዘይኮነ፧ ብዝተጽሓፈሉ ቋንቋ ቃሉ ህዝቢ እዩ ዝብል፧ ስለዚ ህዝቢ ዘይነበርና ኢና ህዝቢ ዝኾና። ከመይ ኢሉ፧ ወገን ክንከውን ስለ ዝተገበርና።ውሉድ ክንከውን ከለና፧ ነስተውዕል፧ ዝገበረና እዩ ዝገበረና እምበር፣ ንሕና ከይድና፧ ‘ካብ ሎሚ ጀሚሩ ናይዚ ቤተሰብ ኣባል እየ’ ኣይንብልን ኢና።እንተ ዝኸውን ነይሩ ብዙሕ ናይ ቤተሰብ ልዉዉጥን ኣበየ ግዚኡን ኣበየ ምኽንያቱውን ምልዉዋጥ ምስ ተገበረ ነይሩ።

ሰብ መንፈስ እዩ፧ ዝብሉ ሰባት፧ ‘ካብ ስጋ ዝተወለደ ስጋ እዩ።ካብ መንፈስ ዝተወለደ ድማ መንፈስ እዩ፧ ኣይብልን ድዩ፧ ስለዚ ሰብ መንፈስ ኣይኮነን ከመይ ኢሉ ይብሃል፧ እዩ እምበር፧ ቃሉ ስለ ዝብል’ ይብሉ። ካብ መጀመርያ ጀሚሩ ከም ዝርኣናዮ፧ ሰብ ክፍጠር ከሎውን፧ ሰርሓቱ፧ ኣፈጣጥሩኡውን መንፈስ ዘይኮነ ሰብ እዩ።ነዚ ንሓንሳዕ እንተ ኾነ ውን ኣይንረስዕ።

ናብ ዝጠቕሰዎ ናብ ቀንዲ ጥቕሲ ክንሰግር ከለና፧ ኣብ ዮው.3:6 ቃሉ ዝብሎ፧ *‘ካብ ስጋ ዝተወለደ ስጋ እዩ።ካብ መንፈስ ዝተወለደ መንፈስ እዩ ’* ምስ ዝብል ዝጋጨው ይመስል። ኣብ’ዚ ደው ብምባል፧ ‘ሰብ መንፈስ እዩ፧ ነፍሲ ኣለዎ፧ ኣብ ውሽጢ ስጋ ይሓድር’ ዝብሉ ሰባት ክልተ ግልጺ ሕቶ ክንሓትት ኣለና፧

ቀዳማይ፧ ካብ ስጋ ዝተወልደ እንታይ፧ እንታዩ እዩ ስጋ፧ ካብ መንፈስ ዝተወለደ እንታይ፧ እቲ ዝውለድ ወይውን ዝተወለደ እንታይ እዩ፧

እቲ መልሲ ግልጺ እዩ፥ ሰብ እዩ።እቲ ሰብ ብመጀመሪያ እቲ ሰብ ምኻኑ ምቕባል ይሓትት። ‘እቲ ሰብ እዩ መንፈስ እዩ ዝብል እኮ’፥ ክብሉ ይኽእሉ።እቲ ሰብ ሰብ ምኻኑ እንተ ተቐቢልና መንፈስነት ይስዓር።ንቲ ሰብ፥ ‘ሰብ’ ኣብ ዝበልናሉ ግዜ መንፈስነት ይስረዝ።እንተ ዘይኢሎም ድማ እንታ ድኣ እዩ እቲ ነገር ንዝብል ምምላስ ትጽቢት ይገበረሎም።

ካልኣይ ሕቶ፥ ሰብ መንፈስ እዩ ክብሉ ከለው፥ ኩሉ ሰብ ድዩ መንፈስ፧ ወይስ ‘ዝተወሰኑ መናፍስቲ እዮም፥ ዝተወሰኑ ግን ሰባት እዮም’ድዮም ዝብሉ፧ እዚኦም ሰባት መበገሲኦምን መሪሕ ጥቕሶም፥ ‘ካብ መንፈስ ዝተወለደ መንፈስ እዩ’ ዝብል እንተ ኾይኑ (ክንርእዮ ኢና እዚ ጥቕሲ) ሰብ መንፈስ እዩ ማለት ኣይክእሉን እዮም። ‘ክርስትያን መንፈስ እዩ’ ብዝብል ንኽልዉጡ ይግደዱ።ግን እዚኦም መሰሓትያን ሓንቲ ምዓልቲ ውን ‘ክርስትያን መንፈስ እዩ’ ክብሉ ተሰሚያም ኣይፈልጡን። ኩሉ ግዜ ዝብሉ ‘ሰብ መንፈስ’ ዝብል እዩ።ክብሉ ከለው ውን ንኹሉ ሰብ ማለቶም ግሁድ እዩ ።ዝዛረብዎ ብዛዕባ ሰብ መንፈስነት እንተ ኾይኑ ድማ፥ ክጅመር ከሎውን ዮው.3:6 ምጥቃስ ኣይክእሉን እዮም። ንርእሶም እናተቓረኑ ስለ ዝኾነ።እዚ ጥቕሲ ዳግም ብዛዕባ ምዉላድ ስለ ዝዛረብ ብዛዕባ ዝተወሰኑ እምበር ብዛዕባ ኩሉ ሰብ ኣይዛረብን እዩ። ‘ሰብ መንፈስ እዩ’ ክብሉ ከለው፥ ‘ክርስቲያን መንፈስ እዩ’ ማለቶም እንተ ኾይኑ እሞ ክኣ ነቲ ቃሉ፥ ጥቕሱን ኣብ ዓውዱ ምፍታሕን ምርኣይ ንኽእል ኢና።ሰብ መንፈስ እዩ፥ ወይውን ሰብ እግዚኣብሄር እዩ ማለቱ ምኻኑን ወይውን ዘይምኻኑን ኣብ ስፍርኡ ምርኣይ ንኽእል ኢና።

ዮው.3:6 ንዕኡ ይብል ድዩ፧ ማለት ‘ሰብ መንፈስ ምኻኑ ይዛረብ ድዩ፧ ኣይዛረብን እዩ።ንይታ ኣብዚ ዝዛረቦ ብዛዕባ ዳግም ልደት ስለ ዝኾነ ዳግም ዝተወለድካ ብምኻን ውሉድ እግዚኣብሄር ብዛዕባ ምኻን እዩ። እዚ ቃል ዝተነገሮ ንኒቀዲሞስ እዩ።ናይ’ዚ ጥቕሲ ሓሳብ ብምርካብ

ዮው.3:6 መስሓትያን ኩሉ ግዜ ጥቕሲ በንቂሮም ከም ዘንብቡዎ ነጺልና ዘይኮነ ክፍሊ ንባቡ ወይውን ምሉእ እቲ ምዕራፍ ምርኣይ ግቡእ እዩ።።ኒቀዲሞስ መን እዩ፧ ዮው.3:1፧ *"ካብዶም ፈሪሳውያን ኒቆዲሞስ ዝስሙ ሰብኣይ፡ ሓለቓ ኣይሁድ ነበረ"* ይብል።።ናይ ኣይሁድ ሓለቓ እዩ፧ ድማ ፈሪሳዊ እዩ።።ልክዕ ኣይሁዳዊ እዩ ማለት እዩ።።ኣብ ልዕል'ዚ ውን ሰብ ምኻኑ ኣይንረስዕ፡ 'ኒቆዲሞስ' ዝተብሃለ ሓደ ሰብ ነበረ፣ እዩ ዝተብሃለ።።ኒቆዲሞስ ናይ ዘርኢ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ሃይማኖት ጉዳይ ንዝምልከትውን ዋላ ሓንቲ ሕቶ ዘይብሉ ኣይሁዳዊ እዩ። ፈሪሳውያን ማለት ኣይሁድ ድሕሪ ካብ ምርኮ ምምላሶም ዝተጀመረ ናይ ኣይሁድ ሃይማኖታዊ ማሕበር ኮይኑ ኣብ ልዕሊ ናይ ወግዒ ቅድስና ናይ ሕጊ ኣተሓላልዋ ዘተኩር ጉጅለ እዩ።።ሓለቓነቱ ህዝባውን ማሕበራዊ መፍለጢኡ ክኸውን ከሎ ፈሪሳውነቱ ድማ ሃይማኖታዊ መለለይኡ እዩ።

ድማ መንፈሳዊ ምርዳእ ዝረኸበ ወይውን ምፍላጥ ዝፈለጠ ሰብውን እዩ።።ዮው።።3:2፧ *"ንሱ ብለይቲ ናብ የሱስ መጺኡ፡ ረቢ፡ ብጅካ እቲ ኣምላኽ ምስኡ ዘኸነ ሰብ፡ ነዚ ንስኻ እትገብሮ ዘሎኻ ተኣምራት ኪገብር ዚኽእል የልቦን እሞ፡ ንስኻ መምህር ኴንካ ካብ ኣምላኽ ከም ዝመጻእካ፡ ንፈልዋ ኣሎና፡ በሉ።።"* ዝበሎ እዚ ምፍላጡ የርኢ።።ምፍላጡ ግን የሱስ መምህር ኮይኑ ካብ እግዚኣብሄር ምምጽኡ እዩ።።በቃ እዚ እዩ።።የሱስ ግን መምህር ጥራይ ዘይኮነ መሲሕን ብሲጋ ዝመጸ ኣምላኽ እዩ።።ስለዚ ፍልጠቱ ጎዶሎ እዩ።

እዚ እዩ፧ ዮው.3:3፧ *"የሱስ ድማ፡ ካብ ላዕሊ እንተ ዘይተወልደ፡ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኪርእዮ ዚኽእል ከም ዘልቡ፡ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ"*።።ዝበሎ።።እቲ ቁም ነገሩ ዘሎ ኣብ ልዕሊ'ዚ ዳግማይ ምውላድ እዩ። ዳግማይ ምውላድ ድሓር፧ 'ካብ መንፈስ ክትውለድ' ብማለት ዝተገለጸ እዩ።።ካብ መንፈስ ክትውለድን ዳግማይ ክትውለድን ሓደ እዮም።።እዚ ዳግም ክትውለድ ንኒቆዲሞስ ኣይተረድኦን። ስለዚ ሓተተ፧

ዮው.3:4፧ *"ኒቆዲሞስ ከኣ፧ ንሰብኽ ምስ ኣረገ፡ ኪውለድ ከመይ ኢሉ ይክአለ፧ መሊሱ ናብ ከርሲ ኣዲኡ ኣትዩስ ኪውለድ ይክአሎ'ዶ እዩ፧'* በሎ። ክትውለድ ዝተረድኦ ብስጋ ከም ክትውለድ እዩ።መጀመሪያ ብስጋ ከም ዝተወለዶ ካልኣይ ድማ ብስጋ ከም ክትውለድ እዩ ዝተረድኦ።ነዚ እዩ ናብ ማህጸን ኣቲኻ ምስ ክትውለድ ዘተሓሕዞ። ዋላ'ኳ ፈሪሳውን ናይ ኣይሁድ ሓለቓ እንተ ኾነውን፧ ኒቆዲሞስ ዳግም ክትውለድ ዝብሃል ነገር፧ ወይውን በዚ መልክዑ ዝተለመደ ትምህርቲ ስለ ዘይነበረ፧ ዳግም ክትውለድ ኣይፈልጥን እዩ።ስለዚ የሱስ ኣብሪሂሉ፧ ዮው.3:5፧ *"የሱስ መለሰ፡ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡ ካብ ማይን መንፈስን እንተ ዘይተወልደ፡ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ኪኣቱ ዚኽእል የልቦን።"* በሎ። ካብ መንፈስ ክትውለድ ዝበሎ ኣብ ጥቕሲ 3 ሰብ ዳግማይ እንተ ዘይተወሊዱ ዝበሎ እዩ።ኣብኡ ዳግማይ ክትውለድ ዝብል ንጥቕሲ 5፧ ካብ መንፈስ እንተ ዘይተወሊዱ ዝብል ክልቲኦም ናብ መንግስቲ እግዚኣብሄር መእተዊ መገድታት እዮም።ዳግም ክትውለድን ካብ መንፈስ ክትውለድን ዝተብሃለ እዩ ኣብ ጥቕሲ 6 *'ካብ ሰጋ ዝተወለደ ሰጋ እዩ፧ ካብ መንፈስ ዝተወለደ መንፈስ እዩ'* ዝብል ዝተነገረ።ካብ ማይ ዝተወለድካ ምኻን ገለ ገሊኡም ምስ ናይ ማይ ጥምቀት፧ ገለ ገሊኡም ናይ ቃል ናይ ምንጻህ ስራሕ የተሓሕዘዎ። ምናልባት እቲ ዘንጽህ ናይ ቃሉ ስራሕ ከይኮነ ኣይተርፍን እዩ።

ኣይሁድ ኣብ መጀመሪያ ልደቶም (ብስጋ ደቂ ኣብርሃም ብምኻኖም) ኣዚዮም ዝሕበኡ ሰባት እዮም። (ኣብ-ኣፈታሪኽ ያታ) ደቂ ኣብርሃም ስለ ዝኾኑ ጥራይ መንግስቲ ሰማያት ከም ዝኣትው ዝተረጋገጸ ብምኻኑ ኣብርሃም ኣቡኦም ኣብ ኣፍ ደገ ሲኦል ኮይኑ ሓደ ውን እንተ ኾነ ብጌጋ ናብ ሲኦል ምእንቲ ከይከይድ ይሕልው እዩ ይብሉ። [14] ገለ ገለ (ኣፈታሪኽ) ናይ ጽንጽዋይ ዓቢ ሓዊ እዩ።ኣብርሃም ኣብ ኣፍ ደገ ሲኦል ደው ኢሉ፧ ኣይሁድ ዝኾነን ዘይኮነ ዝምርምር ምኻኑ ንኣይሁድ ሓበን ዓቢ ናይ ስነ- ልቦና ዕረፍቲ ክህብ ይኽእል ይኽውን፧ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትምህርቲ ግን ኣይኮነን ኣብ ውሽጢ ቃሉ እዚ ነገር ካብ

ሩሕቑ'ኳ ዝመስል ነገር የለን።ሕቑፊ ኣብርሃም (ሉቃ.16:23) ዝተብሃለ ምስ'ዚ ክትሓሓዝ ይኽእል ይኸውን፧ ግን እዚ ቦታ እምበር ናይ ኣብርሃም ተራ ዘርኢ ኣይኮነን።ኣይሁድ ናይ መጀመሪያ ልደቶም ሓበን ወይውን ደቂ መን ምኳኖም ጉዳይ ክሳብ ጫፍ ዝበጽሑ እዩ።ዮውሃንስ 8:33-40፧ *"ዘርኢ ኣብርሃም ኢና....ኣቦና ኣብርሃም እዩ."* ዝብልዎ ነዚ የረድእ።

ኣብ'ዚ ኣብ ዮው.8 ጥቕሲ 41፧ *"ንሰኻትኩምሲ ግብሪ ኣቦኹም ደኣ ትገብሩ ኣሎኹም፧ በሎም። ንሳቶም፧ ንሕናስ ካብ ምንዝርና ኣይተወ-ለድናን። ሓደ ኣቦ ኣሎና፣ ንሱ ኸኣ ኣምላክ እዩ፧ በልዎ።"* ኣብ ዝብል ውሉድ እግዚኣብሄርን ውሉድ ናይ ኣጋንንትን ብተግባራዊ መልክዑ ተናጻጺሩ ኣሎ።ጥቕሲ 44 ነዚ ከድምቕ ከሎ፧ *"ንሰኻትኩም ካብቲ ኣቦኹም ድያብሎስ ኢኹም፧ እታ ትምኒት ኣቦኹም ክትገብሩ ውን ትደልዩ ኣሎኹም። ንሱ ኻብ መጀመርያ ቐታል ነፍሲ እዩ፧ ሓቂ ኣብኡ ሰለ ዘልቦውን ኣብ ሓቂ ኣይጸንዔን። ሐሶት ኪዛረብ ከሎ፧ ካብ ርእሱ እዩ ዚዛረብ። ሓሳዊ እዩ እሞ፧ ንሐሶትውን ኣቦኣ እዩ።"* በለ።ውልድነት ካብ'ዚ ከም እንርድኣ ናይ ኣቦ ፍቓድ ወይ ትምኒት ምግባር እዩ። *"ንሰኻትኩም ካብቲ ኣቦኹም ድያብሎስ ኢኹም፧ እታ ትምኒት ኣቦኹም"*። ክብል ከሎ ውሉድ ናይ ኣቦኡ ፍቓድ ይፍጽም፧ እዚውን ናይ ውልድነት መፍለጢ እዩ ማለት እዩ።ውልድነት ብተግባር እዩ ዝርኤ ።

ጎይታ ንኒቆዲሞስ ብስጋ ዝተወለደ ምኳኑ ውሉድ ኣብርሃም ምኳኑ ዘይኮነ፧ ዳግማይ ዝተወለደ ምኳኑ፧ ካብ ማይን መንፈስ ዝተወለደ ምኳኑ ጥራይ ናብ መንግስቲ እግዚኣብሄር መእተዊኡ ከም ዝኾነ እዩ ዝነገሮ።ካብ መንፈስ ክትዉለድ ዳግማይ ዝተወለድካ ምኳን እዩ።

ስለዚ ኩሉ ሰብ መንፈስ ዘይምኳኑ ባዕሉ እዚ 'ካብ መንፈስ ዝተወለደ መንፈስ እዩ' ዝብል ቃልውን ይመስክር።ኣብ ላዕሊ ከም ዝበልክዎ 'ሰብ

መንፈስ እዩ' ኣብ ክንዲ ምባል 'ክርስትያን መንፈስ እዩ' እንተ ዝብሉ ምስ'ዚ ጥቕሲ ዝቀራረቡ ክኾኑ ይኽእሉ።

'ሰብ መንፈስ እዩ' ዝብሉ ሰባት 'መንፈስ ዝኾነ ሰብ' ወይውን 'ሰብ መንፈስ እዩ' ክብሉ ከለው፧ ኩሉ ሰብ መንፈስ ድዩ፧ ወይስ ዝተወሰኑ መናፍስቲ እዮም ዝተወሰኑ ግን ሰባት እዮም ድዮም ዝብሉ፧ ዝብል ሕቶ ብግልጺ ክምልሰዎ ዝግባእ እዩ ኢለ ነይረ።።ነዚ ግልጺ ኣይገብርዎን እዮም።።ኮነ ኢሎም ይሸፋፍንዎ።።ንምንታይ እንተ ተባሂሉ፧ 'ሰብ መንፈስ እዩ' ክብሉ ከለው ኩሉ ሰብ እንተ ኾይኑ ካብ'ዚ ከም ባንዴራ ንላዕሊ ኣውጺዮም ካብ ዘልዕልዎ ጥቕሲ ምስ ዮው.3:6 ይጋጨዎም። ምኽንያቱ ውን እዚ ካብ መንፈስ ብዛዕባ ዝተወለደ ጥራይ እዩ ዝዛረብ። ካብ መንፈስ ዘይተወለደ ካብ ስጋ ዝተወለደ ዝተወለዱ ብምኻኖምን እዚ ድማ ብግልጺ ብዛዕባ ዝተነገረ ስጋ እዮም እምበር መንፈስ ክኾኑ ኣይክእሉን ።።ከም ናቶም ትምህርቲ ድማ ኣዳም መንፈስ እዩ፧ ኣዳም መንፈስ እንተ ኾይኑ ድሕሪ ኣዳም ዘለው ኩሎም ሰባት ደቂ ኣዳም እዮም እሞ፧ ኩሎም መናፍስቲ ምኻኖም እዩ።።እምብኣርከስ ካብ ክልቲኡ ንሓደ ክቕበሉ ግድን ይኸውን።።ናይ ሰብ መንፈስነት ንኹሉ ሓቂፊ እዩ ወይውን መናፍስቲ ዝኾኑ ካብ መንፈስ ዝተወለዱ ጥራይ እዮም።

መልሶም ካብ ክልቲኡ ንሓደ እዩ ዝኸውን። ወይውን መንፈስነት ንኹሉ ደቂ ሰባት እዩ ይብሉ፧ወይውን ዳግም ዝተወለዱ ጥራይ እዮም ካብ ሰብነት ናብ መንፈስነት ዝሓልፉ ይብሉ። ካብ መንፈስ ዝተወለዱ ጥራይ እንተ ኾይኖም ድማ፧ 'ሰብ መንፈስ እዩ' ማለት ኣይክእሉን። ዳግም ዘይተወለዱ መንፈስ ክኾኑ ስለ ዘይክእሉ። ብክልቲኡ እንተ ኸይድና ስሕተት እዩ።።እዚኣም፧ 'ሰብ መንፈስ እዩ፧ንሕናውን መናፍስቲ ኢና' ኢሎም ዘስተምህሩ ሰባት ኩሎም፧ ዝድሓኑን፧ ዘይድሓኑውን መንፈስ ከም ዝኾኑ ዘይድሓኑውን እዮም ዝዛረቡ። እንተ ኾይኖም ናይ እግዚኣብሄር መደብ ምኻኖም ይቕበሉ እዮም ማለት እዩ። እንተ

ኾይኖም ነዚኦም ሰባት ብዛዕባ ምድሓን፧ ብዛዕባ ወንጌል ምንጋር ግቡኡነት ኣይህልዎንን። ኩሉ ይድሕን ኢልካ ምስትምሃር ወይውን ዩኒቨርሳሊስት ዝኾኑ ካብ'ዚ ዝተልዓለ እዩ።ገለ ገሊኣኦም ብግልጺ ዩኒቨርሳሊስት ምኻኖም ከይሓብኡ ተዛሪቦም ኣለው።

መናፍስት ዝኾኑ ዝድሓኑ ጥራይ እንተ ኾይኖም፧ ዘይድሓኑ ሰባት መንፈስ ክኾኑ ከለው ቅድሚ ምድሓኖም ዝነበርዎ ካብ ስጋ ዝተወለድሉ ስጋ-ውነት ወይውን ሰብ-ነት ወይውን ሰብ ምኻን እንታይ ይገብርዎ፧ ዝድሓኑ ሰባት መንፈስ ዝኾኑ ልክዕ ክድሕኑ ከለው እዩ ማለት እዩ፧ ድሕሪ ምድሓኖምከ፧ ካብ ስጋ ዝተወለደ ስጋ እዩ፧ ተባሂሉ ኣሎሞ፧ ካብ ስጋ ዝተወለዱ ምኻኖም ይሰርዞ ድዩ፧ ተሰሪዙ ድዩ፧ ስጋ ምኻኖም ተሪፉ መንፈስ ጥራይ ኮይኖም ድዮም፧ እንተ ኾይኖም ስጋ የለን ድዩ፧ ስጋውነትከ የለን ድዩ፧ ካብ ስጋ ዝተወለደ ሰብ ካብ መንፈስ ክውለድ ከሎ ካብ ስጋ ዝተወለደ ምኻኑ ይተርፍ ድዩ፧ ወይስ ብስጋ ዝተወለደ ምኻኑ ይተርፍ ድዩ፧ ወይስ ብስጋ ዝተወለደ ሰብ ሰብ ኮይኑ ከሎ እዩ ካብ መንፈስ ዝውለድ፧

ኒቆዲሞስ እንተ ወሲድናዮ፧ ኒቆዲሞስ ምስ ጎይታ ክዛራረብ ከሎ ስጋ ድዩ ወይስ መንፈስ እዩ፧ ሰብ ምኻኑ ግሁድ እዩ። ሰብ ስለ ዝኾነ መንፈስ ድዩ፧ ወይስ ኣይኮነን፧ ኒቆዲሞስ ካብ ስጋ ተወሊዱ ድዩስ ወይስ ኣይኮነን፧ ኒቆዲሞስ ካብ ስጋ ተወሊዱ ድዩስ ወይስ ኣይተወለደን፧ ተወሊዱ እዩ፧ ስለዚ ስጋ እዩ።ካብ ዮው.7 ን 19 ክም እንርድኦ ናይ ጎይታ ስዓቢ ኮይኑ እዩ'ሞ ዳግም ምውላዱን ከም እተወለደ የርኢ።ናይ ጎይታ ስዓቢ ኮይኑ እዩ'ሞ፧ ዳግም ተወሊዱ እዮ'ሞ፧ መንፈስ ኮይኑ እዩ ማለት እዩ።ካብ ስጋ ዝተወለደ ሰብነቱ እንታይ ኮይኑ፧ እዚኦም ኩሎም ኣብ'ዚ ዝሓተትክዎም ሕቶታት፧ 'ሰብ ንእሽተይ እግዚኣብሄር እዩ፧ ምኽንያቱውን ሰብ መንፈስ እዩ' ንዝብሉ ሰባት ክምልሰዎም ዝተገብኦም ሕቶታት እዮም።

እምብኣር እንታይ እዩ ካብ መንፈስ ክትውለድ፧ ካብ መንፈስ ክትዉ-ለድ ዳግማይ ዝተወለድካ ወይውን ካብ ማይን መንፈስን ክትውለድ እዩ።እዚውን ካብ እግዚኣብሄር ተወሊድካ ውሉድ እግዚኣብሄር ምኻን እዩ።ዳግም ልደት ብስጋ ናይ መጀመርያ ልደት ከም ዝረኸብና ካብ እግዚኣብሄር ተወሊድና እንረኽቦ ካልኣይ ልደት እዩ።ብስጋ ናይ ወለድና ወይውን ናይ ኣዳም ውሉዳት ከም ዝኾና፧ ካብ እግዚኣብሄር ክንውለድ ከለና ደቂ ንኸውን፧ እዚ ጎይታ ብምቕባል ብቕጽበት ዝኾና እዩ።ኣብዚ ግዜ ናይ ውልድነት ስልጣን ንረክብ።ካብኡ ተወሊድና ኢና'ሞ ደቂ ንኸውን።*"ናብቶም ናቱ መጸ፡ እቶም ናቱ ኸኣ ኣይተቕ-በልዎን።* *12 ነቶም እተቕበልዎ ዘበሉ ኸኣ ብስሙ ንዚኣምኑ ግና ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ሃቦም።* *13 ንሳቶም ከኣ ካብ ኣምላኽ እምበር፡ ካብ ደም፡ ወይ ካብ ፍቓድ ሲጋ፡ ወይ ካብ ፍቓድ ሰብኣይ ዘይተወልዱ እዮም።"* (ዮው.11-13)።

ጎይታ ስለ ዝተቕበልና ደቂ ኮይና ኢና።ደቂ ኮይና ኢና ክብሃል ከሎ ካብ ስብነት ናብ መለኮትነት ሓሊፍና፧ ተሳጊርና ማለት ኣይኮነን።በዚ ዝተወለድናሉ መንፈስ ንምራሕ፧ እዚ ናይ ውልድነት መንፈስ ኣብ ውሽጥና ብምህላው ንእግዚኣብሄር ኣቦ ኣቦ ኢልና ምጽዋዕ ንኽእል፧ ምስክሩውን ኣብ ውሽጥና ኣሎ፧ *"ንሰኻትኩምሲ ኑቲ ብእኡ ጌርና ኣባ፡ ኣቦ፡ ኢልና እንጸውዓሉ መንፈስ ውልድነት ኢኹም እተቕበልኹም እምበር፡ መንፈስ ባርነት ከም ብሓድሽ ንፍርሃት ኣይተቕበልኩምን፡ ስለዚ እቶም ብመንፈስ ኣምላኽ ዚምርሑ ዘበሉ፡ ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ እዮም።* *16 ውሉድ ኣምላኽ ምኻንና ኸኣ እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ ምስ መንፈስና ኹይኑ ዚምስክር።"* (ሮሚ.8:14-16)።

ምዕራፍ12
ካብ መንፈስ ክትወለድ ዳግም ልደትን መንፈሳውነት እዩ

እዚ ካብ መንፈስ ዝተወለደ መንፈስ ድኣ እንታይ እዩ፧ ካብ መንፈስ ክትውለድ መንፈስ እዩ ክብል ከሎ መንፈሳዊ መንነት የልብስና፥ ደቂ እግዚኣብሄር ይገብረና፥ ብመንፈስ ምእንቲ ክንመላለስ ይገብረና፥ ቃሉ ንኒቆዲሞስ ከም ዝተንገሮ ድማ፥ ካብ ናይ ኣብርሃም ውልድነት ናብ ናይ ውልድነት እግዚኣብሄር፥ ናብ መንፈሳዊ የስግረና ማለት እዩ። ብዛዕባ ውሉድ ምኻን ብዛዕባ መንፈሳውነት ምዝራቡ እዩ።ዮው.3:6 ካብ መንፈስ ዝተወለደ መንፈስ እዩ ዝብሎ፥ ኣብዚ ካብ እግዚኣብሄር ዝተወለዱ ካብ ሲጋን ደምን ኣይተወለዱን ምስ ዝብል ሓሳብ ሓደ እዩ። ዝተቐበልዎ ውሉድ እግዚኣብሄር ይኾኑ።ንምንታይ፧ ዮው.1:13 ከም ዝብሎ *ካብ እግዚኣብሄር ተወሊዶም እምበር፥* ካብ እግዚኣብሄር ተወሊዶም ማለት እግዚኣብሄር ኮይኖም ማለት ኣይኮነን። ውሉድ እግዚኣብሄር ኮይኖም እምበር! ልክዕ ከምዚውን፥ ካብ መንፈስ ተወሊዶም ማለትውን መንፈስ ኮይኖም ማለት ኣይኮነን፥ ናይ መንፈስ ውሉዳት ኮኑ፥ ናይ መንፈስ ቅዱስ ውሉዳት፥ ውሉዳት እግዚኣብሄር፥ ብመንፈስ ዝምርሑ፥ መንፈሳውያን፥ እግዚኣብሄራውያን ኮኑ ማለት እዩ።

እዚ ዳግም ምውላድ ኣብ ካልኡት ቦታታትውን ንረክብ ኢና።1ጴጥ. 1:3-4፥ *“እቲ ንዘይሐልፍን ዘይረክሰን ዘይጸምሉን ኣብ ሰማያት ተኣርኒብልኩም ዘሎ ርስቲ፥ ብናይ የሱስ ክርስቶስ ትንሳኤ ካብ ምውታት ብዘሐ ምሕረት ንህያው ተስፋ ብሓድሽ <u>ዝወለደና</u> ኣምላኽ፥ ኣቦ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ይባረኽ”*።ይብል።ኣብኡውን 1ጴጥ.1:22፥ *“ብህያው ንዘለኣለም ብዚነብር፥ ካብ ቃል ኣምላኽ ካብ ዘይጠፍእ ዘርኢ*

እምበር፡ካብ ጠፋኢ ዘርኢ ኣይኮንኩምን ከም ብሓድሽ እተወለድኩም" ይብል።።ያዕ.1:18፧ "በጽሪ ፍጥረቱ ምእንቲ ኽንከውን ኢሉ እዩ ኸም ፍቓዱ ብቓል ሓቂ ዝወለደና"ይብል።።እዚውን ምውላድ ንዳግም ምውላድ ዝዛረብ እዩ።።ቲቶስ.3:5፧ "ንሱ ብምሕረቱን ብምሕጻብ ሓድሽ ልደትን ብምሕዳስ መንፈስ ቅዱስን እዩ ዘድሓነና እምበር፡ ንሕና ብዘገበርናዮ ግብሪ ጽድቂ ኣይኮነን"። ይብል።።እዚ ኹሉ ዘርኤና ዳግም ምውላድ፡ መንፈሳዊ ዝተወለድካ ምኻን እዩ።።መንፈሳዊ ዝተወለድካ ምኻን መንፈሳውያን ይገብረና እምበር መንፈስ ኣይገብረናን እዩ።

ጳውሎስ ኣብ ሮሜ.8:5-6 ከም ዝጽሓፎ እዩ፧ "ሰጋውያን ዘበሉ ነቲ ናይ ሰጋ እዮም ዘሐስቡ፡ መንፈሳውያን ግና ነቲ ናይ መንፈስ እዮም ዘሐስቡ።። 6-7 እቲ ሓሳብ ሰጋ ሞስ ኣምላኽ ጸልኢ ብምኻኑ ነቲ ሕጊ ኣምላኽ ኣይግዝኣን ኣይኮነሉን ድማ እዩ እሞ፡ ሰለዚ እቲ ሓሳብ ሰጋ ሞት እዩ፡ እቲ ሓሳብ መንፈስ ግና ህይወትን ሰላምን እዩ"። መንፈሳውነት ንመንፈስ ቅዱስ ፍቓድካ ከተግዛእ ከለኻ እዩ።

መንፈሳውነት ብመንፈስ ቅዱስ ክትምራሕ እዩ።።ሮሜ.8:15፧ "እቶም ብመንፈስ ኣምላኽ ዘምርሑ ዘበሉ፡ ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ እዮም"። ኣብ ላዕሊ ዮው.3:6 ን 1:11-13 ከም ዝርኣናዮ፡ ካብ እግዚኣብሄር ዝተወለዱ እዮም።።ካብ'ዚ ናይ ጳውሎስ ቃል እኒ ብዓል መን እዮም ውሉዳት እግዚኣብሄር፧ ውሉዳት እግዚኣብሄር ብመንፈስ ኣምላኽ ዝምርሑ እዮም። ንሕና ውሉዳት ዝኾና፡ ናይ ውልድነት መንፈስ ዘለና ኢና እምበር መንፈሳት ኣይኮናን።።ንሕና ንእግዚኣብሄር ኣባ፡ ኣቦ እንጽውዕ ኢና እምበር ናይ እግዚኣብሄር ክላስ ወይውን መደብ ዝኾና እግዚሄራት ኣይኮናን።

መንፈሳውነት ብመንፈስ ምኻን ወይውን ብሰጋ ዘይምኻን እዩ።።ኣብኡ ሮሜ.8:9፧ "ንስኻትኩም ግና፡ መንፈስ ኣምላኽ ሐዲሩኩም እንተ ኣልየሉ፡ ብመንፈስ እምበር፡ ብሰጋ ኣይኮንኩምን ዘሎኹም። እቲ

መንፈስ ክርስቶስ ዜብሉ ሰብ ግና፡ ንሱ ናቱ ኣይኰነን።" ። ብመንፈስ ምኻን ናቱ ወገን ምኻን እዩ።ወገንነት እዩ፧ ውልድነት እዩ። *"ናይ እግዚኣብሄር መንፈስ ኣባኹም እንተ ሃሊዩ ፧ ብመንፈስ እምበር ብሰጋ ኣይኮንኩም"* ኢሉ እምበር ሰጋ ኣይኮንኩምን ኣይበለን። ውሉድ እግዚኣብሄር ምኻና መንፈስ ኣይገብረናን እዩ፧ መንፈሳውያን ግን ይገብረና። 'ብመንፈስ ኢኹም እምበር' ከም ዝተብሃለ፧ ብመንፈስ ምእንቲ ክንከውን ይገብረና።

ምምሳልን ምኻንን ኣዋቕዒካ ምቕራብ ንኻልኦት ምስሓት እዩ። ጳውሎስ ንዓይ ምሰሉ ክብል ከሎ ኣካላዊ ምምሳል ኣይኮነን።ምኻን ኣይኮነን።ናይ ቅድስና ዋጋ ናይ ምኽፋል፧ ናይ ምውፋይ፧ ዝተቐረሰካ ምኻን፧ ናይ ትሕትና ኣመላልሳ፧ ኣብ ፊሊጲ.2:5፧ *"እቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘነበረ ሓሳብ ኣባኻትኩምውን ይሃሉኹም።"* ዝብሎ ሓሳብ እዩ። ምምሳል ምኻን ኣይኮነን።

እዚ መንነት እዩ ንክርስቶስ ክመስል ዝተወሰነ፧ *"ነቶም ቀደም ዘፈለጦም፧ ንሱ ንብዙሓት ኣሕዋትሲ በኹሮም ምእንቲ ኪኸውን፧ ንምስሊ ወዱ ኺመሰሉ ቐደም መደቦም።"* ሮሚ.8፧29።እዚ ንዕኡ እንመስለሉ ዳግም ዝተወለደ መንነትና እዩ። ሰባት ንዓና ክርእዩ ከለው ናቱ ነጸብራቓት ምኻና የስትውዕሉ፧ ኣብ'ዚ ምምሳል ዝተብሃለ ቃል ኣብዘን ኣብ ፊሊጲ.3፧21 ጥራይ ይርከብ።ኣብ ፊሊጲ ዝተጽሓፈ፧ *"ንሱ ቡቲ ንኹሉ ኺመልከሉ ዚከኣሎ ሓይሊ ናቲ ኽቡር ሰጋኡ ምእንቲ ኺመስል፧ ነዚ ናይ ውርደት ሰጋና ኺልወጦ እዩ።"*። ዝብል እዩ። ምምሳል ምኻን ኣይኮነን።

ዮውሃንስ፧ *"ኣቱም ፍቁራተይ፧ ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ ኢና፧ እንታይ ከም እንኸውን ከኣ፧ ገና ኣይተገልጸን። ንሱ ምስ ዚግለጽ ግና፧ ከምታ ዘለዋ ኽንርእዮ ኢና እሞ፧ ንእኡ ኽም እንመስል፧ ንፈልዋ ኢሎና።"*

1ዮው.3:2።ነዚ 1ዮው.3:2 **ጥቕሲ ሃይሉ ዮውሃንስ ክትርግሞ ከሎ፧ ‘ብግሪኽ** No Future Surprise’ **እዩ ዝብል፧ ኢሉ ኣሎ።**No - Future-Surprise **እንግሊዝ መሲሉኒ!** 1ዮው.3:2 **ብግሪኽ ነዚ፧ ከምኡ ኣይብልን እዩ።**

Ἀγαπητοί, νῦν τέκνα Θεοῦ ἐσμεν, καὶ οὔπω ἐφανερώθη τί ἐσόμεθα· οἴδαμεν δὲ ὅτι ἐὰν φανερωθῇ, ὅμοιοι αὐτῷ ἐσόμεθα, ὅτι ὀψόμεθα αὐτὸν καθώς ἐστι.

ብግሪኽ፧ No - Future - Surprise **ዝበሎ ሃይሉ ዮውሃንስ ካብ እኒ ብዓል ኬነት ኮፕላንድ ዝተምሃሮ ናይ ኣሜሪካ** Southern Accent **እንተ ኾይኑ እናጸንሔ ክመጽእ ከሎ ፍልልይ ምፍላጥ እናጸገሞ መጺኡ ኣሎ ማለት እዩ።እንተ ዘይኮይኑ ድማ፧ ወይ ንዝዛረቦም ሰባት ይንዕቐም እዩ ማለት እዩ፧ ወይውን ነዚ ቃል ካብ መጠን ንላዕሊ ይንዕቐ እዩ ማለት እዩ።ነቲ ቃሉ ንዝሰምዕዎ ሰባትውን፧ ሰባት ዝሰምዕዎ ቃልውን ይንዕቐ።እዚ ድማ ጽቡቕ ኣይኮነን።ኬነት ኮፕላንድ ክዛረብ ከሎ ውን ከም’ዚ ዝበለ ጥረ ዋዛ ተዋዚዩ ኣሎ፧ ‘እግዚኣብሄርውን፧ ሰብ ብመልክዕና ከም ምስልና ንፍጠር በለ፧ ኢሉ (ከም ከልቢ! ውፍ! ውፍ! ውፍ! ውፍ! ኢሉ) ኣይበለን ድዩ ከምኡ’ ኢሉ ነበረ።ቃሉ ነዚኦም ሰባት መጻወቲ እዩ።ብቓሉ እናተጻወቱ ንቓሉ ነስተምህር ኢና ክብሉ ከለው መሕፈሪ ምኻኑ እዩ።**

ሰባት ኮይና ብመልክዑን ብምስሉን ዝተፈጠርን ምኻና ካብ ቅድም ጀሚሩ’ኮ ዝተነገረና እዩ። ዘይኮናዮ ኣምላኽነት እዩ።ክንፍጠር ከለና ብምስሉ ኢና ዝተፈጠርና፧ ንመስሎ ኢና።ውድቀት ዘጸለሞ፧ ዘበላሸዎ ምስሊ እዩ።ተባላሸዩ ከሎ ግን ምስሊ እዩ።ንመስሎ ኢናውን፧ ክንመስሎ እቲ ዝተወሰነውን ንኸውን ኢና።ዳግም ክንዉለድ ከለና መንፈስ ቅዱስ

ናብ ውሽጥና መጺዩ ኣብ ቲቶ.3:5 ከም ዝተጽሓፈ፧ *"ንሱ ብምሕረቱን ብምሕጻብ ሓድሽ ልደትን ብምሕዳስ መንፈስ ቅዱስን እዩ ዘድሓነና እምበር፡ ንሕና ብዘገበርናዮ ግብሪ ጽድቂ ኣይኮነን።"* ከም እተብሃለ፧ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጥና ዝሕድሶ እዚ ሓድሽ ልደት ዝረኸበ መንነት እዩ።

ብመንፈስ ክትወለድ ሓድሽነትን ብሓድሽ ናብራ ምምልላስ እዩ። ቀሎ.3:9-10 ናይ'ቲ ኣረጊት ሰብ ምግፋፍን ናይ ሓድሽ ሰብ ምልባስ ይዛረብ፧ *"ንሰኻትኩም፡ ነቲ ኣረጊት ሰብ ምስ ግብሩ ቐንጢጥኩም፡ ከምቲ ምስሊ እቲ ዘፈጠሮ ጌርኩም፡ ነቲ ንፍልጠት ዚሕደስ ሓድሽ ሰብ ዝለበስኩም፡ንሓድሕድኩምኣይትተሓሳሰዉ።"* ይብል።ዝተገፈፈ መንነት ኣሎ።ዝተለበሰ መንነት ኣሎ።እቲ ኣረጊት ሰብ ክርስቶስ ቅድሚ ምፍላጥና ውሉድ እግዚኣብሄር ቅድሚ ምኾና ዘሎ መንነት እዩ።ነቲ ኣረጊት ሰብ ዝምልከት ጳውሎስ ኣብ ካልኡት ቦታታትውን ተዛሪቡ ኣሎ፧ ሮሚ.6:6-7፧ *"እቲ ዝሞተ ኻብ ሓጢኣት ሓሪ ወጺኡ እዩ እሞ፡ እዚ ደጊም ንሓጢኣት ከይግዛእ፡ እቲ ናይ ሓጢኣት ሲጋ ምእንቲ ኸጠፍእ፡እቲ ኣረጊት ሰብና ምስኡ ኸም እተሰቐለ፡ ፈሊጥና ኣሎና።"* ይብል።ኣቐዲሙ ብዛዕባ ዝኾነ ነገር እዩ ዝዛረብ፧ ናይ ሕሉፍ ግዜ ግሲ እዩ። ኣብ ኤፌ.4:22 ድማ፧ *"ነቲ ቐደም እተመላለስኩምሉ፡ ብትምኒት ሰሕተት ዚጠፍእ ኣረጊት ሰብ ቀንጢጥኩም"።* ይብል።እዚ ድማ ናይ ሕጂ ግዜ እዩ። ተገፊፉ'ዩ፧ ተሰቒሉ'ዩ፧ ገና ድማ ክወገድ'ዩ።እቲ ሓድሽ ሰብ ድማ ተለቢሱ ኣሎ፧ ክልበስ እዩ ውን።ቀሎ.3፡9-10 ኣብ ዘንበብናሉ ለቢስክሞ ኢኹም ይብል።ናይ ዝሓለፈ ግዜ ። ኤፌ.4:24 ድማ፧ *"እቲ ብናይ ሓቂ ጽድቅን ቅድሰናን ብመልክዕ ኣምላኽ እተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ልበሱ"* ይብል። ናይ ሕጂ ግዜ እዩ።

እዚ ሓድሽ ሰብ ዝብሃል፧ ወይውን ሓድሽ ፍጥረት ዝብሃል ብክርስቶስ ክንከውን ከለና እንኾኖ መንነት እዩ።2ቆሮ.5:17 ነዚ እዩ ዝብሎ፧ *"ሰለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ ኣልዩ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፡*

እቲ ብሉይ ሐሊፉ፡ እንሆ፡ ኮሉ ሓድሽ ኰይኑ"።ጳውሎስ ኣብ ቆሮሴ ዝነግረና እዚ ሓድሽ ሰብ ሓድሽ ጥራይ ዘይኮነ ዝሕደስውን ምኽኑ እዩ ዝነግረና።ዝሕደስውን ንዕኡ ንምምሳል ፍልጠት ንምርካብ እዩ። ፍልጠት ምርካብ ንዕኡ ምስ ምምሳልናን ምስኡ ርክብ ንምግባር ካብ መሰረታውያን ንጥረ ነገራት ሓደ እዩ።ንዕኡ ምምሳልና እምብኣር ዳግም ዝተወለድካ ብምኽን ሰብ ክፍጠር ዝተሓለመሉ፡ ናይ ቅድስና፡ ናይ ርክብ፡ ናይ ሕብረት፡ መንነት፡ ምጉንጻፍ እዩ።ካብ ሲጋነት ናብ ምንፍስና ምስጋር (እዚ ኩቶውን ዘይከውን ነገር እዩ፡ ዝተፈጠርናሉ ስሪሐት ስለ ዘይኮነ) ምንፍስና ዘይኮነ፡ በዚ ሲጋ ከለና እንለማመዶ ንዕኡ ምምሳል እዩ።ናቱ ምሳሌ ምኽናውን እሱ እዩ።

ምስሊ ወይውን ምሳሌ ምኽናን ምምሳል ይቀራረቡ እምበር ሓደ ኣይኮኑን።ምስሊ ናይ ፍጥረትና ኩነት እዩ። ምምሳል ድማ መሰርሕ እዩ።ሕጅን ኣብዘን ክንመሰል ዝተነገረና ቃል ኣለና።ገና ኣይመሰልናዮን ወይውን መሲልናዮ ኣይወዳእናን፡ ኣብ ምምሳል መሰርሕ ኢና ዘለና።ንመጻኢ ክንመስሎ ኢና።ንዕኡ ከም እንመሰል ንፈልዎ ኢና። እዚውን ኣቐዲሙ ዝተመደበልና ምምሳል፡ እቲ ዝተበላሸዎ ክመስል፡ ፍጹም ክኸውን ከሎ እዩ።ዮውሃንስ ብዛዕባ መጻኢ እናተዛረበ ዘሎ፡ ኣብ መጻኢ ብትንሳኤ ኣካል ክንከውን ዝተንሳእናውን ንዕኡ ክንመስል ኢና።ሽዑ ኽኣ ሰብ-ነትና ወይውን ሰብ ምኽና ይቕጽል እምበር፡ ሽዑውን ኣምላኽ ኣይገብረናን እዩ።ግን መንፈሳዊ ኣካል ለቢስና ክንትንስእ ኢና።ክርስቶስ ክትንስእ ከሎ ከም ዝለበሶ ዘይንፈፎ፡ ብውርደት ተዘሪኡ ብኽብሪ ዝትንስእ ኣካላ ክንለብስ ኢና።እዚ ድንኳን ከቢድና እነሰቀርቁርውን ነዚ እዩ።ምምሳል እምብኣር እዚ እዩ።ካብ መንፈስ ክትውለድ ውን መንፈሳውነት እምበር መንፈስነት ዘይምኽኑ፡ ዳግም ተወሊድካ ከም ውሉዳት ምምልላስ፡ ከም ፍቓድ ሲጋ ዘይኮነ ከም ፍቓድ መንፈስ ምምልላስ ምኽኑን እዩ ዝርኣናዮ።

ሰብ ሓታቲ ፍጡር እዩ፡ ይሓትት'ዩ።መሰረታዊ ሕቶታት ይሓትት።

• ‘ካበይ መጺ፧ ምንጨይ እንታይ እዩ፧ ይብል።።ናይ ምንጪ ሕቶ እዩ፥ ናይ መሰረት።።

• ‘ኣነ መን እየ፧ ወይውን ‘ኣነ እንታይ እየ’ ህይወት እንታይ እዩ፧ ይብል።።ናይ መንነትና ትርጉም ሕቶ እዩ።።

• ‘ኣብዚ ንምንታይ ኣለኹ፧ ናይ ምንባረይ ምኽንያት፥ ዕላማይ፡ ሸቶይ፡ እንታይ እዩ፧ መን ፈጢሩኒ፧ ምስ ፈጣርየይ እንታይ ኣለኒ፧ ጽቡቕን ሕማቕን ዝብሃል ነገር ኣሎዶ፧ ይብል።።ናይ ዕላማ ሕቶ።።

• ‘ፍጻመይከ፧ ምስ ሞትኩ ህይወት እዚኣ ጥራይ ድያ ወይስ ድሕሪ እዚ ቀጻሊት እያ፧ እትቕጽል እንተ ኾይና ኣበይ፧ ከመይ፧ ።።ናይ መብጽሒ ኣድራሻ ሕቶ እዩ።።



ሕጂ ኣብዚ እንርእዮ ዘለና እቲ ካልኣይ፥ ‘ኣነ መን እየ፧’ ወይውን፥ ‘ኣነ እንታይ እየ’ ዝብል እዩ።።እዚኣም ኣርባዕተ ሕቶታት ሓሳብ ዝረኸብኩዎ ካብ ራሺ ዛካሪያስ ሓደ ትምህርቲ እዩ።።ራሺ ነዚኣም

ነጥብታት ኣብ ኣርባዕተ ቃላት የቕጦም፧ Origin,Meaning, Morality, Destiny ይብሎም።

ድማ ሰብ ሓታቲ እዩ።እግዚኣብሄር ካብ ዝፈጠሮም ፍጡራን ከምዚ ዝሓትት ካልእ ፍጡር የለን።ምናልባት መልኣኽቲ ይሓቱ ይኾኑ፧ ኣይፈልጥን።ግን ከም ሰብ።ኣነ መን እየ፧ ኢሉ ዝሓትት ካልእ ፍጡር ኣብ ልዕሊ ምድሪ የለን።ሰብ እንታይ እዩ፧ ዝብል ካብ እዚኦም መሰረታዊ ዝኾኑ ኣርባዕተ ሕቶታት ሓደ እዩ።

እዚ ጉዳይ ወይውን፧ 'ሰብ እንታይ እዩ፧' ዝብል ሕቶ ኣብዚ እናርኣናዮ ዘለና፧ 'ሰብ መንፈስ እዩ' ወይውን፧ 'ሰብ ንእሽተይ እግዚሄር እዩ' ንዝብል ናይ ሰሕተት ትምህርቲ መልሲ ንምሃብ እንተ ኾነውን ነዚ ትምህርቲ ክንውድእ ከለና ጥቕልል ዝበለ ርድኢት ምእንቲ ክህልዎና እዩ እዚ ሓሳብ ዘምጾኽዎ።መንነትና ምፍላጥ ልክዕና ምእንቲ ክንፈልጥ፧ ካብ ልክዕና ውን ከይንሓልፍ፧ ከይንንእሰውን ይገብር።

እቲ ልክዕ ናይ ሰብ መንነት ምፍላጥ ብዘይ ቅጥዒ ተለጢጥና ዘይኮናዮ ምእንቲ ከይንኽውን ይገብረና። ዘይምፍላጥ ውን የስሕተና እዩ። ኣምላኽ ከይኮና ኣምላኽ ኢና ክንብል ይገብረና። ወይውን ብተቓራኒ ካብ ዝኾናዮ ንታሕቲ ተጨማዲድና ርእስና ክንድርቢ ይገብረና፧ ኣነ ሓሰኻ ክንብል ይገብረና።ብፍልስፍና ሸነኽ እንተ ኸይድና፧ ንኣብነት ኣብ ሃገርና ንብዙሕ ዓመታት ዝተጽዓና ማርክሳዊ ፍልስፍና ነበረ።ከም ናይ'ዚ ፍልስፍና ትምህርቲ ሰብ ናይ ዘገምታዊ ለውጢ (ወይውን ኢቮልዩሽን) ውጽኢት ዝኾነ ናይ ባዮሎጂያዊ ኣጋጣሚታትን ናይ ዕድላት ርክባትን ምህርቲ ጥራይ እዩ።ከምዚ እንተ ኾይኑ ንሰብ ዘለና ግምት ዝወረደ እዩ። እዚ እንተ ኾይኑ ኣብ ልዕሊ ሰባት ዝግበሩ ነገራት ኩሎም፧ ጥንሲ ምንጻል በልዎ፧ ዓሌት ምጽናት በልዎ፧ ጀነቲክስ ምህንድስና በልዎ፧ ናይ ምሕረት ቅትለት-ዩተኔዥያ (Euthanasia ወይውን mercy killing ይብልዎ) በልዎ፧ ካልኡትውን ከም ናይ

ሰብ ኣረኣእያ ጥራይ ዝርኣዩ ቀሊልን ኣማራጺ ነገራት እዮም።ሓደ ሰብ ንካልእ ሰብ እንተ ቕቲሉ፧ ወይውን ሓደ ዓሌት ንኻልእ እንተ ኣጽኒቱ ከም ዓቢ ነገር ኣይቁጸርን ሰብ ምስ እንስሳ መድብ እዩ'ያ!

እዚኣም ንሰብ ምስ እንስሳ ምድብ ይገብርዎ፧ እቲኣም ክሳብ ሕጂ ክንርእዮም ዝጸናሕና ድማ ንሰብ ምስ መደብ እግዚኣብሄር ወይውን Class ይገብርዎ።መንነትና እንተ ዘይፈሊጥና ካልኡት ዝብሉና ኮይና ክንርከብን ዝህቡና መለለይ ንኽነርኢ ብጣዕሚ ቀሊል እዩ።ኢኻ ንዝብሉኻ፧ ኢኺ ንዝብሉኺ ትኾኑ ኢኹም፧ ንኽውን ኢና።መንፈስ ኢኻ ክብሉና ከለው መንፈስ ኢና እንተ ኢልና፧ ኣምላኽ ኢኻ ክብሉና ከለው ኣይኮንኩን ኣይንብልን ኢና፧ እንስሳ ክብሉና ከለው ኢና፧ ሓሰኻ ኢኻ ክብሉና ከለው ውን እምቢ ኣይንብልን ኢና።ሰይጣን ኢኻ ክብሉና ከለው ውን ኣይከብድን እዩ።የሱስ ሰይጥኑ ዝብልዎ'ኮ ንሕና ሰይጣውንቲ ስለ ዝኾና እዩ እዩ ዝብልዎ።ንሰብ ንምድሓን ሰብ ከም ዝኾኖ፧ ንሰይጣን ንምድሓን ሰይጣን ክኸውን ኣለዎ እዩ ትምህርቶም።እቲ ሰብ ኣየናይ፧ እቲ ሰይጣንውን ኣየነይ ምኽኖም ንምንጋር ኣይፍቱኑን እምበር።

ኣጠንቃቒ ናይ ምኽን ኣድላይነት ኣብ ልዕሊ እዚ እዩ።ሓቀኛ መንነትና ወይውን ክንፍጠር ከለና፧ ክነበር ከለና፧ ክንመውት ከለና ሰባት ምኽና እንተ ዘይተገንዚብና ካልኡት ብዛዕባና ብዝህብዎ ውሸጢ ትርጉም መንነትና ንስእና እሞ ክንደሊዮ ድማ ኮለል ንብል።ድሕር'ዚ ውን ንዘቕቡሉና ንኽንቅበል ንግደድ።ስለዚ ንዝኾነ ከይኮና ኑቲ ዘይኮናዮ ክንክውን ዘይተገብኣና፧ ወይውን ክንኮኖ ዘይንኽእል ክንኮኖ ብምፍታን ክቡር ዘመን ይሓልፈና ።ናይ ክሳራ ዘመን።ዘይኮናዮ ከይኮና፧ ኑቲ ዝኾነ ከይኮናዮ ብፎርፋይት ተሳዒርና ካብዛ ምድሪ ንሓልፍ።

ሰይጣን ብዛዕባ ምኽን ካብ ኣልዓልና ነዚ ክወሰኽ፧ ናይ ቃል- እምነት መምሃራን ንሰብ ክደሊዩ ከለው የምልኽዎ፧ ክደሊዩ ከለው የሰይጥንዎ።

የሱስ ሰይጥኑ ዝብልዎ ሰብ ሰይጡኑ ስለ ዝብሉ እዩ።።ናይ መጀመርያ ሰብ ኣዳም ብዛዕባ ዝሰይጠነሉ ኩነት ኬነት ኮፕላንድ ክዛረብ ከሎ፧ “When Adam Committed High Treason [Sinned] Against God And Bowed His Knee To Satan,Spiritual Death - The Nature Of Satan Was Lodged In His Heart” ትርጉም፧ “ኣዳም፡ ኣብ እግዚኣብሄር ልዑል ክሕደት ምስ ፈጸመ ብርኩ ንሰይጣን ኣብ ዘተንበርከኸሉ ግዜ መንፈሳዊ ሞት ማለት፧ ሰይጣናዊ ባህሪ ኣብ ውሽጡ ልቢ ተተኺሉ”። ኢሉ ኣሎ [15] ።።ሰብ ኣብ ዝወደቐሉ ግዜ ናይ ሰይጣን ባህሪ ተኻፊሉ ማለት፧ ሰይጣን ኮይኑ ይብሉ።።ኬነት ኮፕላንድ ናይ ኣዳም ካብ እግዚኣብሄር ምፍላይ ወይውን መንፈሳዊ ሞት ናይ ሰይጣን ባህሪ ምክፋል ኢሉ ጸዊዕዎ ኣሎ፧ “God Was Not Referring to Physical Death He Meant That He Would Take On The Nature Of Satan Which Is Spiritual Death.” “[እግዚኣብሄር ንኣዳም ብዛዕባ ሞት ኣብ ዝዛረበሉ ግዜ] ብዛዕባ ሲጋዊ ሞት ምዝራቡ ኣይነበረን።። ኣዳም መንፈሳዊ ሞት ከም ዝመውት ምዝራቡ ነበረ።።እዚውን መንፈሳዊ ሞት ናይ ሰይጣን ባህሪ ምውሳድ እዩ።።” [16] ኢሉ ኣሎ።።ሰብ ጥራይ ዘይኮነ ዝሰይጠነ፧ የሱሰውን ነቲ ዝሰይጠነ ሰብ ንምድሓን ሰይጥኑ ይብሉና።።

ስዓብቲ ቃል-እምነት ብሰብ ገይሩ ክገዝኡ ሓሲብዎ ዝነበረ እግዚኣብሄር ውን ንምድሪ ዝገዝኣሉ ሕጋዊ መርገጺ ዝኾነ ሰብ ብምስኣኑ ከሲሩ ተሪፉ ይብሉና።።ከም ናይ'ዚኣም ሰባት ትምህርቲ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዋና ኣይኮነን፧ ኣብ ልዕሊ ምድሪ መርገጺ ንምርካብ ዝኾነ ነገር ንምግባር ናትና ፍቓዱ ክረክብ ከም ዘለዎ ይነግሩና።።ምድሪ ብምልእታ ናቱ እያ ማለትውን ስሕተት እዩ፧ ንኹሉ ዝገዝእ ኢልካ ብዛዕባ እግዚኣብሄር ምዝራብ፧ ምዝማርውን ኣይክኣልን፧ ንምድሪ ኣይገዝእን! እዚኣም ሰባት ንሰብ (ኣዳም) ጥራይ ዘይኮነ ንየሱሰውን ኣሰይጢኖሞ እዮም።።ነዚ ናይ ቅድም መሰሉ እንደ ገና ምእንቲ ክጎናጸፍ የሱስ ናብ ሲኦል ወሪዱ፧ ናይ ሰይጣን ባህሪ ተኻፊሉ፧ ኣጋንንቲ

ኣጎሳቒለሞ፧ ካብኡ ዳግም ተወሊዱ ካብ ሞት ተንሲኡ ይብሉና። ምስሓትን ንኻልኦት ምስሓትን ብምድብ ማለት እዚ እዩ!

ምዕራፍ 13
ሰብ ምስሊ ኣምላኽ፡ መልክዕ ኣምላኽ እዩ

ሰብ ሰብ ተገይሩ ዝተፈጠረ ፍጡር እዩ።እግዚኣብሄር ውን በለ፥- ***“ሰብ ብመልክዕና ከም ምስልና ንፍጠር”*** **ዘፍ.1:26።እግዚኣብሄር ንሰብ ወይውን ንኣዳም ብመልክዑ ፈጠሮ ።ሰብ ዝበል ቃል ኣዳም ዝበል ቃል እዩ፧ ኣዳም ማለት ሰብ ማለትውን ሓመድ ማለውን እዩ።ኣዳም ሰብነቱ መንነቱ እዩ።ሓመድ ስርሒቱ እዩ።ብመልክዑ ዝተፈጠረ ምኻኑ ህያውነቱን ንፈጣሪኡ ብዝመስለሎም ሸነኻት ንዕኡ ዝመስል መንነቱ እዩ።ንኣዳምብመልክዕናከም ምስልና ንፍጠር።ብእብራይስጥ፧** וַיֹּאמֶר אֱלֹהִים נַעֲשֶׂה אָדָם בְּצַלְמֵנוּ כִּדְמוּתֵנוּ(ዋዮእሜር ኤሎሂ-ይም ናዓሴህ ኣዳም ብጻልሜኑ ኪ ድሙውቴኑ) **እግዚኣብሄር ውን በለ። ‘ንፍጠር’ (ንስራሕ) ሰብ ብመልክዕና ከም ምስልና። ‘ንፍጠር’ ዝበል ቃል ንስራሕ ማለት ምኻኑን ሰብ ዝበል ቃልን ኣዳም ዝበል ቃል ተመሳሳሊ ምኻኖም ነስተዉዕለሉ።ሰብ ዝተፈጠረ (ሰብ እዩ ዝተፈጠረ፧ መንፈስ ኣይኮነን) ካልኡት ብዝተፈጠርሉ ናይ ኣፈጣጥራ መልክዕ ኣይኮነን።ንሰብ ዝተነገረ ቃል ንፍጥረት ካብ ዝተነገረ ዝተፈለየ እዩ።ኣብ ዘፍ.1 ፈጠረ ዝበል ቃል (ባርእ) እዩ።ኣብ’ዚ ግን (ናዓሴህ) ኢሉ፧ ንስራሕ።ሰብ ፍሉይ ፍጡር ስለ ዝኾነ ብፍጥረቱ ኮነ ወይውን ተገይሩ ወይውን ተሰሪሑ እዩ ዝተፈጠረ።ሰብ ብእግዚኣብሄር ዝተፈጠረ፧ ዝተሰርሐ ፍጡር እዩ።ሰብ ኮይኑ፧ ሰብ ተገይሩ ዝተሰርሐ ፍጡር እዩ።**

ሰብ እንታይ እዩ፧ ሰብ ምስሊ ኣምላኽ፧ መልክዕ ኣምላኽ እዩ፧ ድማ ክቡር ፍጡር እዩ።ንሰብ ብዛዕባ ዘይምቕታል መጽሓፍ ቅዱስ ቀንዲ ምኽንያት ገይሩ ዝጠቕሶ ጉዳይ መልክዕን ኣምሳልን እዩ፧ ***“ኣምላኽ ንሰብ ብመልክዑ ገይርዎ እዩ እሞ፧ እቲ ደም ሰብ ዘፍሰሰ፧ ደሙ ብሰብ ኪፈሰስ እዩ።”*** **(ዘፍ.9:6)።**

ሰብ ክኸብር እምበር ክቕተል ዘይብሉ መልክዕ እግዚኣብሄር ስለ ዝኾነ እዩ።መልክዑን ምስሉን መለኮት ኣለዎ፧ ኢልና እንተ ሓቲትና ዋላ ሓንቲ መለኮትነት ዘይብሉ ቃል ኮይኑ ንረኽቦ።መልክዕን ምስልን ንሰብ ካብ እግዚኣብሄር ዝተውሃቦ ንእግዚኣብሄር ንምጽብራቕ ዝኽእል መንፈሳዊ መንነት ምጉንጻፍ እዩ።ደሙ ከይፈሰሰ እንተ ተባሂሉ፧ ከይቅተል፧ ከይመውት እንተ ተባሂሉ ኣምላኽ ኣይኮነን ማለት እዩ፧ ኣምላኽ ደም የብሉን፧ መንፈስ እዩ።የሱስ ደም ዝነበሮ ሰብ ስለ ዝኾነ እዩ።ሰብ ዝኾነ ደም ክህልዎ እዩ፧ ናይ መተዓረቒ ደም።ዝሞተውን ሰብ ስለ ዝኾነ እዩ።ስለዚ መልክዕነት መንፈሳውነትውን፧ ኣምላኽነትውን ኣይኮነን።

እዚ፧ *“ብመልክዕና ከም ምስልና ንፍጠር”* ዝብሉ ቃላት ኣብ ውሽጢ ዝብል ዘሎ መልክዕን ምስልን ዝብሉ ቃላት ኣብ ውሽጢ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ካልእ ቦታታት፧ ናይ ኣካል ምስልን፧ መልክዕ፧ ጽላሎት፧ ቅርጽን ወ.ዘ.ተ እምበር ነቲ ምሳሌን ጽላሎት ዝኾነ ነገር ወይውን ኣካል ዘርኢ ኣይኮነን። ክጅመር ከሎ ናይ እግዚኣብሄር ዓይነት፧ ናይ እግዚኣብሄር ‘ክላስ’ ናይ እግዚኣብሄር መደብ ዝብሃል ነገር የለን። ንእግዚኣብሄር ምድብ ንምስራሕ፧ እግዚኣብሄር ‘ዓይነት’ ኢልካ ንምምዳብ ከመይ ገይርካ ተደፊሩ፧ ንኽእል ነይርና እንተ ንኸውን በኢድና ጠፍጢፍና ልክዕ ንዓና ዝመስል ነገር እንተ ንሰርሕ እቲ ነገር ናትና ስርሓት እምበር ንሕና ኣይኮናን። ናትና ክላስውን ኣይኮነን።ናይ እግዚኣብሄር ንሰብ ምፍጣር፧ ንሕና ጠፍጢፍና ካብ እንሰርሖ ዝተፈለየ ምኻኑ ግልጺ እዩ።ናይ ህይወት እትንፋስ ኣብ ሰብ ኡፍ ማለቱ ንሰብ ህያው ነፍሲ ወይውን ህያው ዝኾነን ህይወት ዘለዎ ሰብ ገይርዎ እምበር ኣምላኽ ጨሪሹ ኣይገበሮን።ኣብ መስርሕ ግዜውን እቲ ፍጡር ካብ ሰብነት ናብ ኣምላኽነት ኣይዓብን እዩ።ኣብ ዝሓለፈ ትምህርታት ከም ዝርኣናዮ ሞርሞናት ከም ዝብልዎ እግዚኣብሄር ዓቢኻ እትኾኖ መንነት ኣይኮነን።

ምዕራፍ 14
ሰብ ብስእላዊ ሞዴል ክርኤ ከሎ

ሰብ ኣካላውን መንፈሳውን (ወይውን ቁሳውን ዘይቁሳውን) ፍጡር እዩ።መንፈሳዊ መንነቱ ነፍሲ ወይውን መንፈስን ነፍስን ኢሎም ዝኸፍሉ ኣለው።ወይውን ብድብድቡ ክልቲኦም ብሓደ ወሲዶም ኣካልውን ኣካላዊ ዘይኮነ መንነቱ፧ ወይውን ቁሳውን መንፈሳዊ መንነቱ፧ ወይውን ግዙፍን ረቂቕን ኢሎም ዝወሰድዎ ውን ኣለው። ዝተፈላለዩ ሞዴላት ኣለው ንኸነረድእ እንጥቀመሎም።

ሞዴል ሓደ- ሰብ (ቁሳውን ዘይቁሳውን) ሲጋን ነፍፈስ ዘብል እዩ።ነፍፈስ ነፍስን መንፈስን ብሓደ ማለት እዩ።እዚ ንሰብ ክልትኣዊ ገይሩ ዘቕርብ ሞዴል እዩ። ኣካላዊ መንነቱ ሲጋ ክብሃል ከሎ እቲ ረቂቕ ወይውን ቁሳዊ ዘይኮነ መንነቱ ድማ ብጥቕልሉ ነፍስን መንፈስን ወይ ውን ነፍፈስ ይብሃል።



ሞዴል ክልተ- ሰብ ሰለስተ እዩ፧ ሰሉስ እዩ። ሰብ፧ ሲጋ፧ ነፍሲ፧ መንፈስ፧ እዩ። ንሕና ሰርሒናሉ እምበር ዶቦም ብዕሊ ኣይንፈል-ጥን፧ ግን ሓደ ምስ ካልእ ዝተራኸቡ እዩ።





ሞዴል ሰለስተ- ሰብ ስጋ፧ መንፈስ ኮይኑ ሓደ ኣብቲ ውሽጢ ካልእ ይርከብ።መንፈስ ምስ ነፍሲ ይተናኸፍ፧ ነፍሲውን ምስ ስጋ ይተናኸፍ፧ ስጋ ድማ ምስ ግዳማዊ ዓለም ይተናኸፍ።እዚ ኣብ ንሓድሕድን ምስ ካልእ ዘለዎ ምድርራኽ እዩ።



ሞዴል ኣርባዕተ- ሰብ ስጋ፧ ነፍሲ፧ መንፈስ ኮይኑ ነፍስን መንፈስን ዝተጠመሩ ሓደ ነቲ ካልእ ዘካፍል ናይ ሰብ ክፍልታት እዮም። ክልቲኦም ምስ ስጋ ርክብ እንተ ሃለዎም'ኳ ንሓድሕዶም ዝራኸብሉ፧ ሓደ ነቲ ካልእ ዘካፍሎ መንነትውን ዘለዎም እዮም።



ሞዴል ሓሙሽተ- ሰብ ስጋ መንፈስን ነፍስውን ኮይኑ፧ ነፍሲ ናይ ስጋን መንፈስ ጽንብር እያ ካብ ክልቲኦም ትውግን እያ ዝብል እዩ።ናይ ኣእምሮን፧ ፍልጠትን፧ ስምዒትን ፍቓዱን ስፍራ ብምኻና ናይ ሰብ ኩለንትና ብሓደ ወይ ብኻልእ ሸነኽ ምእንቲ ክጉዓዝ ማእዘን ኣትሓዚት እያ።



ሞዴል ሸዱሸተ- ሰብ ስጋ፧ ነፍሲ፧ መንፈስ ኮይኑ እዚኦም ሰለስተ ነናይ ርእሶም፧ ሓደ ምስ ካልእ ወይውን ምስ ክልቲኦም ዝካፈሎ ክፍልታት ዘለዎ መንነት እዩ ዝብል እዩ።ሓዲኦም ካብ እቲ ሓደ ጥራይ ዘይኮነ ካብ ክልቲኦም፧ ክልቲኦም ንሓድሕድ ተደራራኺ ርክብ ኣለውም።

ካብ ኩሎም ሞዴላት ወይውን ካብ ኩሎም ብሓደ ኣዚና ርግጸኛታት ኮይና እዚ እዩ ማለት ኣይንኽእልን ኢና።ቀሪጽና በብኣካሉ መቲርና ከነርኢ እንኽእሎ ንሰጋ ጥራይ እዩ። ሰጋውነት ውን ካብ ውሽጢ ሰጋ ኣውጺና ከንርኢ ኣይንኽእልን ኢና።እዚ ልቢ እዩ፧ እዚ ሳንቡእ እዩ ኢልና በሊዕና ከም እንርእዮ፧ እዚ ነፍሲ እዩ፧ ኣብ ውሽጢ ነፍሲ እዚኣም ነገራት ኣለው፧ እዚ መንፈስ እዩ፧ መንፈስ ድማ በዚኣም ነገራት ዝተትሓዘ እዩ ማለት ኣይክኣልን እዩ።

ሓንጎል ከፊትካ ምርኣይ ይክኣል እዩ፧ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ሓሳብ ምርኣይ ግን ኣይክኣልን እዩ። ‘እዚ ልቢ እዩ’ ማለት ከም ዝክእል፧ ‘እዚ ልቦና እዩ’ ማለት ኣይክኣልን እዩ።ዝርኣይ መንነት ከም ዘለና ኩሉ ዘይርኤ መንነትውን ኣለና።በዚ ኩሉ ውሽጢ ግን ኣብ ዝኾነ ሞዴል፧ ሰብ መንፈስ እዩ ክንብል ኣይንኽእልን።ሰብ መንፈስ ኣይኮነን፧ ሰብ ናይ ክልቲኡ እቲ ዝርኤ፧ እቲ ዘይርኤ መንነቱ ሓድነት እዩ። ‘ሰብ መንፈስ እዩ፧ ሰብ እግዚሄር እዩ’ ዝብሉ መሰሓትያን ካብ እዚኣም ሞዴላት ዝኾነ ተጠቂሞም ሰብ መንፈስ እዩ ዝብል ከረድኡ ኣይክእሉን።ምናልባት ናይ ርእሶም ዝተፈለየ ሞዴል ከይሃለዎም ኣይተርፍን እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ንሰብ ብክልትኣዊ ብሰለስታዊ የቕርቦ። ኣካላዊ መንነቱ ዝርኣይ ዝድህሰስ ገዚፍ መንነቱ ኣካሉ ክኸውን ከሎ ረቂቕ ወይውን ብዓይኒ ሰጋ ዘይርኤ መንነቱ ድማ ነፍሲ ወይውን መንፈስ ወይውን ነፍስን መንፈስን እዩ።ነዚኣም ክልቲኣም ኣተሓሒዞም፧ ፈላልዮም፧ ነጻጺሎም ዝወስድዎ ብፍላይ 1ተሰ.5:23 ን ዕብ. 4:12 ይጠቕሱ። ሰጋ(σῶμα)፧ ነፍሲ(ψυχή) ን መንፈስ (πνεῦμα) እዮም። ኣብዚ-ኣም ጥቕስታት እዚኣም ክልቲኣም ነንበይናም ተጠቒሶም ኣለው።ኣብ ካልእ ቦታ ግን ሰብ ብጥቕልሉ ሰጋን ነፍስነቱ ወይውን ግዙፉን ረቂቕ መንነቱ ሰብ ክልቲኡ ሓደ ቃል ጥራይ ክውክልውን ይርኣይ።ንኣብነት፧ ማቴ.10:28፧ *“ነቲ ነፍሰን ሰጋን ኣብ ገሃነም ኬጥፍኣ ዚክኣሎ ደኣ ኣዚኹም ፍርሀዎ እምበር፡ ነቶም ንሰጋ ዚቕትሉ፡ ንነፍሲ ግና ምቕታላ*

ዘይክአሎም ኣይትፍርህዎም።" ይብል።ንሰብ ነፍስን ሲጋን ይብሎ። ማቴ.27:50፧ *"የሱሰ ክም ብሓድሽ ብዓብዩ ድምጺ ጨርሔ፡ ነፍሱ ድማ ወጸት"*። ይብል።ኣብዚ ዳሕረዋይ ጥቕሲ ነፍሱ ዝብል መንፈስ (πνεῦμα) **ዝብል ናይ ግሪኽ ቃል እዩ።**

ሰብ ሰብ እዩ።ኣብዚ ውሽጢ ሰብ ኣብ ዝተብሃለ ኣካል ሲጋ፧ ነፍስን መንፈስ ይርከቡ።ነፍስን መንፈስን ዘይርኤ እቲ ረቂቕ መንነትና እዩ። ሲጋ ዝርኤ ፍጥረታዊ ኣካልና፧ ግዙፍ መንነትና እዩ።ክንመውት ከለና እቲ ረቂቕ መንነትና ህልውንኡ ይቕጽል።ኣብ ምዓልቲ ትንሳኤ እዚ ዝሞተ ኣካልና (ሲጋ) ዘይመውት እቲ ዝብሰብሰ ዘይብሰብሰ ኮይኑ ይትንስእ።መንፈሳዊ ኣካል ኮይኑውን ንዘልኣለም ይነብር።1ቆር.15:44፧ *"ነፍሳዊ ሲጋ ይዘራእ፡ መንፈሳዊ ሲጋ ይትንስእ። ነፍሳዊ ሲጋ ኻብ ዚህሉ፡ መንፈሳዊ ሲጋውን ኣሎ።"* ይብል።ናይ ትንሳኤ ኣካል ኣካል እዩ፧ መንፈሳዊ ኣካል።እቲ መንፈሳዊ ኣካል ሰብ እዩ ዝብሃል።

ምዕራፍ 15
ሰብ ኩለንትንኡ ነፍሲ ወይውን መንፈስ ክብሃል ከሎ እንታይ ማለት እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ንሰብ ብህያውነቱ ወይውን ብህያውነቱ መንነቱ ክገልጸ ከሎ ነፍሲ እናበለ ዘቕረቦ ሓያለ ስፍራታት ኣለው።ሰብ ነፍሲ ተባሂሉ ኣሎ ።ሰብ መንፈስ እዩ ዝብሉ ሰባት፧ 'ሰብ ነፍሲ ኣለዎ' ዘይኮነ፧ 'ሰብ ነፍሲ እዩ' እንተ ዝብሉ እዚ ሓቂ ክኸውን ይኽእል።ነዚ ንምንታይ ኣይብሉን፧ ግዳ እቲ ቃል ነዚ እዩ ዝብል።1ቆሮ.15:45 ከምኡ ድማ፧ *"እቲ ቐዳማይ ሰብ፧ ኣዳም፧ ህያው ነፍሲ ኾነ፧ ዘብል ጽሑፍ እዩ፧ እቲ ዳሕራይ ኣዳም ህያው ዚገብር መንፈስ ኮነ።"*።ይብል።ዘፍ.2:7 ውን ብዕብራይስጥ ብቐጥታ ነዚ እዩ ዝብል።(וַיְהִי הָאָדָם לְנֶפֶשׁ חַיָּה׃ዋይሂይ ሃኣዳም ልኔፌሽ ካያህ)።ከምዚ ናይ'ዚ ቃል ኣካይዳ እንተ ከይድና ሰብ ህያው ነፍሲ ኮነ ስለ ዝተብሃለ ነፍሲ እዩ ማለት ይክኣል። ኣባሃህሉኡ ነፍሲ ዘለዎ ሰብ ወይውን ህያው ዝኾነ ሰብ ማለት እንተ ኾነውን ሰብ ነፍሲ እናተብሃለ ብዙሕ ተጻሒፉ እዩ።ግናኸ፧ ነፍሲ ክብል ከሎ ውን ህይውነቱ ምግላጹ እምበር ሰብ ንሱ ጥራይ እዩ ማለት ኣይኮነን።መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ሰብ መንነት ንምግላጽ ዝተጠቀመሎም ቃላት ሰንጠረዥ እናሰራሕና ንሰብ ፈላሊና ናይ ስሕተት መለለይ ፈጢርና ክንህብ የብልናን።ሰብ ሰብ እዩ።ስጋ፧ ነፍሲ፧ መንፈስውን በዚ ሰብ ዝተብሃለ ክቡር ኣካል ይርከቡ።ሰብ ግን ክጅመር ከሎ ክውዳእ ከሎ ውን ሰብ እዩ።

ነፍስን መንፈስን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ናይ ውሽጢ መንነትና ዘርኢ ገላጺ ቃል እዩ።ኣብ ሓድ ሓደ ቦታ ፈላሊዩ የቕምጥም፧ ኣብ ካልእ ቦታ ንቲ ሓደ ንበይኑ ከም ዘይቁሳዊ መንነትና ገላጺ ገይሩ የርኢ። ንኣብነት፧-

ዮው.10:11፥ *"እቲ ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ። እቲ ሕያዋይ ጓሳ ህይወቱ (ነፍሱ) በጃ ኣባጊዑ የሕልፋ"*።ይብል።

1ዮው.3:16፥ *"ንሱ ንህይወቱ (ነፍሱ) ኣብ ክንዳና ሰለ ዘሕለፈ፡ በዚ ንፍቕሪ ንፈልጣ አሎና። ንሕናውን ኣብ ክንዲ ኣሕዋት ህይወትና ከነሕልፍ ይግብኣና እዩ"*።

ያዕ.2:26፥ *"እምብኣርከ ሲጋ ብዘይ መንፈስ ምዉት ከም ዝኾነ፡ ከምኡውን እምነት ብዘይ ግብሪ ምውትቲ እያ"*።እዚ ብኣምሓርኛ ነፍሲ ይብሃል እምበር ኣብ ናይ መጀመሪያ (ብግሪኽ) ቃሉ መንፈስ እዩ።

ግ.ሃዋርያ.20:10፥ *"ጳውሎስ ወሪዱ ኣብ ልዕሊኡ በጥ በለ፡ ሐቕፍዎ ኸኣ፡ነፍሱ ኣብኡ ኣላ እሞ፡ ዋይዋይ ኣይትበሉ፡ በሎም"* ።

ናይ ነፍሲ መንነት ምርኣይ፥ 'ሰብ መንፈስ እዩ' ብሃልቲ ስሕተት ዝበለጸ ይገልጾ።ነፍሲ እንታይ እዩ፤ ነፍሲ ብእብራይስጥ נֶפֶשׁ ኔፍሸን፥רוּחַ ሩዋኽ፥ ብግሪኽ ψυχή ፕሱኬ ብዝብል ቃላት ተወኪሎም ኣለው። ነፍሲ ብቐሊሉ ከም ክፍሊ ኣካላት በሊዕና እኔሄ እዚ እዩ እንብሎ ነገር ብዘይምኳኑ"ሰብ መንፈስ እዩ" ብሃልቲ ብቐሊሉ መራቐቕን መስሓትን ገይሮም ኣለዎ።ባዕሎም ሓላሊኾም ናይ'ቲ ዝተሓላለኸ ፈታሕቲ ገይሮም ንርእሶም ሸይሞም ኣለው።ነፍሲ ስምዒት ፍቓድን ፍልጠት ጥራይ ኣይኮነን።ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ነፍሲ ንህይወት ይውክል፥ እዚ ዘይርኤ ረቂቕ መንነትና ህያዋን ኮይና ብኣካል ሲጋ ምእንቲ ክንመላለስ ዝገብረና እስትንፋስ እዩ። ነፍሲ እስትንፋስ ወይውን ህይወት ዘለዎ ፍጡር የርኢ።ንፍጡር ህያው ዝገብሮ ናይ ፍጡር ዘይረኤ ረቒቕ መንነት እዩ።ሰብ ክመውት ከሎ፥ እስትንፋስ ክትወጽእ ከላ (ብእብራ-ይስጥ גָּוַע ጋዋዕ) ነፍሱ ሃበ ወይውን ነፍሱ ጠፊኣ ይብሃል፥ ካብዚ ህያው ካብ ዝገብሮ ረቂቕ መንነትውን ይፍለ፥ ሲጋውን ሬሳ ይኸውን፥

ንኣብነት፥ ዘፍ.2:7:19፥ 9፡4-16፥ ዘዳ.19:21፥ 27:25፥ እያ.10:40፥ ወ.ዘ.ተ።

ኣብ ብሉይ ኪዳን ነፍሲ ነዚ ናይ ህያውነት መግለጺ ጥራይ ዘይኮነ ምሉእ ንዝኾነ ሰብ ውን ይውክል።ሰብ ጠቕላላ መንነቱ ነፍሲ እናተብሃለውን ተጸዊዑ እዩ።መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ሓድ ሓደ ቦታታት ጠቕላላ ንሰብ ነፍሲ ይብሎ።ነፍሲ ክብሎ ከሎ ግን ኣካል ዘይብሉ፥ ስጋ ዘይኮነ ነፍሲ ማለቱ ዘይኮነ ንህያው ሰብ ክገልጽ ዝተጠቀመሉ ኣገላልጻ እዩ። ንኣብነት፥-

ዘጽ.1:5፥ *"ካብ ሕቑ ያእቆብ ዝወጹ ኹላቶም ሰብዓ ነፍሲ ነበሩ። ዮሴፍ ድማ ኣብ ግብጺ ነበረ።"* ።እዚኦም ነፍሳት ዝተብሃሉ ሰባት እዮም እምበር ስጋን መንፈስን ዘትብሎም ነፋሳት ኣይኮኑን።

ዘፍ.46:15፥ *"እዚኣቶም ንያእቆብ ኣብ ጳዳን-ኣራም ዝወለደትሉ ደቂ ልያ እዮም፡ ዲና ድማ ጓሉ። ኣወዳቱን ኣዋልዱን ኩሎም ሰላሳን ሰለስተን ነፍሲ።"*

ዘፍ.46:18፥ *"እዚኣቶም ደቂ ዚልጳ፡ እታ ላባን ንጓሉ ልያ ዝሀባ፡ እዮም። እዞም ዓሰርተው ሹድሽተ ነፍሲ ንያእቆብ ወለደትሉ።"*

ዘፍ.46:22፥ *"እዚኣቶም ንያእቆብ እተወልዱሉ ደቂ ራሄል፡ ኩሎም ዓሰርተው ኣርባዕተ ነፍሲ እዮም"*

ዘፍ.46:25፥ *"እዚኣቶም ደቂ ቢልሃ፡ እታ ላባን ንራሄል ጓሉ ዝሀባ፡ እዮም። እዚኣቶም ኩሎም ሾብዓተ ነፍሲ ንያእቆብ ወለደትሉ።"*

ዘዳ.10:22፥ *"ኣቦታትካ ሰብዓ ነፍሲ ኸለዉ፡ ናብ ግብጺ ወረዱ፡ ሕጂ ኸኣ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ምብዛሕካ ኸም ከዋኽብቲ ሰማይ ገበረካ"።*

እያ.8:25፧ *“እዮም በታ መዓልቲ እቲኣ ዘወደቑ ኽሎም፡ ካብ ሰብኣይን ካብ ሰበይትን ኮሎም ሰብ ዓይ፡ ዓሰርተው ክልተ ሽሕ ኾኑ”።*

ኣብ እያ.10:28-39፧ **ነዮም ውሽጢ ከተማታት ዝነበሩ ነፍሳት ብስሕለት ሴፍ ከም ዘጥፍእዎም ተጻሒፉ ኣሎ።ንኣብነት፡***“እግዚኣብሄር ንላኪሽውን ኣብ ኢድ እስራኤል ሀቡ ብኻልኦይቲ መዓልቲ ሓዙ ከምቲ ኽሉ ንሊብና ዘገበሮ፡ ንእኣን ኣብኣ ንዘለዉ ኽሎም <u>ነፍሳትን</u> ከኣ ብስሕለት ሴፍ ቀተሉ።”* **“ብስሕለት ሰይፊ ዝሃረምዎ ንነፍሶም ድዩ፧ ወይስ ንኣካላቶም፡ ስጋኦም፧” ግልጺ እዩ ነፍሳት ክብል ከሎ ሰባት ማለቱ እዩ።ከምዚ ዝበሉ ሓያለ ጥቕስታት ኣብ ውሽጢ ቃሉ ይርከቡ።**

ኤር.52:29-30፧ *“በታ መበል ዓሰርተው ሾሞንተ ዓመቱ ንነቡካድነጻር ካብ የሩሳሌም ሾሞንተ ሚእትን ሰላሳን ክልተን <u>ነፍሲ</u> ማረኸ። 30 በታ መበል ዕስራን ሰለስተን ዓመቱ ንነቡካድነጻር ድማ ናቡዘራዳን ሓለቓ ዘብዔኛታት ካብ ኣይሁድ ሾብዓተ ሚእትን ኣርብዓን ሓሙሽተን <u>ነፍሲ</u> ማረኸ። ኩሉ እቲ ሰብ ኣርባዕተ ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን እዩ።”* **።**

እዚኦም ምሉእ ኣካላዊ መንነት ዘርእዩ እዮም።እዚኦም ኣብ ላዕሊ ዝርኣናዮም ጥቕስታት ናይ ሰብ፧ ስምዒት፡ ፍቓድ፡ ፍልጠት፡ ምዝራቦም ኣይኮነን።ንሰብ ብምሉእ መንነቱ ምዝራቦም እምበር።ኣብ ሓድሽ ኪዳንውን ከምኡ እዩ።ነፍሲ ዝተብሃለ ናይ ግሪኽ ቃልψυχή ፕሱኬ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ልዕሊ 90 ግዚያት ተጠቒሱ ኣሎ።እዚኦም ነፍሲ ናይ ሰብ ህያውነትውን (ረቂቕ ወይውን መንፈሳዊ (ቁሳዊ ዘይኮነ) መንነትውን፧ ምሉእ ኣካላዊ መንነትውን ይወክል።ካብ መንጎ ምሉእ መንነት ዝገልጹ ንኣብነት፧-

ግ.ሃዋርያት 2:41፧ *“እዮም ሸዑ ዘረባኡ ባህ ኢሉዎም እተቕበሉ ተጠምቁ። በታ መዓልቲ እቲኣ ኣሰታት ሰለስተ ሽሕ <u>ነፍሳት</u> ናብታ ማሕበር ተወሰኻ።”*

ግ.ሃዋሪያት 27:37፥ *"ኣብታ መርከብ ዝነበርና ኹላትና ኸኣ ክልተ ሚእትን ሰብዓን ሹድሸተን ነፍሲ ኢና።"*

ሮሜ.13:1፥*"ብኣምላኽ ዘይኰነስ ስልጣን የልቦን፡ እቶም ዘለዉ ስልጣናት ከኣ ብኣምላኽ እተሰርዑ እዮም እሞ፡ ነፍሲ ወከፍ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ስልጣን ዘለዎ ይገዝኣዮ"*። ነፍሲ እዩ ይገዛእ ዝተብሃለ እምበር ስጋ ኣይብልን እዩ'ሞ ብስጋይ ዝፈተኽዎ ምግባር እኽእል እየ ተባሂሉ ብስጋኡ ገበን ክሰርሕ ዝፈቱ መንፈስ እየ ብሃሊ የለን።ነፍሲ ክብል ከሎ ንሓፈሻዊ ሰብ እዩ።

ነፍሲ ሓፈሽኡ ናይ ሰብ ኩለትና ነፍሲ እናተብሃል ኣብ ውሽጢ መጽሓፍ ቅዱስ ተጻሒፉ ይርከብ ።ነፍሲ ሓፈሻዊ ሰብ ጥራይ ዘይኮነ ዘይቁሳዊ ወይውን ረቂቕ መንነቱውን ወይውን ህያውነት የርኢ።ኣብ ዝሓለፈ ብሞዴል ሓደ ዝርኣናዮ ናይ'ዚ ሓሳብ ትርኢት ነፍሲ ወይውን መንፈስ ወይውን ነፍስን መንፈስን (ነፍፈስ) ናይ ውሽጡ መንነትን ወይውን ህያው ነትና ዘርኢዮ ገላጺ ቃል ምኳኑ ርኢና ነይርና።

ነፍሲ ወይውን ነፍሳት ክብል ከሎ ካብ ስጋ ዝተፈለዩ፥ ካብ ስጋ ብሞት ዝተፈለዩ ሰባት ነፍሳትውን ይገልጽ።ነዚ ዘርእዩ ጥቕስታት ኣለው። ንኣብነት ራእ.6:9፥ *"ነቲ ሓምሳይ ማሕተም ምስ ፈትሖ ኸኣ፡ ነፍሳት እቶም ስለ ቓል ኣምላኽን ስለቲ ዝነበሮም ምስክርን እተሐርዱ ኣብ ትሕቲ መሰውኢ ርኤኹ"*።ይብል።እዚኦም ነፍሳት ካብ ስጋ ዝተፈለዩን ትንሳኤ ገና ዘይተጎናጸፉ ኣብ መንጎ ሞትን ትንሳኤን ዝርከቡ ነፍሳት እዮም።ነዚ ዝርኣየ ዮውሃንስ ኣብ ራእይ እንተ ኾነውን እዚኦም ነፍሳት ህያዋን ምኳኖም ግልጺ እዩ።እዚኦም ነፍሳት ኣብ ምድሪ ኣብ ዝነበሩሉ ግዜ ምስክር ወይውን ሰማእታት ዝኾኑ ሰባት እዮም፥ ብዓቢ ድምጺ እናጨርሑ ብዛዕባ ሕነ ምፍዳይ ወይውን መቕጻዕቲ ይሓቱ፥ ጻዕዳ ክዳን ተዋሂብዎም ውን ይብል፥ ኣብኡ ራእ.6:10-11።እዚኦም ኣብ መንጎ ሞትን ትናሳኤን ዘለው ናይ ነፍሲ መንነት እዩ፥ ህያውነት፥

ምዝራብ ምኽኣል፧ ስምዒትን ፍትሒ ምሕታት፧ ዘረጋግእ ነገር ምስማዕን ምቕባልን ምኽኣል የርኢ።እዚ ብዙሕ ዘይተጽሓፈልና ናይ ሰብ ኣብ መንጎ ሞትን ትንሳኤን ዝርከብ መንነት እዩ።

መንፈሳት ክብል ከሎ ንሰብ መንፈስ ማለቱ ገይሮም ዝወሰድዎ ኣለው። ገለ ገሊኦም ኣብ ዕብ.12:23 “*ናብ ጉባኤ ኾሉ፧ ናብ ማሕበር እቶም ኣብ ሰማያት ተጻሒፎም ዘለዉ በኾራት፧ ናብ ኣምላኽ ፈራድ ኮሉ፧ ናብ <u>መናፍስቲ</u> እቶም ፍጹማን ጻድቃንን*” ተባሂሉ ንዝተጽሓፈ፧ “እነሆ፧ መናፍስቲ ይብል፧ ስለዚ ሰብ መንፈስ እዩ” ይብሉ።እዉ መናፍስቲ ይብል እዩ፧ ግን ናይ ምንታይ መናፍስቲ እዩ ዝብል፧ ናይ ጻድቃን መናፍስቲ ወይውን ናይ ዝጸደቑ ሰባት መናፍስቲ እምበር ጻድቃን ዝኾኑ ወይውን ዝጸደቑ መናፍስቲ ማለቱ ኣይኮነን።ስለዚ እዚ መንፈሳት ዝብል ሰብ መንፈስ ምኻኗ ኣይምስክርን እዩ።የግዳስ እቲ መንፈስ ናይ ጻድቃን መንፈስ ወይውን ኣብ ውሽጢ ጻድቃን ዘሎ መንፈስ ምኻኑ እዩ ዝዛረብ።ሰብ መንፈስ ዘይኮነ መንፈስ ኣብ ውሽጢ ሰብ ዘሎ፧ ናይ ሰብ ዝኾነ ምኻኑን እዩ ዘርኢ።

ሰብ መንፈስ እዩ እንተ ኢልና፧ መንፈስን ሰብን ማዕረ እዮም እናበልና ኢና።ሰብ ነፍሲ ኣለዎ እንተ ኢልና መን እዩ ነፍሲ ዘለዎ፧ እቲ ሰብ ድዩ ወይስ እቲ መንፈስ እዩ ነፍሲ ዘለዎ፧ ኣብ ውሽጢ ስጋ ዝሓድርከ መን እዩ፧ እቲ መንፈስ ድዩ ወይስ እቲ ሰብ እዩ ኣብ ውሽጢ ስጋ ዝሓድር፧ ኣብ ውሽጢ እንተ ኾይኑ ስጋኡ ቆፎ ጥራይ እዩ ማለት እዩ። ንስጋ ዘለና ኣረኣእያ ስጋ ቆፎ ጥራይ እዩ፧ ወይውን ኣብ ናይ መጀመርያ ትምህርቲ ከም ዝርኣናዮ (ክዳን ቱታ) ጥራይ እዩ እንብል እንተ ኾይና እግዚኣብሄር ንኣዳም ክፈጥር ከሎ ነዚ ቆፎ ሓዲጉ ወይ ሰንዲዩ ክፈጥሮ ኣይክእልን ነይሩ፧

እግዚኣብሄር ንሰብ ክፈጥሮ ከሎ ሰብ እምበር መንፈስ ኮይኑ ክነብር ከም ዘይፈጠሮ ክንፈልጥ ኣለና።ኣዳም ኣብ ሓጢያት እንተ ዘይወድቐ

ነይሩ'ኮ በዚ ውሽጢ ቀፎ፧ በዚ ክዳን (ቱታ)፧ በዚ ኣካል ንዘልኣለም ክነብር ነይሩ ዝተፈጠረ ።።ነዚ እንተ ዘይፈሊጥናዮ ንፍለጦ፧ እንተ ረሲዕናዮ ንዘክሮ ።።ኣዳም ኣብ መጀመርያ ክፍጠር ከሎ ሰብ ብምኻኑ ምኽንያት ክመውት ዘኽእል ፍጡር እንተ ኾነውን ንኽመውት ግን ኣይነበረን ዝተፈጠረ።።ክመውት እንተ ዘይነይሩ ድማ እቲ ሰብነቱ ዘልኣለማዊ ክኾነሉን ዘኽእል ኣካል ነይሩ ማለት እዩ።።ድሕሪ ትንሳኤ ውን እኮ ኣካል ክህልዎና እዩ።።እቲ ኣካል መንፈሳዊ ኣካል ይብሃል፧ እቲ ኣካል ካብ ካልእ ቦታ ዝፍጠር ኣካል ዘይኮነ እዚ ሰብነት፧ እዚ ሕጂ ዘለናዮ ዝተፈጠርናሉ ኣካል፧ ንሶም ክዳን (ቱታ) ዝብልዎ እዩ ዘይመውት ዘይብስብስ ኮይኑ ዝትንስእ።። *“ነፍሳዊ ሲጋ ይዝራእ፧ መንፈሳዊ ሲጋ ይትንስእ።። ነፍሳዊ ሲጋ ኻብ ዚህሉ፧ መንፈሳዊ ሲጋውን ኣለ።።”* (1ቆሮ.15:44)።።

1ጴጥ.3:18-19፧ *“ክርስቶስ ድማ፧ ናብ ኣምላኽ ምእንቲ ኬቕርበና ኢሉ፧ ንሱ እቲ ጻድቕ ሰለቶም ዓመጽቲ ሓንሳእ ሰለ ሓጢኣት ሞተ፧ ብሲጋ ሞተ፧ ብመንፈስ ግና ህያው ኮነ።።19 ብእኡ ኸይዱ ድማ ነቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘነበሩ መናፍስቲ ሰበኾሎም”* ።።ይብል።።ነፍሳት ዝብል እዚ ቃል ነፍሳት ዘይኮነ መናፍስቲ(πνεύμασιν) ዝብል እዩ እዚ ጥቕሲ ሰብ መንፈስ እዩ ዝብሉ ሰባት ኣድሚቕም ዝጠቕሰዎ ቃልውን እዩ።።ሰብ መንፈስ እዩ ዝብልዎ ሓሳብ ብኸፊል ዘኽፈል ይመስል።።

በዚ ቃል ነፍሳት ወይውን መናፍስቲ ማለቱ ሰብ መንፈስ እዩ ዝብል ትምህርቲ ዘይድግፍ ከም ዝኾነ ንምርዳእ ሊቃውንት ክንከውን የብልናን፧ ጎይታ ነዚኦም ሰባት ዝሰበኾ፧ *“ብሲጋ ሞተ ብመንፈስ ግን ህያው ኮነ”* ተባሂሉ እዩ።።ስለዚ ሰባኺ ጎይታ ብመንፈስ ህያው ምኻኑ ናይ መንፈስ ህያው ምኻን ብመንፈስ ቅዱስ ህያው ምኻኑን ወይውን ካብ ምውታን ምትንሳኡ ምዝራቡ እዩ።።እምበር መንፈሱ'ሞ ኩሉ ግዜ ህያው እዩ።።መንፈስ ኣይመውትን እዩ።።ሰብ መንፈስ

ዘይምኻኑ እንፈልጠሉ ሓደ ነጥቢ ሰብ መዋቲ ብምኻኑ እዩ።ናይ ክርስቶስ መንፈስ ኣይመውትን እዩ።ንይታ ካብ ምውታት ምትንሳኡ ንመጽሓፍ ቅዱስ ናይ መንፈስ ቅዱስ ስራሕ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ኣብ ውን ናይ ርእሱ ወልድ ውን ስራሕ ይገብሮ፧ ሮሚ.6:4፧ ዮው.2:18-22።

እዚ ዝኾኖ ድሕሪ ሞቱ ከም ዝኾነ የረጋግጸልና።ብልክዕ ምዓስ ምኻኑ ኣይገልጸልናን እዩ።ቅድሚ ትንሳኤ እዩ እንተ በልና'ኳ ዝተሰበኸሎም ነፍሳት ወይውን መንፈሳት ብስጋ ዘይኮኑ ምውታን እዮም ማለት እዩ። ናይ ሰባት መንፈሳት ወይውን ዝተኣሰሩ መልኣኽቲ ክኾኑ ውን ይኽእሉ እዮም። ወይውን ኣብ ታሕቲ ብዛዕባ ኖህ ዘመን ስለ ዝዛረብ ንምውታን ዘይኮነ እዚ ቃል ኣብ ዝተጽሓፈሉ ግዜ ብህይወት ንዘየለው፧ ምውታት ንዝነበሩ፧ ኣብ ናይ ኖህ ዘመን ግን ህያዋን ንዝነበሩ ምዝራቡ እዩ ዝብሉ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መምሃራን ኣለው።እዚ እንተ ኾይኑ ድማ መንፈሳት ዝብል ኣገላልጻ ኣብ ልዕሊ ነፍሳት ዝብል ብዝርኣናዮ ኣካይዳ ክፍታሕ ይኽእል።ንምሉእ ሰብ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ነፍሲ እናተብሃለ እዚ ቦታውን ነቲ ምሉእ ሰብ መንፈስ ኮይኑ ክርኤ ማለት ንኽእል ኢና።ወንጌል ሰባት ምእንቲ ክድሕኑ ንህያዋን እዮ'ሞ ዝተሰበኾ፧ ድሕሪ ሞት ፍርዲ እምበር ካልእ ዕድል ዘይምህላው ቃሉ ብግልጺ ይነግረና፧ ዕብ.9:22።

ኣቐድም ኣቢሉ ከም ዝበልክዎ፧ መንኑትና እንተ ዘይፈሊጥና ካልኡት ዝብሉና ኮይና ክንርከብን ዝህቡና መለለይ ተቐቢልና ክንኮኖ ኢና። መንፈስ ኢኻ ክብሉና ክብሉን ከለው መንፈስ፧ ኣምላኽ ኢኻ ክብሉና ከለው ኣምላኽ፧ ሓሰኻ ኢኻ ክብሉና ከለው ሓሰኻ፧ ሰይጣን ኢኻ ክብሉና ከለው ሰይጣን፧ ንሰኽን 'ኣብን' ሓደ ኢኹም ክብሉና ከለው ኢና፧ ኣይከብድን እዩ።ኬነት ኮፕላንድ እግዚኣብሄር ንሰማያት ብስድሪ ኣጻብዕቲ ኢዱ ብዛዕባ ዝለክዓሉ ኣለኻኽዓ ብጸወታ መልክዕ ድሕሪ ምዝራቡ እግዚኣብሄር ምስ ናቱ ቁመና መጠን ከነጻጽር ከሎ ከምዚ

ኢሉ ነይሩ፧ "....He is very much like you and me.…A being that stands somewhere around 6.2, 6.3 that weight of a couple of hundred pounds: little better,[and] has [hand] span nine inches across" **ኢሉ ኣሎ።።ትርጉሙ፧ “ንሱ 'እግዚኣብሄር' ልክዕ ከማይን ከማኻን ማለት እዩ።።....ቁመቱ** 6 **ጫማን ካብ** 2 **ወይ** 3 **ኢንች**(1**ሜትሮን ምስ** 90)፧ **ክብደቱ ናብ** 200 **ፓውንድ** [90 **ኪ.ሎ**) **ኣከባቢ እዩ፧ ዘሓሸ መስፈሪ ክህብ፧ ናይ ሰድሪ ኣጻብዕቱ ቁመት ናብ** 9 **ኢንች** [23 **ሳ.ሚ**] **እዩ ።።” ኢሉ ኣሎ።።**

ኮፕላንድ ንእግዚኣብሄር ቁመቱን ክብደቱን ከምኡውን ሰማያት ብዛዕባ ዝለክዓሉ ሰድሪ ኣጻብዕቲ ኢዱ ንውሓት መለክዒ ንምሃብ ንጽሸር ዘካየዶ ምስ ርእሱ ኮፕላንድ ምስ ዝብሃል ሰብ እዩ።።ናይ ርእሱ ቁመትን ክብደትን ሰድሪ ኣጻብዕቲ ድሕሪ ምልክዑ ናይ እግዚኣብሄር ክብደት፧ ቁመት፧ ናይ ሰድሪ ኣጻብዕቱ ንውሓት ካብ ናቱ ቁሩብ ኣብልጾ ኣቢሉ ማለት እዩ ግምቱ ዝተዛረበ።።እሱ ርእሱ ካብ ኣግዚኣብሄር ንእሽተይ ኣንኢሱ ወይውን ንእግዚኣብሄር ካብ ርእሱ ካብ ኮፕላንድ ኣዚዩ ንእሽተይ ጥራይ ኣብሊጹ እዩ ዓቕኑ ዘቕመጠ።።ናይ እግዚኣብሄር ‘ክላስ’ ምኻኑ ውን ከምዚ ይገብር እዩ።።ነዚ እዩ ናይ ቃል-እምነት ደቂየ ትምህርቲ ደውያን ክርስትያናት ኣብየ ምዓልቲ እናፈጠረ ዘሎ።።

ምዕራፍ 16
መስሓትያን ንስሓ ክኣትዉ የብሎምን ድዩ፧

ኣብ ልዕሊ ስሕተት ስሕተት፧ ንሰባት ኣብ ልዕሊ ምስሓት ምስሓት ክዉሰኹ ከለው ፍርሃት የብሎሙን። ስንብድ ኣይብሉን እዮም። መስሓቲያን ንስሓ ዘይኣትው ምግጋዮም እንተ ኣሚኖም ዝሃንጽዎ ሳዕሪ ዘይብሉ ብጭቃ ዝተለበጠ ግድግዳ ስለ ዝፈራሸኾም እዩ። ንብዙሓት ብዘየዋላውል መገዲ ክንገርም ከሎ፧ ኣቐዲሞም ዝበልዎ ነገር ስሕተት ከይበሉ ብኻልእ ይቐይርዎ።ዝለስለሰ መስሓቲ ቃላት ፈጢሮም ዲፕሎማሲያዊ ቋንቋ ብምጥቃም ኣብቲ ኬላ ከይተፈተሹ ንኽሓልፉ ጻዕሪ ይገብሩ።

እዚ ትምህርቲ ብተኸታተሊ ብቪድዮ ከቕርብ ድሕሪ ምጅማረይ ሒደይ ዘይኮነ ቪድዮታት ካብ ዩቲይብ ተእሊዮም እዮም።ንኣብነት፧ “ሰብ መንፈስ እዩ፧ ነፍሲ ኣለዎ፧ ኣብ ውሽጢ ሲጋ ይሓድር” ዝብል ናይ ፓስተር ዶ/ክ ቶሎሳ ትምህርቲ ዝተዘርግሓሉ ቪድዮ ኣብ ስፍርኡ የለን።ለጣፊ ብሰራት ብዚየን እዩ፧ ኣልዒልዎ ኣሎ፧ ንምንታይ፧ ምናልባት ኣልዕሎ ተባሂሉ ይኸውን።ንምንታይ፧ ስሕተት ስለ ዘለዎን ስም ንምሕላው እዩ።ይገርም እዩ! ስም ድዩ እዩ ክሕሎ ዘለዎ፧ ወይስ ስሕተት እዩ ክዕረ ዘለዎ፧ ሰባት ብስሕተቶምን ንሰባት ብምስሓቶም ክሕተቱ ኣይደልዩን እዮም፧ ንስሓ ምእታው ይሕምሞም፧ መልሲ ምሃብ ድማ የፍርሖም እዩ።ድማ፧ ስሕተቱ ኣብ ኣደባባይ ተለጢፉ ኣሎ’ሞ እቲ ሃቂ ከይግለጽ ክገብሩ ኣይክእሉን እዮም።ስለዚ፧ምእላይ መፍትሒ ይመስሎም።

ነብያት ሓሶት ኩሎም ዝገብሩ ነዚ እዩ።ዝተጋገይሉ ነገር ተጋግየ እየ ኣይብሉን፧ ንነገሩ ተጋጊዮም ዘይኮነ ፈሊጦም እዮም ዘደናግሩ ፧ ስለዚ ተጋጊና ክብሉ ኣይክእሉን።ስለዚ ሓሊኾም የወርድዎ።ካልኡት እንተ

ድኣ ሰቒሎሞ ድማ ተኸራኺሮም ተላዚቦም ከም ዝወርድ ይገብርዎ። ትምህርቲ ድማ ካብዚ ዝብእሰውን ፈሊጦም ዝገብርዎ ነገር እዩ። ተዳሊዮም ዘስተምህርዎ ነገር እዩ እምበር ብድንገት ዝብልዎ ነገር ኣይኮነን።ስለዚ፧ ቀሺ ዶ/ክ ፓስተር ቶሎሳ፧ 'ሰብ መንፈስ እዩ፧ ነፍሲ ኣለዎ፧ ኣብ ውሽጢ ስጋ ይሓድር' ዝበሎ ናይ ቃል-እምነት ናይ ስሕተት ትምህርቲ መብርሂ ምንጩውን እንተ ዘረድእ ጽቡቕ ይመስለኒ፧ ቪድዮ ኣብ ክንዲ ምእላይ።ግን እንኮብሮ ኣብ 21 ክፍለ ዘመን ምኻኑ ንሶም ቅድሚ ኑቲ ቪድዮ ምእላየም ካልኡት ዳውሎድ ገይሮም ኣብ መኽዘን ከም ዘቕምጥዎ ምሕሳብ እንተ ዝኽእሉ ጽቡቕ እዩ።

ናይ ቃል-እምነት ትምህርቲ ቃል-እምነት ዝተብሃለ ምኽንያት፧ እንዛረቦ ቃል ናይ ምፍጣር ሓይሊ ኣለዎ ካብ ዝብል ዝስሓተ ትምህሮቶም ምኻኑን ኣቐድም ኣቢልና ርኢና ኢና።እግዚኣብሄር ውን እኮ ቃሉ ሰማይን ምድሪ ዝፈጠረሉ ስለ ዝኣመነ እዩ ይብሉና።እግዚኣብሄር ንቃሉ ስለ ዝኣመነ! እግዚኣብሄር ካብኡ ዝወጽእ፧ እሱ እንተ ዘይሃሊዩ ነይሩ ክወጽእ ዘይክእል፧ እሱ ብምህላው ምኽንያት ዝወጸ ቃሉ ስለ ዝእመነ! ይገርም እዩ! እግዚኣብሄር እንተ ዘይህሉ ነይሩ'ኮ ቃሉ ኣይመስሃለዎን ነይሩ።ነዚ ምፍላጥ ከም'ዚ ከቢድ ክኸውን ኣይነበሮንን።ናተይ ቃል ካባይ ዝወጽእ እዩ።ኣነ ቅድሚ ቃላይ እዩ፧ ኣነ እንተ ዘይህሉ ቃለይ ኣይምስ-ሃለዎን።እሞኸ ድኣ ኣነ ድሕረይ ዝመጸ፧ ኣነ እንተ ዘይነበር ዘይህሉ ቃለይ ኣነ ዝኣምኖ ከመይ ገይሩ እዩ፧ ንሰብ ናብ እግዚኣብሄርነት ብራኸ ክሰኞሉ ከለው፧ እግዚኣብሄር ናብ ተራ ሰብ ምውራዶም ከይፈለጡ ተራፎም ኣይኮነን። ከይፈለጡ ተራፎም ነይሮም እንተ ዝኸውን ንምምላስ ግዜ ምስኮኖሎም ነይሩ።ካብዚኣም ሰባት ብስሕተቶም እናብኣሱ ዝኸዱ እምበር ካብኡ ዝምለሱ ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ እዮም።

እግዚኣብሄር ዝፈጠሮም ነገራት ዝፈጠሮ እምነት ስለ ዘለዎ ኣይኮነን። ንእምነት ንምልምማድ እምነት ዝገብረሉ ኣካል ክህሉ ኣለዎ።ካብቲ

ኣማኒ ዝልዓለ ዝኾነ ኣካል ክህልው ኣለዎ።እግዚኣብሄር እሱ ባዕሉ ንበይኑ እዩ እምነትና ንገብረሉ ናይ እምነትና መዕረፊ ኣምላኽ እምበር፧ ንሱ እግዚኣብሄር እምነቱ ዘዕርፈሉ ካልእ ዝኾነ ኣካል የለን፧ ኣይድልዮንውን። ንሱ ኣማኒ እንተ ኾይኑ ዝኣምኖ ኣምላኽ የድልዮ እዩ ክንብል ኢና።ወይውን ንሕናውን እንብሎ ቃል ከም እግዚኣብሄር እንተ ኣሚና ንፈጥር ኢና እንተ ኢልን ንሕናውን እግዚኣብሄር ኢና ክንብል ኢና።ፈጣሪ ኢና'ኖ! እዚ እዩ ስሕተቶም።እዚ ስሕተት ምእማን ምቕባል ይግብኣም ነይሩ።

ብዛዕባ እዚ ጉዳይ Dave Hunt ዝተብሃለ ናይ ክርስትና መኹተ ጽሓፊ፧ እዚ እግዚኣብሄር ነገራት ዝፈጠሮ ብናቱ ቃል ስለ ዝኣመነ እዩ ዝብል ኣበሃህላ ኣስተምኽንያዊ ዘይምኹን ድሕሪ ምዝርዛሩ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፧–

“ንኣብነት፧ ‘ብርሃን ይኹን....ምድሪ ሳዕርን በብዓይነቱ ዝህብ ዘርኢ ብቑሊ ተብቅል....’ ክብል ከሎ ዝተፈጸመ እግዚኣብሄር ስለ ዝተዛረበ ዘይኮነ እቲ ዝተዛረበ እግዚኣብሄር ስለ ዝነበረ እዩ።ብዘይካ እግዚኣብሄር ካልእ ሰብ ተመሳሳሊ ቃላት ክንዲ ዝደልዮ ግዜ እንተ ደጋገመ ዋላ ሓንቲ ኣይፈጥርን እዩ።ብተወሳኺ ውን፧ እግዚኣብሄር ንፍቓዱ ጥራይ (ቃል ከይተዛረበ ማለት እዩ) ነገራት ክፈጥር ወይውን ምግባር ይኽእል እዩ፧ ናይ ግድን ክዛረብ የብሉን። እቲ ሓይሊ ዘሎ ኣብ ውሽጢ እግዚኣብሄር እምበር ኣብ ውሽጢ ቃል ኣይኮነን።” [18]

ነገራት ዝተፈጠሩ እግዚኣብሄር ስለ ዝተዛረበ ዘይኮነ እቲ ዝተዛረበ እግዚኣብሄር ብምኹኑ እዩ።እዚ ትምህርቲ ሓድሽ ዘይምኹኑ እዚ ቅድሚ 30 ዓመታት ኣቢሉ ዝተሓተመ ናይ Dave Hunt መጽሓፍ ይምስክር።እዚኣም፧ ‘መናፍስቲ ኢና’ ዝብሉ ሰባት ገለ ገሊኣም ከይተ ወለዱ ከለው፧ ገለ ገሊኣም ገና ጥጦ ክድርብዩ ከለው ዝተጽሓፈ መጽሓፍ እዩ። ብእግዚኣብሄር ዝተፈጠሩ ነገራት፧ ሰማይ፧ ምድሪ፧ ኣየር፧

ባሕሪ፡ ኣቑጽልቲ፡ እንስሳታት፡ ኩሎም ዝተፈጠሩ እግዚኣብሄር ቃል ስለ ዝተዛረበ ዘይኮነ (ብርግጽ ቃል ተዛሪቡ እዩ ዝፈጠሮም) እዚኦም ነገራት ዝተፈጠሩ ነቲ ቃል ተዛራቢ ንሱ እግዚኣብሄር ስለ ዝኾነ እዩ! ነዚ ኣይንረስዕ።ንሱ እግዚኣብሄር ስለ ዝኾነ እንተ ደሊዩ ብድምጺ ወይውን ብምልክት ተዛሪቡ፧ እንተ ደሊዩ ከይተዛረበውን ክፈጥር ይኽእል እዩ።ሓሲቡ ጥራይ ውን ክፈጥር ይኽእል።ከይሓሰበ ውን ክፈጥር ይኽእል።

ንሕና ድማ ሰባት ስለ ዝኾና፧ መደብናውን ናይ ሰብ ስለ ዝኾነ ክንዛረብ ዉሂልና እንተ ሓደርና ውን እንተ ሓገና እንተ ከረምና ዋላ ሓንቲ ኣይንፈጥርን ኢና።ቀስ ኢልና ዓው ኢልና እንተ ተዛረብና ውን ኣይንፈጥርን ኢና።ብእንፈልጦ ቋንቋውን፧ ብዘይንፈልጦ ልሳውን እንተ ተዛረብና ውን ኣይንፈጥርን ኢና።ንሕና ፈጣሪ ኣይኮናን።ንሕና ናይ እግዚኣብሄር 'ክላስ' ኣይኮናን።'ሰብ መንፈስ እዩ፧ ሰብ እግዚኣብሄር እዩ' ብሃልቲ ካብ'ዚ መስሓቲያን ምኻን እንተ ዝምለሱ ከመይ ጽቡቕ ነይሩ።

እዚ ንሶም ተዛሪብካ ወይውን ኣሚንካ ምፍጣር ዝክኣል እንተ ዝኸውን ነይሩ ናይ ቃል-እምነት ሰበኽቲ ዝደለየዎ እናፈጠሩ ናይ ምስኪናት መቐነትን ቦርሳን ጆባን ካብ ምዝማት ኣፎምን ኢዶምን ምስ ኣከቡ ነይሮም።ናይ ስስዔኦም መለክዒ እቲ ቀንዲ ገንዘብ እዩ፧ ኣይኮነን ድዩ፧ ትምህርቶም ውን ምስ ስሙ ናይ ገንዘብ ወይውን ናይ ብልጽግና ወንጌል እዩ ዝብሃል፧ ኣይኮነን ድዩ፧ ስለዚ ገንዘብ ምፍጣርን ብሳንዱቑን ከረጺትን ክመልኡ ይኽእል ነይሮም'ኮ! እንታይ ኮይኖም ድኣ ዘይገበሩ፧ ነቢዩ ሓሶት ጨፋ ሓደ ምዓልቲ ብር ከም ዝፈጥር ሰቢኹ ድራማ ተሰሪሑ።ሓንቲ የዋህ ሓፍቲ ኣብ ውሽጢ ቦርስኣ ዘይሓዘዮ ገንዘብ ብር ምርካባ መስከረት።ግን የዋህ ሓፍቲ ዘይኮነት ወይ ዝተደናገረት እያ፧ ወይውን ንሳውን ናይ'ቲ ድራማ ተዋሳኢት ዝኾነት ኣደናጋሪት እያ! ጥራይ እንታይ ይገበር፧ ኣብ ልዕሊ ብር ዝፈጠረሉ ናይ ቪድዮ ክሊፕ

ናይ ህንጻ መስርሒ መሬት ንመግዘኢ 4 ሚሊዮን ብር ከም ዘድልዮ ልመና ኣቕሪቡ ናይ ኣካውንቱ ቁጽሪውን ጽሒፉ እምበር! ማይ ክውሰኾ ከሎ! ካልእ ጀይ ጨሮ ዝተብሃለ ነቢዩ ሓሶት ካብ ውሸጢ ምንጻፍ ቀርሽታት ‘ፈጢሩ’ ነበረ።እዚ መስሓቲ ጥራይ ዘይኮነ ምድንጋራውን ምኻኑ ፈሊጦም ንስሓ እንተ ዝኣትው ክንደይ ጽቡቕ ነይሩ!

እዚ ምድንጋር ምኻኑ እንፈልጦ፧ እግዚኣብሄር ኣደናጋሪ ብዘይምኻኑ እዩ።እግዚኣብሄር ናይ ሰብ ናይ ብር ከርስን ቦርሳን ንምምላእ ናይ ሃገር ቁጥባ ዝዕቢ ናይ ሓሶት ገንዘብ (Forged Money) ዝሰርሕ ኣምላኽ ኣይኮነን እዚ ባህሪኡ ኣይኮነን።ካልኣይ፧ ንሕና ኣይንፈጥርን፧ ዘየለ ነገር ካብ ዘይምህላው ናብ ምህላው ኣየነምጽን ኢና፧ ነዚ ክገብር ዝኽእል እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ።ንሕና ሰባታን ፍጡራን ኢና።ኣርባዕተ ነጥቢ። ንሕና ሰባት ኢና፧ ንሕና ኣምላኽ ኣይኮነን።

ኮፕላንድ ናይ እግዚኣብሄርን ሰብን ሓደ መደብ (ክላስ) ምኻኑ ክዛረብ ከሎ፧ "God's Reason For Creating Adam Was His Desire To Reproduce Himself...Adam Is As Much Like God As Jesus.…Adam ,In The Garden of eden ,was God Manifested in the flesh". ትርጉም፧ “እግዚኣብሄር ንኣዳም ዝፈጠረሉ ምኽንያት ርእሱ ከራብሕ (ምብዛሕ፧ ምምራት፧ ምስራሕ፧ ምውላድ፧ ምፍጣር፧ ኮፒ ምግባር በልዎ) ደሊዩ እዩ።ኣዳም ልክዕ ክንዲ የሱስ ዝኣክል ከም እግዚኣብሄር እዩ።ኣብ ኤደን ገነት ዝነበረ ኣዳም ማለት ብሲጋ ዝተገለጸ እግዚኣብሄር እዩ።” [19] እግዚኣብሄር ርእሱ ከባዝሕ ከሎ፧ ከራብሕ ከሎ ነዚ ምሕሳብ ዘደንቕ እዩ። እዚኣም ሰባት ኣብ ውሸጢ ዘፍጥረት ሓደን ክልተን ዝርኤይ እግዚኣብሄር ብናይ ርእሶም መልክዕን ምስልን ፈጢሮም ኣለው።

ቅሩብ ጸለል ዘብሎም ከም ሃይሉ ዮውሃንስ ዝበሉ ሰባት፥ ‘we are exactly like God’ ዝብል መፈክር እዚ እዩ።ዘፍ.1:26 እግዚኣብሄር በለ፥ *“ኣምላኽ ከኣ፥ ብመልክዕና ኸም ምስልና ሰብ ንግበር፡ ንዓሳ ባሕርን ኣዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኮሉ ለመምታን ይግዛኡ፡ በለ።”* እግዚኣብሄር ኮፕላንድ ከም ዝሓስቦ ‘ርእስና ብመልክዕና ከም ምስልና ንፍጠር’ ኣይበለን።ርእስና እንተ ኢሉ እሞ ‘ብመልክዕና ምስልና’ ኣይብሃልን እዩ። ርእሱ እዩ’ያ ዝራባሕ።እዚ ዘፍጠጠን ጥረ ስሕተት ጥራይ ዘይኮነ፥ ሓደገኛ ስሕተት እዩ።ካብ ከምዚ ዝበለ ስሕተት ምምላስ እንተ ዝኾነልኩም ክንደይ ሰናይ ነይሩ!

መስሓቲያን ኣምሓርኛ ተዛረብቲ ኮይኖም ብኣምሓርኛ ዘይጥቀሙ ንምድንጋር እዩ። 'We Are Exactly Like God' ማለት ምሉእ ብምሉእ፥ ሚኢቲ ካብ ሚኢቲ፥ ልክዕ ከም እግዚኣብሄር ኢና ማለት እዩ።እዚኣ ምሉእ ንምሉእ ሚኢቲ ካብ ሚኢቲ ንኣምሓርኛ ተዛረብቲ ብኣምሓርኛ ክትንገር ከላ ትርብሽ እያ።ስለዚ ብልሳን እንግሊዝ ሓላሊኾም ናይ መደናገሪ ርችት ቶኪሶም የምልጡ። ብምንታይ የዋቕዐ፧ ብምንታይ ንሓሶት ሓቂ የምስሉ፧ ብእንግሊዝ ዝዛረቡሉ ካልእ ምኽንያት፥ ኣቐዲሙ ከም ዝበልክዎ ዝሰምዕዎ ብእንግሊዝ ስለ ዝኾነ፥ እኒ ኮፕላንድ፥ ሃገን ናይ እንግሊዝ ተዛረብቲ ስለ ዝኾኑ፥ ንዕኡ ከም ሕንጻይ ፓፓጋሎ ምድጋሞም እዩ።ካልእ ድማ ብምንታይ ፈላጣት ይመስሉ፧! ብምንታይ ዝረቐቐ፥ ዝተራቐቐ ካብ ተራ ኣማኒ ዝርሓቐ ኣሰትምህሮ ይፈጥሩ፧ ነዚ’ዩ ብኣምሓርኛ እናስተምሃሩ እንግሊዝ ዝሕውሱ።

ምዕራፍ 17
መደምደሚ፥ ሰብ ሰብ እዩ፥ ሎሚ ጽባሕ ንዘልኣለም

ንሕና እግዚኣብሄራት ዘይኮና እግዚኣብሄር ብመልክዑ ብምስሉን ዝሰርሓና ሰባትን ጥራይ ኢና።ፍጡራን ኢና።እዚ ፍጡርነት ወይውን ሰብ ምኻን፥ ልክዕና እዩ።ዘይበዝሓና፥ ዘይንእሰና፥ ሰራሒና፥ ፈጣሪና ኩሉ ዝፈልጥ እግዚኣብሄር ብፍልጠቱ ብጥበቡ ዝፈጠሮ መንነትና እዩ፥ ካብዚ ካልእ ዝበለጸ ወይውን ዝንኣሰ ገይሩ ክሰርሕና እንተ ዝፈቱ ምስ ገበሮ ነይሩ።ግን ሰብ ገይርና።ሰብ ኢና።ኣቐድም ኣቢልና ከም ዝርኣናዮ፥ ሰብ ምኻና ዝምኣሰ መንነት ምኻኑ ሰይጣን ነይሩ ነቶም ናይ መጀምርያ ወለድና ኣብ ኤደን ገነት ዝነገሮም።ሎሚ ውን ሰብ ኣይኮንን መናፍስቲ ኢና፥ ኣማልኽቲ ኢና ዝብሉ ናይ መን ጥሩምባ እናነፍሑልና ምኻኑ ይረድኣና።ናይ ሰይጣን መቓልሓት እናኾኑ እዮም።

ኣብ ገነት ኤደን ሰይጣን ዝበሎ፥ *“እቲ ተመን ድማ ነታ ሰበይቲ፡ ኣይፋልኩም፡ ኣምላኽ ደኣ ካብኣ ምሰ እትብልዑ መዓልቲ ኣዒንትኹም ከም ዚኽፈታ፡ ከም ኣምላኽውን ከም እትኹኑ፡ ጽቡቕን ክፉእን ከኣ ከም እትፈልጡ፡ ሰለ ዘፈለጠ እዩ እምበር፡ ኩዑ ኣይትሞቱን ኢኹም፡ በላ።”* ነበረ። ዘፍ.3:5። ሰይጣን፥ ‘ከም እግዚኣብሄር’ ዝብል መስሓቲ ወሲኹሉ እምበር ናይ እታ ኦም ፍረ'ኮ ጽቡቕን ክፍኡን መፍለጢ ምኻኑ ኣቐዲሙ ተነጊሩ'ዩ። ዘፍ.2:9 ን 17 ነዚ ብግልጺ ይዛረብ እዩ። ‘ከም እግዚኣብሄር ክትኮኑ’ ብማለት ግን ካብ ምምሳል ዝሓለፈ እዩ'ሞ ናይ ምምሳል ወይውን ናይ መልክዕን ምስልን ዘይኮነ ናይ ምኻን ድሌት ተኺልሎም።ሎሚውን፥ ‘ከም እግዚኣብሄር ዝኾና፥ ናይ

እግዚኣብሄር ክላስ' ዝብሉ ናይ መን መግሱዕ እናግሰው ከም ዘለው ኣይንዘንግዕ።

ሰብ ኣብ ስጋ ይሓድር ክብሉ ከለው ኣብ ውሽጢ ስጋ ዝሓድር መንፈስ ዘብሉ ሰባት መንፈስ ናብ ዝኾነ እግዚኣብሄር ብምጽጋዕ መለኮት ንምጉንጻፍ ምጽዓሮም እዩ።ሰብ መለኮት ኣይኮነን፧ ሰብ ሰብ እዩ።ክቡር ሰብ። ዘይኮኖ መለኮት ክኸውን ዝፈተነ ሓደ ነይሩ፧ ኮኾብ ጽባሕ ይብሃል።እሱውን ወዲቑ፧ እሱ ዘይኮኖ መንነት ሸው ኣብ ገነት ኤደን ዝጀመረ ንሰብ ናይ ምሙልኳት ጻዕሪ ሎሚውን ይገብር ኣሎ። በዉጺኢቱ ከምኡ ዝወደቑ ኮይኖም ምእንቲ ክተርፉ እምበር ከም ዘይኮኑ፧ ሰይጣን ዝፈልጦ ድማ ብኻልእ ብማንም ዘይኮነ ብናይ ርእሱ ተሞኩሮ እዩ።

ሰብ ከም መልክዕ እግዚኣብሄርነቱ በዚ ኣካል ከሎ ሰብ እዩ፧ እዚ ኣካሉ ፍጥረታዊ ኣካል ይብሃል።ኣብ ትንሳኤ ውን ኣካል ዝኸውን፧ ካብ ምውታት ዝትንስእ ኣካሉ ሰብ እዩ።ኣብ ትንሳኤ ውን መንፈስ ኣይከውንን፧ ኣካል ይህልዎ፧ እቲ ኣካል መንፈሳዊ ኣካል ይብሃል። *"ነፍሳዊ ሲጋ ይዘራእ፧ መንፈሳዊ ሲጋ ይትንሰእ። ነፍሳዊ ሲጋ ኻብ ዚህሉ፧ መንፈሳዊ ሲጋውን ኣለ።*" (1ቆሮ.15:44)።ድሕሪ ትንሳኤ ውን ኣካል ኣሎ።እቲ ኣካል መንፈስ ኣይብሃልን እዩ ሰብ ይብሃል እምበር። መንፈሳዊ ኣካል ይብሃል እምበር መንፈስ ኣይብሃልን።

እቲ ንዘልኣለም እንነብረሉ ኣካልና'ኳ መንፈስ ኣይብሃልን እዩ። ራእ.21:3 ከምዚ ይብል፧ "*ካብቲ ዝፋንውን ዓው ዝበለ ድምጺ፧ እንሆ <u>ድንኳን ኣምላኽ ምስ ሰብ</u>፧ ንሱውን ምሳታቶም ኪነብር እዩ፧ ንሳቶም ከኣ ህዝቡ ኪኾኑ እዮም፧ ኣምላኽውን ባዕሉ ምሳታቶምን ኣምላኾምን ኪኸውን እዩ።*"።ናይ እግዚኣብሄር ድንኳን ኣብ ማእከል ሰባት ክሓድር ይብል እምበር ኣብ ማእከል መንፈሳት ክሓድር ኣይብልን እዩ።ኣብ ትንሳኤ ዝትንስእ ካልእ ዘይኮነ እዚ ሕጂ ዘሎ ኣካል እዩ ተለዊጡ

ዝትንስእ።መንፈሳዊ ኣካል እምበር መንፈስ ግን ኣይኮነን፥ ሕጂ ጥራይ ዘይኮነ ድሕሪ ትንሳኤውን ሰብ ምኻና ይቕጽል እምበር ናይ እግዚኣብሄር 'ክላስ' ሕጂ ኣይኮናን፥ ድሓርውን ኣይንኸውንን።ባህርን መንነትን ፍልልይ ኣለዎም ካብ መለኮታዊ ባህሪ ተማቕልቲ ምኻን መለኮት ወይውን መለኮታውያን ኣይገብረናን እዩ።እዚ ኣቕድም ኣቢልና ብሰፊሑ ርኢናዮ ኢና።ናይ ሰብ ሰብነት ወይውን ናይ ሰብ መንነት፥ መን ምኻኑ ዘልኣለማዊ እዩ።

እዚ ሓሳብ ክድምድሞ ከለኹ ነዚ ክብል።እዚ ሰብ መንፈስ እዩ፥ ነፍሲ ኣለዎ ኣብ ውሽጢ ስጋ ዝነብር ዝብል ትምህርቲ ሓድሽ ትምህርቲ ኣይኮነን፥ ሕልኽላኽ ክኸውን ዝገበርዎ ውን ምርቓቕ ኣይኮነን፥ ንሰብ መንፈስ ኢኻ እንተ ኢሎሞ ድሓር ኣምላኽ ኢኻ ንማለት ምርኩስ ከቕብሉ ከለው እዩ። 'ንሰብ መንፈስ እዩ' ዝብሉን ዘብልዎን 'ሰብ መንፈስ ስለ ዝኾነ፥ ሰብ እግዚኣብሄር እዩ' ተባሂሉ ንኽርኤ እዩ።ነዚ ዘስተምህሩ ሰባት ሓደስቲ ይኾኑ እምብር እዚ ምህሮ፥ ዝነበረ፥ ዝኣረገ፥ ዝተደላደለ፥ ዕድመ ዝጸገበ፥ ብዙሕ ኣሸሓት ዓመታት ዘቐጸረ እዩ። ምንጩ ውን ገነት ኤደን እዩ።ጀማሪኡ እቲ ተመን ዝተብሃለ ሰይጣን እዩ።እዚ ትምህርቲ ገና ካብ ናይ መጀመርያ ወለድና ጀሚሩ ነበረ። ዝኣረገ ግን ድርዕትኡ ኣሕዲሱ ዝመጸ ኣጋንንታዊ ምህሮ እዩ።

እዚኣም ንሰብ መንፈስ እዩ ዝብሉ ሰባት ኣቕበልቲ መንፈስ እዮም። ዘይረኽብናዮ ፍሉይ መንፈስ ንኽቕብሉና ዝጽዕሩ ሰባት እዮም። ብኡውን ካልእ የሱስ ከቕብሉና ዝጽዕሩ ሰባት እዮም።ኣብ 2ቆር.11:3-4 ብዘለው ቃል ክውድእ፥ *"ግናኸ ከምቲ ተመን ብጉርሑ ንሄዋን ዘስሓታ፥ ከምኡውን ሓሳብኩም ካብቲ ናብ ክርስቶስ ዘኽውን ገርህትን ንጽህናን ምናልባሽ ከይጥፍእ እፈርህ ኣሎኹ። 4 ሰለዚ ሓደ እኳ፥ ንሕና ዘይሰበኽናዮ፥ ካልእ የሱስ እንተ ሰበኸ፥ ወይስ ንስካትኩም ዘይተቕበልኩምዎ ኻልእ መንፈስ እንተ ተቕበልኩም፥ ወይስ*

ዘይረኽብኩምዎ ኻልእ ወንጌል እንተ መጸኩም፡ ጸቡቕ ትዕገሰዎ ኣሎኹም።”

ካልእ የሱስ፣ ካልእ መንፈስ፣ ካልእ ወንጌል ኣሎ።ንኽምዚኦም ዝበሉ ስሕተታት ኣይንትዓገስ።

መገናዘቢ (Footnote)

1). Hagin, Kenneth E. Man of Three Dimensions Kenneth Hagin Ministries Inc. Tulsa, OK. 1973. P. 8.

2). Kenyon, The Bible in the Light of Our Redemption pp.17-18, emphasis original. Kenyon's Gospel Publishing Society, 3rd printing, 1969 (posthumously edited and compiled by Ruth Kenyon Housworth) Lynnwood, WA.

3). Exodus TV Show፡ https://www.youtube.com/watch?v=DaSXi8EKlKk

4). ፕሮፌሰር ፍቅሬ ቶሎሳ ጂግሳ፥ የኦሮሞ እና የአማራ እውነተኛ የዘር ምንጭ ፥ Nebadan Publications 2008 ዓ. ም. አዲስ አበባ፤ ገጽ 140-44 እና 268-71።

5). "Suffer the Children" (DVD) a Trevor Glass film, 2006; Accessed from Spiritwatch Ministries on YouTube: https://www.youtube.com/watch?v=2X5dpfzXUus)

6).ለተነሱብን ጥያቄዎች ምላሽ፤ በሚል ርእስ ባዕድ-ቅይጡ ወንጌል ለተሰኘው ዘጋቢ ቪድዮ ምላሽ ሲሰጥ ባደረገው ቃለ ምልልስ ላይ። ምንጭ፤ https://www.youtube.com/watch?v=uW3bi-uIuus እና https://www.youtube.com/watch?v=wVsAweQt6xY ይገኛል።

7). **እላይ የተጠቀሰው የቃለ ምልልስ ቪድዮ ውሰጥ።**

8). **የብልጽግና ወንጌል፤ ግርማዊ፤ ገጽ** 156-161።

9).https://www.youtube.com/watch?v=s07c4jE1wDw **እና** https://www.youtube.com/watch?v=rLfSANxxvVY

10). ***መንፈስ ቅዱስና ካሪዝማዊ ቀውሶችን በነጻ ከዚህ ማውረድ*** http://www.goodamharicbooks.com/library?id=107

11). **ደስታ ተክለ ወልድ፤ ገጽ** 535።

12). **ከላይ የተጠቀሰው፤ ገጽ** 162።

13).**ኪዳነ ወልድ ክፍሌ፤ ገጽ** 371።

14) David Guzik's Commentary on the whole Bible; electronic version.

15). Copeland, K. Our Covenant with God, Harrison House, Tulsa OK. 1976. p. 9. **እላይ የተጠቀሰው ገጽ** 10።

17).**በካሴት የተሰራጨ ትምህርቱ፤** Copeland, Spirit, Soul and Body I, side 1.

18).Beyond Seduction, pp. 55-56.

19). **በካሴት የተሰራጨ ትምህርቱ፤** Copeland, Following the Faith of Abraham I, side 1.

•ግርማዊ፤ የብልጽግና ወንጌል፤ አዲስ አበባ፤ 2000 **ዓ.ም።**

•ዘላለም መንግሥቱ፥ ሰው ምንድርነው? ሰው መንፈስ ነው? ሰው ትንሽ እግዜር ነው? ወይስ ሰው ሰው ነው? የመጽሐፉ ዋና ምንጭ የሆነው የቪድዮ ተከታታይ ትምህርት፤ 2020**።**

•ክፍል አንድ፤
https://www.youtube.com/watch?v=bdJAtfPPVwk
•ክፍል ሁለት፤
https://www.youtube.com/watch?v=Sbw16fJP0nc
•ክፍል ሦስት፤
https://www.youtube.com/watch?v=9KeVAI-uHpk
•ክፍል አራት፤
https://www.youtube.com/watch?v=Xv1aU00N_xU
•ክፍል አምስት፤
https://www.youtube.com/watch?v=PR2W01Wab_k
•ክፍል ስድስት፤
https://www.youtube.com/watch?v=YjyCEau9hLY
•ክፍል ሰባት፤
https://www.youtube.com/watch?v=xK2BSEElE7c

•ኪዳነ ወልድ ክፍሌ፤ መጽሐፈ ሰዋሰው ወግስ ወመዝገበ ቃላት ሐዲስ፤ አርቲስቲክ ማተሚያ ቤት፤ አዲስ አበባ፤ 1948 **ዓ. ም.።**

•ደስታ ተክለ ወልድ፤ ዐዲስ ያማርኛ መዝገበ ቃላት፤ አርቲስቲክ ማተሚያ ቤት፤ አዲስ አበባ፤ 1962 **ዓ. ም.።**

•ጳውሎስ ፈቃዱ፤ ደ'ሞ የእግዚአብሔር አቻ ሆንን!? መጣጥፍ።

•ፍቅሬ ቶሎሳ ጂግሳ፤ ፕሮፌሰር የኦሮሞ እና የአማራ እውነተኛ የዘር ምንጭ ፥ Nebadan Publications 2008 ዓ. ም. አዲስ አበባ፤ ገጽ 140-44 እና 268-71።

• Copeland, Spirit, Soul and Body I, side 1. በካሴት የተሰራጨ ትምህርቱ።

•Copeland, Following the Faith of Abraham I, side 1. በካሴት የተሰራጨ ትምህርቱ።

•Copeland, K. Our Covenant with God, Harrison House, Tulsa OK. 1976.

•Exodus TV Show፡ https://www.youtube.com/watch?v=DaSXi8EKlKk

•Guzik, David. David Guzik's Commentary on the whole Bible; electronic version.

•Hoekema, Anthony A. Created in God's Image, Wm. B. Eerdmans Publishing Company, 1986. Database 2009 WORDsearch Corp. Electronic Version

•Hunt, Dave. Beyond Seduction, Harvest House Publishers, Eugene, OR. 1986.

ብዛዕባ ጽሓፈ

ሓዉና ዘላለም መንግስቱ ዝሓለፈ 35 ዓመታት ጎይታ ክሰዕብን ብወንጌላዉነትን ብናይ መጽሓፍ ቅዱስ ምስትምሃርን ከገልግል ዝጸንሐ ሓዉ እዩ።

ኣብ 1987 ዓ.ም ካብ ኣስመራ ዩኒቨርስቲ ኣብ 24 ዕድሚኡ ብዓውደ እንግሊዝ ቋንቋ ድሕሪ ምምራቑ ናይ ንእስነት ዕድሚኡ ንዕዮ እግዚኣብሄር ክህብ ስለ ዝቐረጸ ንቤተ ክርስትያን ደብረዘይቲ ርእሱን ምሉእ ግዚኡ ሃበ።ተቓናዓሉ ውን።



ኣብ 1991 ዓ.ም ድማ ኣብ ሃገረ ካናዳ ኣብ ትሪኒቲ ዌስተረን ዩኒቨርሲቲ ናይ ትምህርቲ ዕድል ረኺቡ ኣብ 1994 ዓ.ም ድማ ብማስተርሳ ኦፍ ዲቪንቲ ተመሪቑ።

ዘላለም፧ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ክልተ ኣዋልድን እዩ። ሕጂ ምስ ቤተሰቡ ኣብ ኔቫዳ ኣሜሪካ ይነብር ኣሎ።

መንፈስ ቅዱስን ካሪዝማዊ ቅልውላዋትን፡ ንዘምር ወይስ ንድረፍ፡ ናይ ሓሰዉቲ እሳተ ጎመራ፡ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣፈታትሓ ስልቲ ዝብል መጽሓፍቲ ዝጸሓፈ እዩ። መድረኽ እዝራ ዝብል ኣዚዩ ሰፊሕ ትሕዝቶ ዘለዎ መጽሔትውን ኣለዎ።ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መዝገበ ቃላት መጽሓፍ ክኣ ኣብ ምድላዉ ድማ ይርከብ።

ዘላለም መንግስቱ ናይ ስሕተት ምህሮታትን ልምምዳትን ምፍላምን መጽሓፍ ቅዱስ ምስትምሃርን ደስትኡ እዩ።